# ብጽድቂ ምጽናዕ

## ኣብ ናይ ኣባይቲ ጉጅለታት ዚመሃር ትምህርታት

(Bible Study material)

ኤብን-ዔዘር ናይ መሰረት ፊውሲ ቤተክርስትያን
ናይሮቢ፣ ኬንያ

ዓመት 2009

እዚ ጽሑፍ እዚ ብናጻ ኣባዚሕካ ንውልቅን ንጉግለን
ንመጽናዕቲ ክትጥቀመሉ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ምውዓል ግና ፍቑድ ኣይኮነን።

ኤብን-ዓዘር ናይ መሰረት ፈውሲ ቤተክርስትያን
ናይሮቢ ፣ ኬንያ
2009

# መእተዊ

ኤብን ኤዘር ናይ መሰረት ፈውሲ ቤተክርስትያን ሓደ ዓብዪ ራእይ ሒዛ ዝተበገሰት ማሕበር እያ። ከምቲ ኣብ ስም ናይዛ ማሕበር ተጠቒሱ ዘሎ፣ እቲ ራእያ ናይ መሰረት ፈውሲ ንምንጻፍ እዩ ኣብዚ ኣብ ናይ ስደት ምድሪ ኮይና ድማ ነዚ ነገር እዚ ኣብ ፍጻሜ ንምብጻሕ ትጓዩ ኣላ። ከምቲ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ 58፣12 "ንመሰረት ብዙሓት ወለዶ ኸተቅውም ኢኻ" ዚብል ዘሎ ድማ፣ እምንቶና ኣብዚ ምድሪ ጓና ኳንና ሓሳብ ኣምላኽ ዝሰመሮ ናይ ወለዶታት መሰረት ከነንጽፍ እዩ። ኣብ ኩሉ ናይ ህይወት ነገራት ኣብ ኩሉ ጽፍሒ ህይወት ጽድቂ ኣምላኽ ዘለዎ መሰረት ምንጻፍ ከኣ እዩ እቲ ዕላማ። በዚ መሰረት ድማ ኢና ኣብዛ ዓመት ዘሎና ትምህርታት ክንመሃር።

ነዚ ሎሚ ዓመት እነሰላስሎ ዓብዪ ሓሳብ እቲ ኣብ ኢሳይያስ 54፣14 ዘሎ "ብጽድቂ ኽትጸንዒ ኢኺ" ዚብል ኮይኑ፣ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወትናን ኣነባብራናን ጽድቂ ኣምላኽ ክንግንዘብ ኢና። ኣብቲ ጽድቂ ኣምላኽ ዚረኣየሉ ኣኻይዳ ክንጸንዕ፣ ነቲ ጽድቂ ኣምላኽ ዘይብሉ ድማ ካብ ህይወትና ከነወግዶ ኢና። በዚ ኸምዚ ምስቲ ኣምላኽ ክንኮኖ ዚደልየና እናተሰማማዕና፣ ብጽድቂ ኣምላኽ ክንዓቢ ክንጸንዕ ሓቢርና ክንጎዓዝ ኢና።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝነበረና ናይ ሕብረት መዓልታት፣ ሸውዓተ ኣርእስታት ኢና ርኢና። ኣብኡ ድማ ምስ ኣምላኽን ምስ ካልኦትን ከምኡውን ንሕና ንባዕልና ከመይ ኢልና ክንመላለስ ከምዚግበኣና ብምስትንታን ብዙሕ ተማሂርናን ዳህሲስናን። ኣብዛ ዓመት ድማ ከም ፍቓድ ኣምላኽን ከም ጸግኡን ካብዚ ሸውዓተ ብዙሕ ዘይተፈልየ ግን ከኣ ንብዙሕ ክፋል ናይ ህይወትና ዚትንክፍ ኣርእስታት ኣልዒልና ክንመሃር ኢና። ኣብ ኩሉ ኸኣ ነታ "ብጽድቂ ምጽናዕ" እትብል ሕመረት ናይ ሓሳብና ክነስተብህላ ይግበኣና።

እተን ኣብዛ ዓመት እንርእየን ሸውዓተ ኣርእስታት እዘን ዚስዕባ እየን፣-

- ቀዳምነት ንኣምላኽ
- ስድራቤት ኣምላኽ
- ወንጌል መንግስቲ
- ሓሳብ ኣምላኽ ምህላው /ራእይ/
- ብክርስቶስ ዘሎካ መንነት /ዕንቅፋታት ምስዓር/
- ጥዑይ ስድራቤት
- ፍጻሜኻ ምጽባቕ

ልክዕ ከም ናይ ዝሓለፈ ካብ ነፍሲ ወከፍና ዚድለ ነገር እንተሃልዩ እዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ሕብረት ዝያዳ ንርእስና ዚጠቅም ስለዝኾነ ከየብኮርና ነቲ ትምህርቲ ክንከታተሎ።
- ኣብቲ ዚግበር ምዝርራብ ኩሉ ነፍሲ ወከፍና ክንሳተፍ።
- ዝያዳ ንሕብረትና ዚጠቅም ሕቶታትን ሓሳባትን ከነቕርብ ክንጋደል።
- ደሃይ ሓድሕድና ክንገብር በዚ ድማ ንኣምላኽ ባህ ከነብሎ።

## ሰናይ መጽናዕቲ፣ ኣምላኽ ምስ ሕብረትኩም ይኹን!!

# ቀዳማይ ክፋል
# ቀዳምነት ንኣምላኽ

# ቀዳምነት ንኣምላኽ

## መእተዊ

ብዛዕባ ምስ ኣምላኽ ዚህልወካ ህይወት ክንዛረብ ከለና፣ ብዛዕባ ዝለዓለ መንፈሳዊ ኣርእስቲ ኢና ነልዕል ዘለና። ምኽንያቱ መንፈሳውነት ዝያዳ ኹሉ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ምህላው እዩ። (ዮሃንስ 17፣21) ኣብዛ ኣርእስቲ እዚኣ ድማ ነዚ ሓቂ ኢና ክንርኢ። ሰብ ብሓንሳእ ቀዳምነት ንኣምላኽ ኣይህብን እዩ። ጉዕዞ ክርስትና ኪጅምር ከሎ ንኣምላኽን ንኻልእ ድሌታቱን ሒዙ እዩ ዚጎዓዝ። ዋላኳ ክርስትና መስቀልካ ኣልዒልካ ምጕዓዝ፣ ንኹሉ ካልእ ምጥንጣን እንተኾነ፣ ዋላኳ ክርስትያን ማለት ወደ መዝሙር ክርስቶስ፣ ንክርስቶስ ዚመስል ሰብ ማለት እንተኾነ፣ ሰብ ቀልጢፉ ኪበጽሖ ከሎ ኣይንርእን። ሕጂ ድማ ንገዛእ ርእስና በዚ ክንመዝን ይግበኣና። ብሓቂዶ ንኣምላኽ ቀዳምነት ሂብናዮ ንጎዓዝ ኣሎና? ብሓቂ ክርስትና ንዓና ህይወትና ድዩ ዘሎስ ወይስ መግልጺ እዩ፣ ወይስ እግረመገድና እንመላለሶ ቅዲ ህይወት እዩ? ንርእስና በዚ ክንመዝና ይግበኣና።

## ቀንዲ ሓሳብ

*ቀዳምነት ንመን ትህብ? ንስድራቤትካ፣ ንመቕርብካ፣ ንጉዳይካ፣ ንስራሕካ፣ ንትምህርትኻ? "ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ ...።" (ማቴዎስ 6፣33) ናይዛ ትምህርቲ እዚኣ ቀንዲ ሓሳብ፣ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ዘሎና ቀዳምነታት ከነስተኻኽል ከምዚግብኣና ምዝኽኻር እዩ። ቀዳምነት ንኣምላኽ ምሃብ ማለት ክርስትና ዚጠልቦ ዋጋ ምሃብ ማለት እዩ። ንህይወት ሃዋርያ ዮሃንስ እንተኣጽናዕና፣ ካብኡ ዓብዪ ትምህርቲ ብዛዕባ ቀዳምነት ንኣምላኽ ብዛዕባ "ሕብረት ምስ ኣምላኽ"ን ንመሃር ኢና። ኣምላኽ፣ ኣብኡ ምእንቲ ኽንዓቢ፣ ንኣምላኽ ዝያዳ ምእንቲ ኽንፈልጦ፣ በብቑስ እቲ ክንሓድጎ ዘሎና ኣባን ዘሎ ዘይተሓድገ ነገራት ክንሓድግ ይደልየና። ሽዑ ጥራይ ኢና ብዛዕባ ናብ ኣምላኽ ምቕርብ እንፈጥ። ሽዑ ጥራይ እዩ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና እናፍቕ። (መዝሙር 73፣23-28) እዚ ኻብ ኮነ ግና ህይወትና ብኽመይ ዝበለ መገዲ ኣብቲ ሓቀኛ መንፈሳውነት ንሱ ኽኣ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ደልዲላ ኣላ ርእስና ንመርምር።*

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ዮሃንስ ካብ 1፣2 ክሳዕ 2፣2

ኣብዚ ክፍሊ እዚ ሓፈሻዊ መግለጺ ብዛዕባ ሕብረት ኣማኒ ምስ እግዚኣብሄር ተገሊጹ ኣሎ። ጽማቝ ናይዚ ክፍሊ እዚ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ሕብረት ምስ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ህይወት ምህላው ማለት እዩ
- ሕብረትና ምስ ኣቦን ወዱ የሱስ ክርስቶስን ምኻኑ
- እቲ ኣብ ብርሃን ዘሎ ጥራይ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ከምዘለዎ
- ጥበራ ዚገብር ዋላ እቲ ንርእሱ ዚጥብር ካብ ሕብረት ኣምላኽ ውጹእ እዩ
- እቲ ዚንሳሕ ናብ ሕብረት ይምለስ
- ንሕብረትና ኪመልስ ዚኽእል እቲ ሓደ ጠበቓና የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ

## መዘተዪ ሕቶታት

1. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዝተጠቕሱ ንኣምላኽ ቀዳምነት ዘይሃቡ መነመን ክንጠቅስ ንኽእል? እንታይ ነይሩ ናይዚ ምኽንያት?
2. ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ ኣፍ ልቢ የሱስ ዚጽጋዕ እዩ ዝነበረ፣ ደሓርውን ናብቲ ዝተኣስረሉ፣ ናብ መስቀሉ፣ ከምኡውን ናብ መቓብሩ ዝሰዓበ እዩ። ካብ ህይወቱ ብዛዕባ ቀዳምነት ንጎይታ ምሃቡን ኣብ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ምርዳእን እንታይ ንመሃር?
3. ንኣምላኽ ስለምንታይ ኢና ብዙሕ እዋን ኣብ ህይወትና ቀዳምነት ዘይንህቦ?
4. ብኸመይ ኢና ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕብረት ከነዕሪ እንኽእል?

## መጠቓለሊ

ቀዳምነት ንኣምላኽ ካብ ዘይሃቡ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሰባት ከም እኒ ካህን ኤሊ (1ሳሙኤል 2)፣ በለዓም ወዲ ጺጶር (ዘሁ 22፣24)፣ ሰለሞን (1ነገስት 11)፣ ይሁዳ (ዮሃንስ 17፣12)፣ ሃናንያን ሰጺራን (ግብረ ሃዋርያት 5) ንረክብ። ሃዋርያ ዮሃንስ ግና ብሓቂ ልቡ ንጎይታ እተፈልየ፣ ኣብ መንጎ ጸልማትን ብርሃንን ዘሎ ፍልልይ ዝተረድኦ ነይሩ። ህይወት እንታይ ምዃና ካብ ኣምላኽ ምግላጽ ረኺበ። ንሕብረት ምስ ኣምላኽ ኢሉ ድማ ህይወቱ ወፈየ። ሰብ ግና ብዙሕ ሳዕ ንኣምላኽ ቀዳምነት ኪህቦ ኣይረአን። እቲ ትርጉም ህይወት ዝተረድኦ፣ ፍቕሪ ኣምላኽ ብመንፈሱ ዝፈለጠ ግና ዝያዳ ኹሉ ንሕብረት ምስ ኣምላኽ እዩ ዜናዲ። ነዚ ኽትገብር ሕብረትካ ከተዐሪ እንተ ኾንካ ኣብ ልብኻ ቅንኣት ኣምላኽ ኪህሉ የድሊ። ንኣምላኽ ክትጸምእ ኣሎካ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፣ ኣብ ብርሃን እንተተመላለስና ግና፣*
*ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና፣ ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን*
*ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ።"*
*(1ዮሃንስ 1፣7)*

# ቀዳማይ ትምህርቲ - ንኣምላኽ ምፍላጥ

## መእተዊ

ምስ ዘይትፈልጦ ሕብረት ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ከምቲ ንሰብ ከይፈለጥካዮ ምስኡ ዝኾነ ይኹን ዝምድና ክትገብር ዘይከኣል፣ ንኣምላኽ ከይፈለጥካዮ ድማ ምስኡ ሕብረት ኪግበር ኣይከኣልን። ምስ ኣምላኽ ምምልላስ ካብ ምፍላጡ እዩ ዚጅምር፣ ኣምላኽ ድማ ከም ቃሉ እዩ። (ዮሃንስ 8፤54) ብዙሕ እዋን ክርስትያናት ብዛዕባ መንፈሳዊ ህይወትና ዚህልወና ጌጋ ካብዚ እዩ ዚብገስ። ንኣምላኽ ልክዕ ከም ካልእ ኩሉ ሰብ ኢና "እንፈልጦ"። ከም ሰብና ድማ ንመላለስ። ንኣምላኽ ብኡ ድማ ንጎይታ ከይፈለጥካዮ ምምላስ ግና ዓብዩ ዕንወት እዩ ዜምጽእ። (ዮሃንስ 8፤19) እምበኣርሲ፣ ንኣምላኽ ምፍላጥ ዓሚቝ ሓቂ እዩ እሞ ናይ ዘመን ህይወት ምሉእ ዕዮ (ኣሳይንመንትና) እዩ። ንጎይታ ትፈልጦ ዲኻ/ኺ? ቀሊል ሕቶ ኣይኮነን። ንኣምላኽ ምፍላጥ እምበኣር ወደ መዝሙርነት ይሓትት። ንዕኡ ምፍላጥ ከምታ ኣብ ናይ ዝሓለፈት ትምህርትና ዝረኤናያ "ካልእ ኩሉ ምሕዳግ" ትሓትት። ከመይሲ፣ "ንእግዚኣብሄር ንፍለጦ፣ ንኽንፈልጦ ድማ ንስዓቦ" እዩ ዚብል ቃል ኣምላኽ። (ሆሴእ 6፤3) ንኣምላኽ ምፍላጥ ኪንዮ ውህበት እዩ፣ ጽምኣት ይሓትት፣ ዋጋ ይሓትት እዩ። ኣብርሃም ንኡር ከለዳውያን፣ ሙሴ ንግብጺ፣ እዮብ ንዝነበሮ ኹሉ፣ ነህምያ ቤተ መንግስቲ፣ ደቀ መዛሙርቲ ጎይታ ኩሉ ኪሓድጉ ኣገዲዱዎም፣ ጳውሎስ ድማ ኩሉ ከም ጎሓፍ ኪቖጽር ነይሩዎ። እዚ ኣባና በጺሑ ዚተርፍዶ ይመስለና? ኣይፋሉን፣ ፍልጠት ኣምላኽ ግን ኩሉ እዩ ዜሕድግ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ፍልጠት ኣምላኽ ማለት ፍልጠት ምልኣት ኣምላኽ ማለት እዩ። እዛ ትምህርቲ እዚኣ ነዚ ዓሚቝ ዝኾነ መንፈሳውነት ክንጅምሮ እያ ትነግረና ዘላ። ግናኸ ከም ኣማራጺ ኣይኮነን። ቃል ኣምላኽ፣ እግዚኣብሄር ምስቶም ፍልጠት ኣምላኽ ዘይብሎም ኩሎም ከቢድ ነገር ከምዚገብር ይዛረብ። (ሆሴእ 4፤1) ብርግጽ፣ ሰኣን ፍልጠት ጥፍኣት ይኸውን እዩ። (ሆሴእ 4፤6) ሕጂ ግና ንኣምላኽ ከመይ ዝበለ ኣምላኽ ምዃኑ ክንፈልጦ ዕድል ይህበና ኣሎ። እግዚኣብሄር፣ ንሱ እቲ ጽድቂ ዚፈቱ ዓመጻ ዚጸልእ ከምዘይተለወጠ ክንግንዘብ ይግበኣና። ከምዝደለናዮ ክንመላለስ እዚ መንፈሳውነት ኣይኮነን፣ ቃል ኣምላኽ ንህይወትና ዚዛረቦ ከነስተውዕሎ፣ ንኣምላኽ ድማ ከምቲ ዚግብኦ ክንፈርሆ ሕጂ የድልየና። ነዚ ንምግባር ድማ ዜድልየና ኹሉ ሂቡና ኣሎ። (2ጴጥሮስ 1፤3)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፤- 2 ጴጥሮስ 1፤1-12

ኣብዚ ክፍሊ እዚ ሓፈሻዊ መግለጺ ብዛዕባ ፍልጠት እግዚኣብሄር ተገሊጹ ኣሎ። ምስ ሕብረት ኣምላኽ ዚተሓሓዝ ኮይኑ ጽማቝ ናይዚ ክፍሊ እዚ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፤-

- ጸጋን ሰላምን፣ ንኣምላኽ ብምፍላጥካ ኢኻ እተስተውዕሎ
- እግዚኣብሄር ርእሱ ብምግላጽ እዩ ብፍልጠቱ (ንዕኡ ብምፍላጥና) ጸዊዑና
- ንኣምላኽ ምፍላጥ ናብ ዓሚቝ መንፈሳውነት እትኣትወሉ ቀንዲ መገዲ እዩ
- ፍልጠት ኣምላኽ ብኹሉ መንፈሳዊ ፍረ እናዓበኻ ኣብ እትኸደሉ ኢኻ እትሙክሮ (ቈሎ 1፤10)
- ንኣምላኽ ምፍላጥ ዘይውዳእ እዩ፣ ክሳዕ ናብ መንግስቲ ክርስቶስ እንኣቱ ድማ ይቕጽል

## መዛተዪ ሕቶታት

1. ንኣምላኽ መዓስን ብኸመይን ኢኻ ክትፈልጦ ጀሚርካ?
2. ጎይታ የሱስ ኣብ ዮሃንስ 8፣ ንፈሪሳውያ "ንዓይን ነቦይን ኣይትፈልጡናን ኢኹም" ኢሉዎም። ኣብ ዘመንና ካብዚ ናይ ፈሪሳውያን ሓደጋ፣ ማለት ንኣምላኽ "እፈልጦ" እየ እናበልካ ምስኡ ሕብረት ዘይብልካ፣ ናይ ብሓቂ ዘይትፈልጦ ከይትኸውን እንታይ የድልየካ?
3. ንኣምላኽ ምፍላጥ ዚብል ብዙሕ ክፍሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ፣ ኣምላኽ እንታይ ይመስል?
4. ከመይ ዓይነት ሰብ እዩ ንኣምላኽ ብሓቂ ኪፈልጦ ዚኽእል? (1ቈረ 15፣34)

## መጠቓለሊ

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብብዙሕ መገዲ ርእሱ ገሊጹ ኣሎ። ዝያዳ ኹሉ ብውልቅኻ እዩ ኣምላኽ ርእሱ ዚገልጸልካ፣ ኣብ ውሽጥኻ ኣብ መንፈስካ ወይ ብኣዘራርባ ሰብ ኣብ ሕልናና። ፈሪሳውያን ንኣምላኽ ንፈልጦ ኢና ዚብሉ ዝነበሩ "ብሕጊ" ኢና ንመላለስ ስለዝበሉ እዩ። ሕጊ ኣምላኽ ወይስ ቃል ኣምላኽ ግና ዝያዳ ኹሉ "መንፈስ" እዩ። ከምቲ ጎይታ ዝበሎ "እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት መንፈስ እየን ህይወት'ውን እየን" ኢሉ ኣሎ። (ዮሃንስ 6፣63) መንፈስ ናይቲ ቃል ከይሓዝካ ንኣምላኽ ኣይትፈልጦን ኢኻ፣ ኣምላኽ ከምቲ መንፈስ ናይ ቃሉ እዩ። ንኣምላኽ ክትፈልጦ ድማ ከም ቃሉ ከም ፍቓዱ ከምቲ መንፈሱ ዚብለካ ክትመላለስ የድልየካ። ከመይሲ "ኣምላኽ መንፈስ እዩ" እቲ ብመንፈስ ዚመላለስ ድማ እዩ ንዕኡ ዚፈልጦ። እቲ ከም ሓሳብ ስጋ ዚመላለስ ሰብ ኣይኮነን፣ ብዚረአ ዚመላለስ ኣይኮነን።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንእግዚኣብሄር ንፍለጦ፣ ክንፈልጦ ድማ ንስዓቦ ...።"*
*(ሆሴእ 6፣3)*

# ካልኣይ ትምህርቲ - ንኣምላኽ ምርካብ

## መእተዊ

“ብለይቲ ኣብ ዓራተይ ነቲ ነፍሰይ እትፈትዎ ደሌኽዎ፣ ደሌኽዎ፣ ግናኸ ኣይረኸብክዎን” ኢላ እታ ፍትውቲ። (መሃልየ መሃልይ 3፣1) ነቲ እትፈትዎ ብሓቂ ቀረባኻ ኪኾነልካ ኢኻ እትብህግ፣ ስለዚ ድማ ምድላይ ሓደ ካብቲ እትገብሮ ነገር እዩ። እራብ ማይ ትፈቱ፣ ስለዚ ድማ “ናብ ዓይኒ ማያት ትናፍቕ”። (መዝሙር 4፣1) ሰብ በይኑ ኪነብር ዳርጋ ኣይክእልን እዩ፣ ስለዚ ድማ ኣምላኽ ደጋፊት፣ መናብርቲ ገይሩሉ። ዋላ እቶም ብሕትውና ዝመረጹ እኳ በይኖም ኪኾኑ ኣይደልዩን፣ ናይ ግድነት ብጾት ኣለዉዎም። ክርስትያን ብመንፈሳዊ ልደት ዳግም ምስተወልደ፣ ናይ ውሽጢ ሰብ ኣለዎ። (ቈሎ 3፣9-10) ስለዚ ድማ ምስ መንፈሳዊ ዘመዱ ወይውን መቕርቡ ኪራኸብ ይደሊ። እቲ ዝያዳ ኹሉ መቕርብ ክርስትያን ግና መን እዩ? ብርግጽ እቲ ናይ ሰማይ ኣቦኡ፣ እቲ መጸናንዒ ዚኾኖ መንፈስ ኣምላኽ እዩ። እቲ ናቱ ዝኾነ ድማ ምስኡ ሕብረት ኪገብር ብሓቂ እዩ ኪብህግ ዚግባእ። ከመይሲ፣ ብሓቂ ንዕኡ ዚጸምእ ንዕኡ ዚመስል መንፈስ ኣለዎ። (ቈሎ 3፣9-10/ 1ዮሃ 2፣13-15) ክርስትያን ህይወት ኣምላኽ ኣብኡ ስለዘላቶ ምስ ኣምላኽ ኪራኸብ እዩ ዚደሊ። እምበኣርከ፣ ንኣምላኽ ምርካብ ባህ ዜብል መንፈሳዊ ተሞክሮ ኻብ ኮነ፣ ዓስቡ ድማ ናብ ፍጹም ንጹህ ህይወት፣ ናብ ሓጎስ ምድሓን ዜእቱ ካብ ኮነ፣ የድልየና እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ብዙሕ ሰብ ንኣምላኽ ኪረኽቦ ይደሊ እዩ። ከመይ ጌርና ብምምልላስና ኢና ናብ ሕብረት ምስ ኣምላኽ እንኣቱ? ብኸመይ ኢና ንኣምላኽ እንረኽቦ? ኣብዛ ትምህርቲ እዚኣ፣ ነዚ ናይ ብዙሓት ሰባት መንፈሳዊ ሕቶ ኢና ክንድህሰስ። እግዚኣብሄር፣ “ብኸንቱ ድለዩኒ ኣይበልኩን” ኢሉ ሓደ እዋን ተዛሪቡ። (ኢሳይያስ 45፣19) ግናኸ “ብምሉእ ልብኹም እንተደሌኹምንስ፣ ክትደልዩኒ ኽትረኽቡኒው ኢኹም፣” ድማ ኢሉ ኣሎ። (ኤርምያስ 29፣13) እምበኣርከ፣ ኣምላኽ ይድለ እዩ፣ ይርከብ ድማ እዩ። ንኣምላኽ ምድላይ ግና ሓደ ካብቲ ዓበይቲ መንፈሳዊ ግድላት እዩ። ብቐሊሉ ዚርከብ ቀረባ ኸሎስ፣ ንሕና ክርስትያናት ብዙሕ ኢና ኽንረኽቦ ንጋደል። እዚ ኸኣ፣ ብመገዱ ዘይኮነስ ብመገድና፣ ብናቱ ውዕል ዘይኮነስ ብናትና ኽንረኽቦ ስለንጽዕር እዩ። ንኣብነትና ብዙሓት ናይ ኣምላኽ ሰባት ጉዕዞ ንኣምላኽ ምንዳይ ሓሊፎም እዮም። ገሊኦም ጽቡቕ ተዓዊቶም፣ ገሊኦም ግና ከምቲ መገዲ ኣምላኽ ገይሮም ስለዘየናደዩ ኣይሰለጦምን። እግዚኣብሄር፣ ንኺርከበልና ብርግጽ ድሉው እዩ። ስለዚ ኸኣ እዩ ኣብ ቃል ኣምላኽ “እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ ንሱ ኸምዘሎ ነቶም ዚደልዩዎውን ዓስቢ ኸምዚህቦም ኪኣምን ይግብኦ” ዚብል ዘሎ። (እብራውያን 11፣6) ንኣምላኽ ምንዳይ ኣብ ዓሚቝ እምነት እተምርኮሰ እዩ። ከም ናይ ህጻን ዝበለ፣ ግን ከኣ ዓሚቝ እምነት።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- እብራውያን 11

ኣብዚ ክፍሊ እዚ እንረኽቦ ሓቂ ብዛዕባ እምነት እዩ። ንእግዚኣብሄር ምእማን እቲ ሓቀኛ ምንዳይ ንእግዚኣብሄር እዩ፣ ሰብ ብስምዒት ይመላለስ እዩ። ኣብ ናይ እምነት ነገር ኪበጽሕ፣ ዚረአ ነገር ዘየሎ ክነሱ ንኣምላኽ ኣሚኑ ኪመላለስ ከሎ ግና ብጽሕና ክርስትያን እዩ። ዚበዝሕ ሰብ ኣብዚኣ እዩ ወደ መዝሙርነቱ ዚፍተን። ጽማቝ ናይዚ ክፍሊ እዚ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ኩሉ መንፈሳዊ ነገር ናይ እምነት ነገር እዩ፣ ስለዚ ድማ እዩ "ንዚኣምን ኩሉ ይከኣል እዩ፣" ዝተባህለ (ማርቆስ 9፣23)
- ንኣምላኽ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መወዳእታ ብእምነት ኢ'ኻ ትረኽቦ፣ ካልእ ኣማራጺ የልቦን
- ብዘይ እምነት ንኣምላኽ ኽተስምሮ፣ ክትረኽቦ፣ ምስኡ ሕብረት ኺህልወካ ኣይከኣልን እዩ
- ኩሎም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጀ'ጋኑ ምስጢር ኩሉ ዓወቶም "እምነቶም" እዩ። ብእምነት ምዕባይ ብመንፈሳውነት ምዕባይ እዩ
- መጽሓፍ ቅዱስ እተጻሕፈ ንእምነትና ኺድግፍ እሞ ንኣምላኽ ክንደልዮ ምእንቲ እዩ፣ ከመይሲ ኣምላኽ ንዚደልዮ ይርከብ እዩ

## መዛተዪ ሕቶታት

1. ንኣምላኽ ከምዝረኽብካዮ ርግጸኛ ዝኾንካሉ መዓልታት ትዝክርዶ?
2. ኣብ እብራውያን ምዕራፍ 11 ካልእን ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ናይ እምነት ሰባት ዝያዳ ልብ'ኻ ዚምስጠካ ናይ መን ህይወት እዩ?
3. እምነትካ ካባ'ኻ ዝረሓቐሉ እዋን ይዝከረካዶ? ከመይ ዝበለ ኩነታት ነይሩ?
4. ኣብ ህይወትና ብእምነት ምስ ኣምላኽ ምምልላስ ብኸመይ ኪምዕብል ይኽእል?

## መጠቓለሊ

ክርስትና ናይ እምነት ህይወት እዩ። ብእምነት ድማ ንኣምላኽ ንረኽቦ። እዚ ድማ ኩሉሳዕ ከነስተውዕሎ ዘሎና ነገር እዩ። ንኣምላኽ ከምዝረኽብናዮ ኩሉሳዕ ኪፍለጠና እዩ ዘለዎ እምበር፣ ሓንቲ መዓልቲ ንኣምላኽ ረኺብዮ ክንብል ኣይኮነን ክርስትናና ዚነግረና። ከመይሲ ኣምላኽ ምሳ'ኻ ኽምዘሎ ምእማን እንተኣጕደልካ ጥፍኣት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ግና ንእምነትና ዘበርትዕ ናይ ብዙሓት ሰባት ታሪኽ ህይወት ይነግረና፣ ኣብ ዘይከውን ዚመስል ኩነታት ከይተረፈ ንኣምላኽ ኣሚኖሞ። ብእምነት ንኽትመላለስ ግና ሓደ ካብቲ ዜድሊ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዚብሎ ኩሉሳዕ "ብእምነት ምህላውካ ርእስ'ኻ ምፍታን ርእስ'ኻ ምምርማር" እዩ። (2ቈረንቶስ 13፣5)

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ኼስምርዎ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ፣ ንሱ ኸም ዘሎን ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ኸም ዚህቦምን፣ ኪኣምን ይግብኦ እዩ" (እብራውያን 11፣6)*

# ሳልሳይ ትምህርቲ - ጸሎት

## መእተዊ

ሰብ ብዛዕባ መባእታዊ ህይወት ክርስትና ኪመሃር ከሎ፣ ጸሎት ዚብል ኣርእስቲ ይመሃር እዩ። ግናኸ ጸሎት ዘየቋርጽ ዕዮ ናይ ክርስትያን እዩ። ነዚ ኸኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ "ከየባተኽኩም ጸልዩ" ኢሉ ንሰብ ተሰሎንቄ ዝመዓዶም። (1ተሰሎንቄ 5፣17) ጸሎት ሓደ ካብቲ ምስ ኣምላኽ ሕብረት እንገብረሉ ብእኡ ኣቢልና ድማ ቀዳምነት ንኣምላኽ እንህበሉ መገዲ እዩ። ልክዕ ከምቲ ምስ ቃሉ ሕብረት ክንገብር ከለና ኣምላኽ ንዓና ዚዛረበና፣ ንሕና ድማ ብጸሎት ኣቢልና ኢና ንኣምላኽ እንዛረቦ። ጎይታ ንደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባ ጸሎት ኪምህሮም ከሎ ዝሃቦም ኣርእስታት ጸሎት እንተርኢና፣ ኩሉ ካብ ሰብ ናብ ኣምላኽ ዚዓርግ ውዳሴ፣ ምስጋና፣ ልማኖ፣ ከምኡውን ምእማን እዩ። (ማቴዎስ 6፣9-13/ ሉቃስ 11፣1-4/ ፊልጲ 4፣6) ስለዚ ጸሎት ብመሰረቱ ካባና ናብ ኣምላኽ ዚኸይድ ነገር እዩ። ውጽኢት ናይ ጸሎትና ድማ መልሲ ካብ ኣምላኽ ንረክብ። እዚ ካባና ናብ ኣምላኽ፣ ካብ ኣምላኽ ናባና ዚኸይድ ዑደት ኪፍጸም ከሎ ኸኣ እዩ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ዚህልወና።

## ቀንዲ ሓሳብ

ጸሎት ኢልና ክንሓስብ ከለና ሓደ ካብቲ መጸናንዒ ክፍሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ጎይታ ከምዚሰምዓና ተስፋ ዝሃበና ክፍሊ እዩ። "ኣባይ እንተጸናዕኩም፣ ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተሓደረ፣ እትደልዩዎ ዘበለ ትልምኑ እሞ ይኾነልኩም።" (ዮሃንስ 15፣7) እዚ ኽፍሊ እዚ ከምዜርእየና ዋና ዕላማ ናይ ጸሎት እቲ መልሱ እዩ። ዘይምለስ ጸሎት ወይስ መልሱ ዘይንጽበየሉ ጸሎት ትርጉም ኣይህልዎን። ይንዋሕ ይሕጸር መልሲ ጸሎት ኪህሉ ኣለዎ፣ እንተ ኣዎንታዊ እንተ ኣሉታዊ መልሲ ኪህሉ ኣለዎ። ከመይሲ ኣምላኽ ጸሎት ሰሚዑ ዚምልስ እምበር ትም ዚብል ኣምላኽ ኣይኮነን። (ማቴዎስ 21፣22/ ሉቃስ 11፣9/ ያእቆብ 1፣5-8) ከምኡ እንተኾይኑ እምበኣር ጸሎትና ከምቲ ናይ ፈሪሳውያን ምንዋሕ ዘረባ ዘይኮነስ ዕላማ ዘለዎ፣ መልሲ ድማ ዚጽበ ናይ ልብና ጽምኢ እዩ ኪኸውን ዘለዎ። መቸም ንእነኽብሮ ሰብ ዘየድሊ ነገር ኣይነዕልሎን ኢና፣ ነቦናውን ሃጠውቀጠው ወይ ንሕናውን ዘይንሕዞ ዘረባ ኣይንዛረቦን ኢና። ከመይ ደኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንቀርብ ከለና ዘረባና ቁምነገር ዘለዎ፣ ናይ ውሽጥና ነገር ኪኸውን ዘይግብኦ። (ማቴዎስ 6፣7) ጸሎት ማለት ምዐቀኒ መንፈሳውነት ጌርና ዘይኮንና ክንወስዶ ዘሎና፣ ጸሎት ልብና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣነፍሰሰሉ ምዝርራብ እዩ ኪኸውን ዘለዎ። ብስርዓታዊ ኣጸላልያ ወይስ ብንውሓት ጊዜ ኣይኮንናን ክንዕቅኖ ዘሎና፣ በቲ ክንጽሊ ኸለና ልብና ምስ ኣምላኽ ምሕባሩ ደኣ እምበር።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ማቴዎስ 6፣5-15/ ያእቆብ 5፣13-18

ኣብዚ ክፍሊ እዚ ሓፈሻዊ መግለጺ ናይ ጸሎት ይህበና። ቀዳምነት ንኣምላኽ እንህበሉ መገዲ ድማ እዩ። ጽማቝ ናይዚ ክልተ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ እዚ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ጸሎት ናይ ልቢ ኩነታት እዩ፣ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ምህላው (ምስ ዮሃንስ 15፣7 ኣነጻጽር)
- ጸሎት ብደጋዊ ትሕዝቶኡ ኣይኮነን ተሰማዕነት ዚረክብ፣ ብንጹር ዕላማ ምህላዉ እዩ
- መልሲ ጸሎት ናይ እምነት ሕቶ እዩ። "ከም እምነትካ ይኹነልካ"

- ጸሎት ናብ ኣምላኽ ዝቀንዐ ኮይኑ፣ ክብሩ ምግላጽ፣ ምምስጋን፣ ልማኖ፣ ምሕረት ምሕታት፣ ምእማኑ የጠቓልል
- ናይ እምነት ጸሎት፣ ንሳ ኸኣ ጸሎት ጻድቕ ዕውትቲ፣ እተስልጥ እያ

# መዛተዪ ሕቶታት

1. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዝተመለሰ ጸሎት ናይ መን ትዝክር? ከመይ ዝበለ ጸሎት ነይሩ?
2. ጸሊኹም ዝተመለሰትልኩም ዝዓበየት ኣብ ህይወትኩም እትዝክሩዋ ነገር ኣንታይ ኣላ? ካብዚ ዝተላዕለ ምስ ኣምላኽ ንዝነበረኩም ሕብረት ብኸመይ ጸልያቶ?
3. ናይ ጸሎት ጊዜኹም ብሓቂ ብኸመይ ትግምግምዎ? እንታይ ክተስተኻኽሉሉ ዘለኩም ነገር ኣለኩም?
4. ጎይታ ኮነ ሃዋርያት ብዛዕባ ጸሎት ካብ ዝተዛረብዎ ነገር ኣብ ልብኹም ብዙሕ ቦታ ዝሓዘ ኣሎዶ? እንታይ እዩ?

# መጠቓለሊ

ጸሎት ዕላምኡ ኣብ መልሱ እዩ ኢልና ኣሎና። ዝተመለሰ ጸሎት ካብ ዝጸለዩ፣ ሰለሞን ጥበብ ኪወሃብ ዝጸለዮ (1ነገስት 3፣9-12)፣ ያዕቤጽ ሰለስተ ነገራት ንኣምላኽ ለሚኑዎ (1ዜና 4፣10)፣ ንጉስ ህዝቅያስ ዕድሚኡ ኪነውሕ ዝለመኖ (2ነገስት 20፣1-5) ሃዋርያት ኣምላኽ ትብዓት ኪህቦም ዝለመንዎ (ግብረ ሃዋርያት 4፣24-31) እዚ ኹሉ ጸሎት ተመሊሱ። ጸሎት ከኣ ኣብ ኣምላኽ ንዝሎና ምውካል ዜርኢ ናይ ህይወት ቅዲ ኣነባብራ (ላይፍ ስታይል) እዩ። ስለዚ ኣብ ህይወትና ከም ውሉድ ኣምላኽ እንጽልየሉ እዋን ኪህልወና ይግባእ። ብሓቂ እቲ ንተስፋ ኣምላኽ ዚኣምን ዚጽሊ ሰብ እዩ።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ።"*
*(ፊልጲ 4፣6)*

# ራብዓይ ትምህርቲ - ብዛዕባ ኣምላኽ ምስትንታን

## መእተዊ

ቀዳምነት ንኣምላኽ ምሃብ ብብዙሕ መገዲ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ኣብዛ ክፍሊ ድማ፣ ናይ ምስትንታን ህይወት ሓደ ካብቲ ኣድህቦና ናብ ኣምላኽ እንገብረሉ መገዲ እዩ እሞ፣ ብዛዕባ ምስትንታንን ንምስ ኣምላኽ ዚፈጥረልካ ሕብረትን ክንርኢ ኢና። ብዛዕባ ምስትንታን ክሓስብ ከለኹ፣ ናብ ልበይ ዚመጻኒ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሰብ ይስሃቅ እዩ። "ይስሃቅ ድማ ኣጋ ምሸት ኣብ መሮር ኮይኑ ብሓሳቡ ኼስተንትን ወጺኡ ነበረ።" (ዘፍ 24፣63) ምስትንታን፣ ካብ ዕለታዊ ናይ ሃልኪ ነገር ናብ ልብኻ ኣትምለሰሉ ኣገባብ እዩ። ግናኸ ትም ኢልካ ምሕሳብ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብመሰረት ቃል እግዚኣብሄር ናይ ህይወት፣ መንፈሳዊ ከምኡውን ናይ ኣምላኽ ነገርን ምሕሳብ እዩ። ብኸምዚ ድማ ሓሳብ ኣምላኽ ክትፈልጥን ክትርዳእን ትኽእል። ዳዊት፣ ሓደ ካብቶም ብምስትንታን ዚፍለጡ ናይ ኣምላኽ ሰባት ነይሩ። መዝሙር 119 ንኣብነት መዝሙር ምስትንታን እያ። "ኣእዳወይ ድማ ናብቲ ዘፍቅሮ ትእዛዛትካ ኽልዕል፣ ስርዓታትካ ኽኣ ከስተንትን እየ።" (መዝሙር 119፣48) ካልእ ድማ ኣብ መዝሙር 119፣15, 23, 27, 97,99 ከምኡውን እያሱ 1፣8 ንርአ። ምስትንታን ዓብዪ መንፈሳዊ ነገር እዩ። ጎይታ የሱስ ንባዕሉ ምስትንታን ካብቲ ዜዘውትሮ ዝነበረ እዩ፣ ንኣብነት ድሕሪ ሞት ዮሃንስ መጥምቕ። (ማቴዎስ 14፣13) ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ሓደ ካብቶም ናይ ሓድሽ ኪዳን መምህራን ናይ ምስትንታን እዩ። (ፊልጲ 4፣8/ 1ጢሞ 4፣15)

## ቀንዲ ሓሳብ

ከምቲ ብጸሎት ንኣምላኽ ዜድልየና ዘበለ እንነግሮ፣ ኣምላኽ ድማ ብቓሉ እዩ ዚዛረበና እሞ፣ ምሉእ ሕብረት ኪህልወና እንተኾይኑ ቃሉ ከነስተንትን ይግበኣና። ሕጂ ኣብዛ ክፍሊ እንመሃር ከመይ ዝበለ ናይ ምስትንታን ህይወት ኪህልወና ከምዘለዎ እዩ። ኣምላኽ ከም ቃሉ እዩ ዚብል ሓሳብ ደጋጊምና ርኢና ኣሎና። ስለዚ ድማ እዩ ዳዊት ንኣምላኽ ምብዳልን ንቓሉ ዘይምሕልውን ሓደ ከምዝኾነ ዜርእየና። (መዝሙር 119፣11) ክርስትናና ብሓቂ ህያው ኪኸውን እንተኾይኑ፣ ንኣምላኽ ብመገዲ ቃሉ ክንፈልጦ ኣሎና። ብሓቂ ብቓል ኣምላኽ ክንበስል ኣሎና። ብዙሕ እዋን ኣብ ህይወትካ ድኻም ዚመጽእ ቃል ኣምላኽ ሓቂ ከምዝኾነ ምግንዛብ ስለእንስእን፣ ከም ተራ ታሪኽ ስለእንርእዮ እዩ። ስለዚ ኸኣ ኣምላኽ ብህያውነቱ ይዛረበና ምህላዉ ሰኣን ምስትውዓል ብእምነት ኣብ ውሽጥና ኣይሓድርን፣ ኣይመርሓናን ድማ። (እብራውያን 4፣2) ግናኸ ብሓቂ ንመንፈሳዊ በረኸት ምእንቲ ኺጠቕመና፣ ነቲ ቃል ብግቡእ ከነስተንትኖ፣ ምስ ህይወትና ድማ ብእምነት ክንሓብሮ ይግበኣና።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ዘዳግም 11፣13-32/ መዝሙር 119

እዚ ክፍሊ እዚ ብዛዕባ ምስትንታን ዚገልጽ ሓሳብ ኣለዎ። ሓደ ካብቲ ቀዳምነት ንኣምላኽ እንህበሉ መገዲ ምስትንታን ማኻኑ ድማ የረድኣና። ጽማቕ ናይዚ ክልተ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ እዚ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ደቂ እስራኤል እቲ ኹሉ ምድሓን ምስረኸቡ እግዚኣብሄር ንዕኡ ዜገልግሉሉን ንዕኦም ንህይወት ዚኾኖም ቃል ሃቦም
- ቃል ኣምላኽ ምስንትንታን ንኣምላኽ ብምሉእ ልብኻ ንኽተፍቅሮ ይረድኣካ

- ቀንዲ ዕላማ ምስትንታን ሓሳብ ኣምላኽ ክትርዳእን ንኽትሕልዎን እዩ
- ኣብ መንጎ ምስትንታንን ዘይምስትንታንን ናይ ሞትን ህይወትን ፍልልይ ኣሎ
- ምስትንታን ቃል ኣምላኽ ኣብ ኩሉ እዋንን ኣብ ዝኾነ ሃዋህውን ኪኽጽል ዘለዎ እዩ

## መዛተዪ ሕቶታት

1. ብዛዕባ ኣግዚኣብሄር ከተስተንትን ከለኻ፣ ኣብ ልብኻ ዚመጽካ ሰለስተ ነገራት እንታይ ኣሎ?
2. ብዛዕባ ምስትንታን ክትርኢ ኸለኻ፣ ዝያዳ ዚምስጠካ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ክፍሊ ኣየናይ እዩ፣ ካብ ሰባትከ መን እዩ?
3. ቃል ኣምላኽ ምስትንታን ብኸመይ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ንኺህልወና ይጠቕመና ትብል?
4. ካብ ዘዳግም 11፣13-32 ብዛዕባ ምስትንታን እንታይ ተረዲኡካ?

## መጠቓለሊ

ብዙሕ ብቃል ኣምላኽ ዜስተንትን ሰብ ዝያዳ ብፍልጠት ኣምላኽ ዝዓበየ ኮይኑ ንረኽቦ። ገለ ካብቲ ኣብ ጊዜ ምስትንታን፣ ኣብ ልብኻ ዚመጽእ ነገራት፣ ህይወት ዕላማ ከምዘለዋ፣ ኣምላኽ ልዑል ምዃኑ፣ ብጸጋ ኣምላኽ ንነብር ከምዘሎና፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብንስሓ ምቕራብ ከምዜድልየና፣ ኣምላኽ ዓብዪ ዕዮ ናይ ወንጌል ከምዝሃበና ወዘተ ኣሎ። ምስትንታን ክንሓስብ ከለና ድማ ዝያዳ ዚድግፈና ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ፣ ከም ኣብነት ንምጥቃስ እብራውያን 11/ እብራውያን 12፣18-24/ ሮሜ 8/ ኢሳይያስ 53/ ነህምያ 9፣5-38/ መዝሙር 73 ኣሎና። ከምዚ ጌርና ንቓል ኣምላኽ ብምስትንታንና ድማ ኣብቲ ኣምላኽ ዝገበሮን ዝበሎን ዓሚቝ እምነት ይፈጥረልና፣ ምስኡ ድማ ንሓብር። ምስትንታን ብሓቂ ኣብ መንፈሳዊ ህይወትና ሓይሊ ካብ ዚህበና መገዲ ሓደ እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ነቲ (ኣብዚ መጽሓፍ) እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ኽትገብሮስ፣ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፣ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ኻብ ኣፍካ ኣይትፍለ። ሽዑ መገድኻ ተቕንዕ እሞ፣ ሽዑ ድማ ኪሰልጠካ እዩ።"*
*(እያሱ 1፣8)*

# ሓምሻይ ትምህርቲ - ንኣምላኽ ምውፋይ

## መእተዊ

ንኣምላኽ ምውፋይ ምናልባሽ ሓደ ካብቲ ዝኸበደ ናይ መንፈሳውነት ኣርእስታት እዩ። ጎይታ የሱስ ካብ ዝሓተቶ ነገራት እቲ ሰባት ንኺውስኑ ዚኸብዶም ነገር ድማ እዩ። "ኪድ፣ ዘለካ ኹሉ ሼጥካ ንድኻታት ሀብ፣ ኣብ ሰማይ ድማ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ ንዓ ስዓበኒ" ኢሉ ነቲ ሃብታም መንእሰይ ምስተዛረቦ፣ ብኡብኡ እዩ ገጹ ተለዊጡ "ተኸፊኡ" ኸኣ ይብሎ መጽሓፍ ቅዱስ። (ማርቆስ 10፣21-22) እዚ ሓደ ካብ ምሳሌታት ብዛዕባ ምውፋይ እዩ። ሰብ ቅድም ርእሱ እዩ ንኣምላኽ ኺውፊ ዘለዎ። ርእሱ እንተወፍዩ፣ ብድሕሪኡ ኩሉ ነገር ኪውፊ ቀሊል እዩ። (ሉቃስ 19፣8/ ግብረ ሃዋርያት 4፣36-37 ፤ 21፣13) ግናኸ ናይ ህይወትና ወነንቲ ንሕና ባዕልና እንተ ዃንና፣ ዘለና ክንውፊ ዘይሕሰብ እዩ። መንፈሳውነት ድማ ካብ ልቢ ጀሚሩ ናብ ዘሎካ ኹሉ ዚኸይድ ደኣ እምበር ካብ ደገ ጀሚሩ ናብ ልብኻ ኣይኮነን። ከመይሲ እግዚኣብሄር ባዕሉውን "ወደየ ልብኻ ሃበኒ" እዩ ዚብለና። (ምሳሌ 23፣26) ጎይታ ድማ ነዚ ኼነጽረልና "ኣብቲ መዝገብካ ዘለዎ ኣብኡ ልብኻ ኣሎ" ኢሉ ይዛረብ። (ማቴዎስ 6፣19) መዝገብካ ኣብ ሰማይ፣ ኣብ ኣምላኽ፣ ናይ ኣምላኽ ነገር እንተኾይኑ ልብኻ ኣብኡ ኺህሉ ብግዲ እዩ። ስለዚ ድማ ኢና ነዚ ነገርዚ ኽንምርምር ዚግበኣና። ህይወትና፣ ልብና ንኣምላኽ ወፊና ዲና?

## ቀንዲ ሓሳብ

ምውፋይ ዚብል ነገር ምስ ምሃብ ዝተተሓሓዘ እዩ። ኪንዮ ምሃብ ኮይኑውን ምስዋእ ኬስምዕ ይኽእል እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ብዙሕ ቦታታት "ምቕዳስ" ተባሂሉ ተጠቒሱ ኣሎ። ዘሌዋውያን 8፣22-36 እንተርኤና እዚ ነገር እዚ ንሌዋውያን ፈጺሞም ናይ ኣምላኽ ኪኾኑ ምውፋዮም ዜመልክት ነበረ። ኣብዚ ናይ ሓድሽ ኪዳን ዘመን ድማ ንሕና ብክርስቶስ ዝኣመንና ኹለንትናና ክንውፊ ንሕተት። (ሮሜ 12፣1-3) ምውፋይ ብሓቂ ናይ ፍቕሪ ዝለዓለ መግለጺ እዩ። ናይዚ ኣብነት ዚኾነና ኣብርሃም እቲ ንዜፍቅሮ ወዱ ይስሃቅ ኪሰውእ ፍቓደኛ ዝኾነ እዩ። ግናኸ ምውፋይ ከም ንኣብርሃም ዝበሉ ፍሉያት ሰባት ጥራይ ዘይኮነ፣ ነቶም ንኣምላኽ ኪረኽቡዎ ዚደልዩ ኹሎም እዩ። ኹሉ ምስ ጥሪት እዛ ዓለም እዚኣ ዝተተሓሓዘ ፍቕሪ ምህላው ግና ንኣምላኽ ካብ ምርካብ ዚዓግት ሓይሊ ኣለዎ። እቲ ደላዪ፣ ኣናዳዪ ግና ንኣምላኽ ረኺቡዎ ኸሎ እኳ ዝያዳ ኪረኽቦ እዩ ዘለዎ ኹሉ ዚውፊ። (ማርቆስ 10፣28) ንኣምላኽ ኢልካ ምውፋይ ቀዳምነት ንኣምላኽ ምሃብ እዩ።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ፊልጲ 3፣1-21

እዚ ክፍሊ እዚ ንኣምላኽ ኢልካ ምውፋይ፣ ቀዳምነት ንኣምላኽ እትህበሉ መገዲ ምኳኑ የረድእ። ጽማቝ ናይዚ ክፍሊ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ምውፋይ ማለት እቲ እትእመነሉ ነገር ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምቕራብ ማለት እዩ
- ኣብ ቅድሚ ጎይታ፣ እቲ ጽዒርና፣ ዋጋ ከፊልና ዝበጻሕናዮ ወይስ ዝሓዝናዮ ነገር እናተወዳደረ ኬሽግረና ይኽእል እዩ። ስለዚ ልብና ኣብኡ ከይተሓዝ ፈጺምና ንኣምላኽ እንተዘይወፊናዮ፣ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ኪህልወና ዘይሕሰብ እዩ
- ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ዝነበሮ ብሉጽ ነገራት ኩሉ ከም ጎሓፍ ቆጺሩዎ፣ በዚ ድማ ብሉጽ መንፈሳዊ ብጽሕና ረኺቡ

- እቲ ንኽብሪ ክርስቶስ ዝረኣየ፣ መመሊሱ ደኣ ይጸምኦ እምበር ከምዝረኽቦ ኮይኑ ኣይዓግብን እዩ
- ኩለንትናኻ ወፊኻ ምስዓብ፣ ምንዳይ፣ ምምጥጣር ዘየቋርጽ ግደ ክርስትያን እዩ፣ ክሳዕ ዘመን ምጽኣት ጎይታ ድማ ይቕጽል

## መዛተዪ ሕቶታት

1. ንሓጺር እዋን ብዛዕባ ንኣምላኽ ኢልና ዝወፈናዮ ነገራት እስከ ንሕሰብ። ጎይታ ህይወት እዩ ወፍዩልና፣ እንታይ ኣሎ ንጎይታ ዘይተወፈየ ክፍሊ ኣብ ህይወትና? እንታይ ክንብል ንደሊ ብዛዕባዚ?
2. ንህይወትኩም ዚብድሃኩም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጠቕሰ፣ ሰብ ንኣምላኽ ኢሉ ዝወፈዮ ናይ መን ህይወት የደንቐኩም?
3. ንምንታይ እዩ ዘሎና ነገር ንኣምላኽ ምውፋይ ዚኸብደና?
4. ነገራትካ ንኣምላኽ ምውፋይ ክሳዕ ክንደይ ናብ ኣምላኽ የቕርበካ ትብሉ?

## መጠቓለሊ

ዚበዝሕ እምነታት ነገራትካ እንተዘይኮይኑ ህይወትካ ኣይጠልብን እዩ። ክርስትና ግና ህይወት ሂቡካ ህይወትካ ዚጠልብ እምነት እዩ። ኣምላኽ ሓደ ወዱ በጃና ብምሃብ ወይ ብምሕላፍ ወይ ብምውፋይ እዩ ጸዊዑና። እዚ ብመጠን እተረድኣና ኸኣ ኢና ንሕና ዘለና ኹሉ ንጎይታ ክንውፊ ድሉዋት እንኸውን። ነዚ እዮም ሃዋርያት "ምእንቲ ስሙ ኺሓስሩ ብቑዓት ኮይኖም ስለዝተቖጽሩ ዝተሓጎሱ።" (ግብሪ ሃዋርያት 5፣41) ብዙሓት ናይ ኣምላኽ ሰባት ከም እኒ ኣብርሃም፣ ሙሴ፣ ኤርምያስ፣ዮሃንስ መጥምቕ፣ ጴጥሮስ፣ ዮሃንስ፣ በርናባስን ጳውሎስን ወዘተ ገለ ካብቶም ኣብነት ዚኾኑና እዮም። ሰብ ዘለዎ ኽይውፊ ካብ ዚኸብዶ ምኽንያታት ሓደ እምነቱ ብናይ ላዕሊ ነገር ስለዚጎድል፣ ብናይ ኣእምሮኡ ኣመለኻኽታ ዕሽነት ኮይኑ ስለዚረኣዮ፣ መንፈሳዊ ብጽሕና ዘይምህላዉን ወዘተ እዩ። ህይወትካ ንኣምላኽ እተቐደሰ፣ ብኡ ድማ ነገራትካ ንኣምላኽ እተወፈየ እንተኾነ፣ ንኣምላኽ ቀረባ ኢኻ። ናይ ላዕሊ ክትሓስብ ይፈኹሰካ። (ፊልጲ 3፣14,15,20)

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ኪድ፣ ዘለካ ኹሉ ሸጥካ ንድኻታት ሀብ፣ ኣብ ሰማይ ድማ*
*መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ ንዓ ሰዓበኒ"*
*(ማርቆስ 10፣21)*

# ሻድሻይ ትምህርቲ - በይንኻ ምስ ኣምላኽ ናይ ጽሞና ጊዜ

## መእተዊ

በይንኻ ምኳን ካብቲ ንሰብ ዜፍርሆ ነገራት ሓደ እዩ። ስለዚ ድማ ኢና "ጽምዋ" እትብል ቃል ከም ሓንቲ ኣሉታዊት ቃል እንፈልጣ። ብርግጽ በይንኻ ምኳን ከቢድ እዩ፣ ሓደኳ ዚፈትዎ ኣይኮነን። ሕጂ እንርእዮ ግና ካልእ ዓይነት በይንኻ ምኳን እዩ። እዚ ብዙሓት ናይ ኣምላኽ ሰባት ዜዘውትሩዎ ውሱን ጊዜያት እዩ። "ረትሪት" ወይ "ግልስ ምባል" ተባሂሉ ድማ ይፍለጥ። ኣብ ኣርእስትና "ናይ ጽሞና ጊዜ" ኢልና ኢና ጸዊዕናዮ ዘሎና። ከምኡ ዝገበሩ ናይ ኣምላኽ ሰባት ከም እኒ ሙሴ ኣብ በረኻ ሚድያን፣ ነብዩ ኤልያስ ኣብ ቤት እታ በዓልቲ ሰራጵታ፣ ነብዩ ኤልሳእ ኣብ ቤት እታ ሹናማዊት፣ ዮሃንስ መጥምቕ ኣብ በረኻታት ይሁዳ፣ ጎይታ የሱስ ኣብቲ ናይ ኣርብዓ መዓልቲ ጾምን ጸሎትን ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ምድሪ ዓረብ ወዘተ። እዚ ናይ ጽሞና ጊዜ ምርሒት ካብ ኣምላኽ ንምቕባል ጥራይ ዘይኮነ፣ ንመንፈሳዊ ተሞክሮ ከም እኒ ጸሎት (ብጾም እተሰነየ)፣ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ፣ ንምህዳእን ምስትንታንን ወዘተ ዚጠቅም እዩ። ከምዚ ዓይነት ተሞክሮ ዘለዎ ሰብ ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞኡ ብዙሕ ዕዉት እዋናት እዩ ዜሕልፍ፣ ዝያዳ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ኪገብር፣ ንኣምላኽ ኣብ ኩሉ ነገራቱ ቀዳምነት ኪህብ ዝይጽግሞን።

## ቀንዲ ሓሳብ

ብመገዲ ምስ ኣምላኽ ዚህልወካ ናይ ጽሞና ጊዜ፣ ቀዳምነት ናይ ህይወትካ ከተስተኻኽል ንርእስኻ ብምዝኽኻር ድማ ንኣምላኽ ቀዳምነት ክትህብ ይድግፈካ። ዳዊት ኣብ ዘመን ህይወቱ፣ ሓደ ካብቲ ዜዘውትሮ ዝንበረ ነገር፣ ንፍቓድ ኣምላኽ ኣብ በይኑ ምሕታቱ እዩ። ኩሉ እዋን ገለ ነገር ኪውስን ከሎ፣ "ኤፎድ ኣምጽኡለይ" ኢሉ ንኣምላኽ ይሓትት ነይሩ። (1ሳሙኤል 30፣7) ንሕና ኣብዚ እዋን ናይ ጊዜና ኤፎድ፣ ድምጺ ኣምላኽ ኣብ መንፈስና ምስማዕ፣ ነቲ ኣብ ሕልናና ዚዛረበና ድማ ምቕላብ እዩ። ብርግጽ ናይ ጽሞና ጊዜ ድማ ነዚ ነገር እዚ ንኽነማዕብል ይረድኣና። እምበኣርከ እዚ ነስተብህል፣ ናይ ጽሞና ጊዜ ምስ ኣምላኽ እተሕልፎ ጊዜ እዩ፣ ምስ ኣምላኽ እትዘራረበሉ፣ ሓሳባትካን ስምዒትካን ኣብ ቅድሚኡ እተፍስሰሉ፣ ምስኡ እትዓየሉን እዩ። (እንባቆም 2፣1-3) ልዕሊ ኹሉ ግና ብህድኣት ንኣምላኽ እትጽበየሉ እዩ። ካብዚ ድማ እዩ ሓይሊ፣ ምሕዳስ፣ ምብርታዕ ዚመጽእ። (ኢሳይያስ 40፣31/ መዝሙር 130፣5-6)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- *መዝሙር* 46

እዚ ክፍሊ ህድእ ክትብል ብልብኻ ክትሓስብን ዚጽውዕ። ንኣምላኽ ቀዳማይ ቦታ ዚህብ ድማ እዩ። ጽማቖ ናይዚ ክፍሊ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- እግዚኣብሄር መዕቆብን ሓይልን እዩ እሞ ኣብኡ ፍጹም ምዕራፍ ምህዳእ ክትገብር ትኽእል
- ኣብ ከባቢኻ ዚረአ ኹሉ ኣንጻር ህድኣት ኪኸውን ይኽእል ዚበዝሕ እዋን'ውን ከምኡ እዩ
- ኩሉ ፍጡር ጫውጫው ኪብል ከሎ ሓደ ርግጽ ነገር ኪህልወካ ዘለዎ "ኣምላኽ ምሳና እዩ" ዚብል እዩ
- ንግብርታት እግዚኣብሄር ንኹሉ ኣሰራርሓኡን እተስተንትነሉ ናይ ህድኣት ብሕት

ዝበለ ጊዜ የድልየካ

- ናይ ጽሞና ጊዜ ምህላው፣ ህድእ ምባል መፈጸምታ ኹሉ ነገር ዕቤት ኣምላኽ ምዃኑ ኢ'ኻ ትፈልጥ

## መዛተዩ ሕቶታት

1. ካብ ዕለታዊ ላዕልን ታሕትን ምባል እልይ ኢልካ፣ ብጽሞና ምስ ኣምላኽ ኣተሕልፈሉ ጊዜ ኣሎካዶ? እንተሃልዩ ከመይ ይመስል?
2. ህድእ ምባል ንብዙሓት ሰባት ዜፍርህ ነገር እዩ፣ ምኽንያቱ ምህዳእ ምጽባይ ዚሓትት ነገር እዩ። ሃዲእካ ንኣምላኽ ምጽባይ ኻብ ምግባር ዚዓግት ነገራት እንታይ ኣሎ?
3. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንኣምላኽ ሃዲኦም ብምጽባይ ካብ ዚፍለጡ ሰባት ጥቐስ።
4. ጎይታ የሱስ "ናባይ ንዑ" ኢሉ ካብ ዝተዛረበሉ ነገራት ሓደ "ዕረፍቲ ንኽትረኽቡ" እዩ። ናይ ጽሞና ጊዜ ምስ ዕረፍቲ ብኸመይ ከነተሓሕዞ ንኽእል?
5. ህድእ ምባል ብኸመይ ምስ ቀዳምነት ንኣምላኽ ምሃብ ይተሓሓዝ?

## መጠቓለሊ

ዕለታዊ ናብራና ብዙሕ ብዛዕባ እቲ እንርእዮ ነገር ጥራይ ክንሓስብ ኣብኡ ድማ ክንወሓጥ እዩ ዚደልየና። ግናኸ፣ ብናይ ጽሞና ጊዜ ካብ ከምዚ ዝበለ ዕንክሊል ክንወጽእ ንኽእል ኢና። ምስ ኣምላኽ ጊዜ ብምሕላፍ፣ ንዕኡ ብምጽባይ ኪንዮ ከባቢ'ኻ ትሰግር። ንኣምላኽ ሃዲኦም ካብ ዝተጸበዩ ሰባት ከም እኒ ዳዊት፣ ዮሳፋጥ፣ ስምኦን እቲ ንጎይታ ብህጻንነቱ ዝባረኾ፣ ወዘተ ንረክብ። እዚኦም ንእግዚኣብሄር ተጸብዮሞ ረኺቦሞ ድማ። ጎይታ ኩሉ እዋን ኣብኡ ክንሃድእ እዩ ዚደልየና፣ ከመይሲ ኬዕርፈና እዩ ዚደሊ። ህድእ ምባል ድማ ኣብ ኣምላኽ ምእማን፣ ንዕኡ ቀዳምነት ምሃብ እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ህድእ በሉ እሞ ኣነ ኣምላኽ ምዃነይ ኣስተብህሉ፣*
*ኣብ ማእሰል ኣህዛብ ልዕል ክብል፣ ኣብ ምድሪ ልዕል ክብል እየ"*
*(መዝሙር ዳዊት 46፣10)*

# ካልኣይ ክፋል
# ሰድራቤት ኣምላኽ

# ስድራቤት ኣምላኽ

## መእተዊ

ክርስቶስ ካብ ምድሪ ኪኸይድ ከሎ ዕዮኡ ነታ ኣብ ምድሪ ዝሰረታ ማሕበሩ እዩ ሂቡዋ። ንሳ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሱ ዘሎ "ኣካሉ" እያ፣ "ንሳ ኸኣ ስጋኡ ናይቲ ኹሉ ኣብ ኩሎም ዚመልእ ምልኣቱ እያ።" (ኤፌሶን 1፣23) ንደቂ ሰብ ኪርእዮም ከሎ እምበኣር ምስታ ኣካሉ ዝኾነት ማሕበሩ ብዘለዎም ሕብረት እዩ። ሓደ ሰብ፣ "ካብ መንግስቲ ጸልማት" ናብ "መንግስቲ ፍቁር ወዱ (ክርስቶስ)" ምስኣተወ ብኡብኡ ኣብ ኣካል ክርስቶስ እቱው እዩ። ነዚ መርኣያ ወይ ድማ ምስክርነቱ ድማ ምስ ኣሕዋት ብዘለዎ ናይ ፍቕሪ ሓድነት እዩ ዚግለጽ። ስለዚ ሰብ፣ ካብ ሕብረት ተፈልዩ ኪመላለስ ምስ ክርስትና ዚጻረር ኣዩ። እንቋዕ ደኣ እምበር ኣነ ንጎይታ ፈለጥኩዎ፣ እንቋዕ ደኣ ደሓንኩ እምበር "ቤተክርስትያን" ወይ "ማሕበር" ምህላው ገለ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ ኮይኑ ኣይርደኣንን ኪብል ግጉይ እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣበሃህላ ኣብ ህይወትካ ጥዕና ናይ ዘይምህላው ምልክት እዩ። ምስ ኣሕዋት ሕብረት ዘይገብር ናይ ባዕሉ ጸገም ዘለዎ እዩ። እምበር ሕብረት ንክርስትያን ህይወት እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ብጎይታ ዝኣመንና ኩልና ስድራቤት ኣምላኽ ኢና። ከመይሲ ቃል ኣምላኽ "ስድራቤቱ ንኣምላኽ ኢኹም" ኢሉ እዩ ዚነግረና። (ኤፌሶን 2፣20) እዚ ማለት ድማ ስድራቤት ኣምላኽ እየ እሞ ናይ ሰብ እንታይ ገዲሱኒ፣ ሰብ ዝበለ ይበል ኣምላኽ ጥራይ እንቋዕ ተቐበለኒ ንኽንነብል ማለት ኣይኮነን። ንሰባት፣ ነቶም ኣመንቲ ከም ስድራቤትና ከነፍቅር፣ ካብኦም ድማ ፍቕሪ ክንደሊ ደኣ እዩ ዚንገረና ዘሎ። ከመይሲ ኣብ ሓንቲ ስጋ ከለኻ ኣብ ሓንቲ ስድራ ከለኻ፣ እታ ሓንቲ ኣካል እታ ሓንቲ ኣይተድልየንን እያ ክትብል ኣይትኽእል። ኣብ እምነት ክርስትና በይንኻ ዚፍጠር ስድራቤት የልቦን። (ሮሜ 12፣4-5) ኣብዚ ትምህርቲ እዚ እንመሃሮ ቃል ኣምላኻዊ ህይወ ስድራቤትን ኣነባብራኡን ኢና።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ኤፌሶን 2/ ሮሜ 12፣3-21

ኣብዚ ክልተ ክፍሊ እዚ ጽቡቕ ገይሩ ብዛዕባ ናይ ሕብረት ህይወት ይምህረና። ጽማቝ ትሕዝቶ ናይዚ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ብመሰረቱ ንሕና ክርስትያናት ካብ ኣብ ትሕቲ ናይ ጸልማት መንግስቲ ዝነበረ ስርዓት ስድራቤት ዝመጻና ኢና። መዊትና ዝነበርና ህያዋን ኴንና። ትንሳኤና ድማ ንሓድሽ ህይወት እዩ
- ብባህርይና ካብ ስድራቤት ኣምላኽ ፍሉያት ዝነበርና ኢና
- ብክርስቶስ ግና ቀረብና፣ ምስ ኣምላኽ ሰላም ረኸብና፣ ስድራቤት ኣምላኽ ኴንና
- ብዛዕባ ርእስና ቅኑዕ ስእሊ ምህላው ንኻልኦት ክንቅበል የኽእለና
- ብዝሕና ዚፈላልየና ዘይኮነስ ኣብ ሓደ ስጋ ኸሎና እዩ፣ ፍልልይ ናይ ጸጋታትና ግና ንጥቕሚ ሓደ ስጋ እዩ
- እምበኣርከ ምስ ካልኦት ክንመላለስ ኸለና ብናይ ፍቕሪ ልቢ በቲ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ መትከላት (ፕሪንሲፕልስ) ኪኸውን ኣለዎ

## መዛተዪ ሕቶታት

1. ኣብ ሓንቲ ስድራቤት ዘለዉ ኣባላት እንታይ ዓይነት ምጥባቕ ኣሎ? ስለምንታይ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ንቤተክርስትያን ከም ስድራቤት ዚገልጻ?
2. ሰይጣን ብኸመይ ንስድራቤት ኬጥቅዕ ከሎ ንርእዮ፣ ኣብ ቤተክርስትያንከ ብኸመይ እዩ ንሓድሕካ ዜጥቅዕ?
3. "ብዙሓት ክነስና ሓደ ስጋ ኢና፣ ግናኸ ነንሓድሕድና ኣካላት ኢና።" እዚ ብኸመይ ኣብ ማሕበር ይርድኣካ?
4. ካብ ቤት ኣምላኽ ርሒቑ በይኑ ዚኸይድ ኣማኒ ዝያዳ ካብ ኣምላኽ ዚስእኖ እንታይ እዩ?

## መጠቓለሊ

ስድራቤት፣ ኣብ ዓለም ካብ ዘሎ ዝምድናታት እቲ ዝለዓለ ምጥባቕ ዘለዋ እያ። ካብዚ ዝተላዕለ ድማ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ክርስትያናትን ዘሎ ሕብረት በዚ ናይ ስድራቤት ዝለዓለ ጥብቀት እዩ ዚግለጽ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ማሕበሩን ዘሎ ርክብ ከም ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ሓድነት ገይሩ ይገልጾ። (ኤፌሶን 5፣32) ሰይጣን ከኣ ነዚ ስለዝፈለጠ እዩ ኣብ መንፈሳዊ ሕብረት፣ ንሰብ ካብ ማሕበር ኪኣልዮ፣ ምስጢርን ጥቕምን ማሕበር ከይርድኦ ድማ ኣዒንቱ ዜጎልብብ። ኣብ ሓድሕድካ ዘሎ ጸጋ ክንዲ ምስትብሃል ፍልልይካ የርእየካ እሞ የህድመካ። ግናኸ ብዝሕና ሃብቲ ኣምላኽ እዩ ዜመልክት። በረኸት ከኣ የምጽኣልና፣ እቲ ካብ ሕብረት ዚፍለ ግና ህይወትን በረኸትን ጸጋ ናይ ካልኦትን እዩ ዚጎድሎ። እቲ ኣምላኽ ኣብ ማሕበር ዚገብሮ ኹሉ ድማ ይስእኖ። (መዝሙር 133)

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"እምበኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ*
*እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም፣*
*ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፣*
*ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን።"*
*(ኤፌሶን 2፣19-20)*

# ቀዳማይ ትምህርቲ - ሓድነት

## መእተዊ

ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ብብዝሒ ካብ ዚሰበኽ ነገር ሕብረት ዚብል ኣርእስቲ እዩ። ግን ከኣ ዝበዝሐ ካብቲ ኣመንቲ እንውቀሰሉ ነገር በዚ ናይ ሕብረት ነገር ምጕዳልና እዩ። ዋላኳ ምስ ናይ ዓለም ሕብረት ተወዳዲሩ ኣጸቢቕና ዝሓሸ ሕብረት እንተሃለወና፣ በቲ ቀንዲ መዓቀኒና ዝኾነ ጎይታ ዚጠልቦ እንተተመዘንና ግና ብዙሕ ኢና በዚ እንጎድል። ኣብታ ቀዳመይቲ ትምህርትና "ሕብረትና ምስ ኣቦን ወዱ የሱስ ክርስቶስን" ምዃኑ ተገንዚብና ኣሎና። (1ዮሃንስ 1፣3) ግናኸ ምስ ኣቦን ወድን ዘሎና ሕብረት ብሓቂ ክዉን ምዃኑ ዚገሃድ በቲ ምስ ሓድሕድና ዘሎና ሕብረት እዩ። ሕብረት ግና እንታይ እዩ? ሕብረት፣ ንሓድሕድካ ምትሕልላይ ዘለዎ ዝምድና እዩ። ሕብረት ከኣ ናብ ሓድነት ኣቢሉ ዚወስድ መገዲ እዩ። ኣብ መንጎዚ ክልተ ፍልልይ ኣሎ፣ ሕብረት ካብ ብዝሒ ዚመጽእ ምውህሃድ እዩ። (ሮሜ 12፣5) ሓድነት ግና ፍጽምና ዘለዎ ውህደት እዩ። (ዮሃንስ 17፣22-23) ክርስትና ድማ ሓድነት ምዃኑ እናተጋህደ ዚኸይድ ሓድነት እዩ። ዝተፈላለኻ፣ ብዙሓት ኮይኑ ይስመዓካ፣ ብመንፈሳዊ መገዲ እናዓበኻ ምስከድካ ግና ብክርስቶስ ሓደ ምዃንካ ይበርሃልካ። (ፊልጲ 2፣2)

## ቀንዲ ሓሳብ

ሕጂ ኣብዛ ክፍሊ እዚኣ እንመሃሮ ነገር፣ ምስጢር ሕብረት እዩ። ከምቲ ዝገለጽናዮ "ብዙሓት ኢና" ብዝሕና ድማ ዚከሓድ ኣይኮነን። ዝተፈላለየ ተመኩሮ፣ ክእለት፣ ኣተሓሳስባ ድማ ኣሎና። ግናኸ ኣብ ስጋ ወይስ ኣካል ክርስቶስ ክሳዕ ዘሎና "ሓደ" ኢና። ከመይሲ "ንሕና ብዙሓት ክነስና ሓደ ስጋ ኢና" እዩ ዚብለና ቃል ኣምላኽ። (ሮሜ 12፣5) ሓድነትካ ግና ከመይ ኣቢልካ ኢኻ "ሓቅነቱ" እተግህዶ? እዚ እዩ ዝዓበየ ሽግር ናይ ኣማኒ። ኣብቲ ደጋዊ ብዝሑ፣ ፍልልዩ የድህብ እሞ፣ ነቲ መለኮታዊ ሓድነቱ ረሲዑ ይመላለስ። ደሓር ኣብ መንጎ ሓድሕዱ ይበኣስ፣ ይካሰስ፣ ይተሓማመ፣ ብፍቕሪ ድማ ይጎድል። ሃዋርያ ጳውሎስ ግና ኪምዕድ ከሎ "ብሓንቲ ሓሳብ ብምዃንኩም፣ ብሓንቲ ፍቕሪ ብምህላውኩም ሓጎሰይ መልኡ፣" ኢሉ ይምዕድ። (ፊልጲ 2፣2) ሓድነት ከመይ ኢሉ ከምዚጅምር ካብዚ ክነስተብህል ንኽእል።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ዮሃንስ 17/ ፊልጲ 2፣1-11

ኣብዚ ክልተ ክፍሊ እዚ ንሓድነትን ሕብረትን ጽቡቕ ገይሩ እዩ ዚገልጾ። ጎይታ የሱስ ብዛዕባ ሓድነት ጸልዩ፣ ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ብዛዕባኡ ምዒዱ። ጽማቕ ትሕዝቶኡ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ደቀ መዛሙርቲ ጎይታ ዝተፈላለዩ ሰባት መራኽቢ ኪህልዎም ዘይሕሰቡ እዮም ዝነበሩ
- ኪጽሊ ኸሎ ግና ኩሎም ንክርስቶስ መን ምዃኖም ከምዝፈለጡ ይገልጽ ጎይታ
- ቀንዲ ጸሎት ጎይታ "መለኮታዊ ሓድነት" ኪለብሱ ነበረ፣ ፍጽምና ምዃኑ የረድኣና፣ ጎይታ ከምኡ ምጸለየልና ነይሩ ይመስለኒ
- እቲ ሃዋርያ ድማ እቶም ኣመንቲ ናብቲ ፍረ መንፈስ ኬድህቡ ንሱ ኪሓስቡ ይምዕዶም

- እቲ ምስጢር እዚ እዩ፣ ኣብ ክርስትና ዝያዳ ከተድህብ ዘሎካ ኣብቲ ፍረ መንፈስ እዩ፣ ሰብ በዚ ጥራይ እዩ ናብ ሓድነት ዚመጽእ
- ፎርሙላ ናይ ሓድነት እዚኣ እያ "ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ካብ ርእሱ ኣብሊጹ ይርኣዮ"። ክርስቶስ ከምኡ እዩ ገይሩ!

## መዛተዪ ሕቶታት

1. እስኪ ሕሰብ፣ ኣብ ቤተክርስትያን ካብ ዘለዉ ኣሕዋት እተቐየምካሉ ሰብ እስከ ሕሰብ። ምቕያም፣ ጽልኢ ወዘተ ካብ ኣካል ክርስቶስ ርሒቕካ ከምዘሎኻ ምስክር እዩ። ብዛዕባዚ እንታይ ትብል? ተዘራረቡ ንሓድሕድኩም።
2. ብኣንድነት ፍጹማን ምእንቲ ኽትከውን እንታይ ዓይነት ህይወት ኪህልወካ ኣለዎ?
3. ንብጻይካ፣ ሕጂውን ነቲ እትጸልኦ ወይስ ብገለ ዝተጻላእኩም ሕሰቦ እሞ፣ ካብ ርእስኻ ኣብሊጽካዶ ትርእዮ?
4. ሓድነት ብሓሳብ እዩ ዚጅምር፣ እንታይ እዩ እቲ "ብእኡ" ክንሓስቦ ዘሎና ነገር?

## መጠቓለሊ

ሓድነት ሓደ ካብቲ ዝለዓለ ሚዛን ክርስትና እዩ። ሰብ ንኹሉ ብኀይታ ሓዉ፣ ከም ርእሱ ገይሩ ኣብ ምርኣይን ምሕሳብን እንተበጺሑ ብመንፈሳዊ ብጽሕና ዓብዩ ኣሎ። ብገለ መገዲ ኣብ ልቡ ሕቡእ ጽልኢ ወይ ነዚ መሳሊ እንተሃልዩ ግና ካብ ሓድነት ዋላ ካብ ሕብረትውን ወጻኢ እዩ ዚመላለስ። ብዛዕባ ኣብ ህይወቱ ኺረአ ዘለዎ ፍረ መንፈስ ዚሓስብ ሰብ ግና ናብቲ "ብኣንድነት ፍጽምና" ዚበሃል ደረጃ ኪበጽሕ ይኽእል እዩ። ኀይታ ጸጋኡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሰብ ከምዚገብር ቃል ኣምላኽ ይነግረና። (ያእቆብ 4፥6) ትሕትና እዚኣ እያ "ብጻይካ ዝያዳኻ ምርኣይ"። እዚ ነገር እዚ ብደረጃ ሓሳብ ከምዚጅመር ከኣ ካብ ኀይታ ንመሃር። (ፊልጲ 2፥5)

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ድማ እምበር፣ ነፍሲ ወከፍ ንርእሱ ዚሔሾ ኣይጠምት።"*
*(ፊልጲ 2፥4)*

# ካልኣይ ትምህርቲ - ፍቕሪ

## መእተዊ

ሰባት ሓደ ኪኾኑ ማለት፣ ንሓድሕዶም ፍቕሪ ኪህልዎም ማለት ምዃኑ ዜጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ኣብ ዓለም ምናልባሽ ኣብ ሰብኣይን ሰበይትን፣ ከምኡውን ውሉድን ወላድን ጥራይ ኢና እንረኽቦ። ናይ ጾታ ወይውን ናይ ስጋ ዝምድና ስለዘሎ እዩ ድማ እቲ መሰረታዊ ምኽንያ። ክርስትና ዚጠልቦ ፍቕሪ ግና ኪንዮ እዚ ዝሓለፈ ዝምድና እዩ። ብስጋ፣ ብጾታ ዋላሓንቲ ዜራኽብ ዘይብልካ ክነሱ፣ ብመለኮታዊ ሓድነት ብክርስቶስ ስለዝተዛመድካ እትኽፍሎ ፍቕሪ እዩ። ኣምላኽ ኣፍቂሩና እዩ እሞ፣ ንሕና ድማ ንኹሉ ነፍቅር። (1ዮሃንስ 3፣16) ከቢድ እዩ ዚመስል፣ ፍቕሪ ክርስቶስ ብሓቂ ንዝፈለጠ እዚ እዩ ህይወት። ኪንዮ እዚ ዚኸይድ ህይወት ክርስትና የልቦን። መጀመርያ ናይ ክርስትና "ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ" (ማለት ሕብረት ምስ ኣቦን ወድን)፣ መደምደምታ ክርስትና ድማ ፍቕሪ ንኹሉ ሰብ እዩ። (1ዮሃንስ 3፣11/2ጴጥሮስ 1፣7) እቲ ምዕባይ ናብኡ እዩ እቲ መንፈሳዊ ብጽሕና ዚበሃል።

## ቀንዲ ሓሳብ

ንሰብ ክንፋቐር ኣሎና፣ ክንፋቐር ኣሎና ኢልካዮ ብዙሕ ከይርድኦ ኣብ ልቡ ኸይትንክፎ ይኽእል እዩ። እቲ ብሓቂ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልቡ ዝፈሰሰ ሰብ ግና "ኬፍቅር" እንተዘይኮይኑ ካልእ ኣይኮነሉን እዩ። (ሮሜ 5፣5) ሃዋርያ ጳውሎስ ዓሚቑ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ ተረዲኡዎ፣ ነታ "በቲ እተዋህበና መንፈስ ቅዱስ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልብና ስለ ዝፈሰሰ፣ እታ ተስፋ ድማ ኣይተስተሓፍርን እያ፣" ዝበላ ቃል ኣዕሚቑ ክሓስባ ኸለኹ ድማ ውሽጠይ ይገላበጥ፣ ንብዓት ይመጸኒ። ብሓቂ ሓቁ እዩ "ፍቕሪ ክርስቶስ ደሪኹና እዩ እሞ እንተተጸለልና ንኣምላኽ፣ ምስ ቀልብና እንተኾንናውን ንኣኻትኩም ኢና" ኪብል ከሎ። (2ቆረንቶስ 5፣14) ካብዚ እዩ ዚምዕብል ምላሽ ፍቕሪ። ስለዚ ኢና ነሕዋት ክነፍቅር ዚግበኣና። ከመይሲ ገና ሓጥኣን ከለና እዩ ክርስቶስ ንዓና ኣፍቂሩና። (ሮሜ 5፣8)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ዮሃንስ 3/ 1 ዮሃንስ 4፣7-21/ 1ቆረንቶስ 12

ኣብዚ ሰልስተ ክፍሊ እዚ ፍቕሪ ንሓድሕድና ብኸመይ መገዲ ክንትግብሮ ከምእንኽእል ኢና እንመሃር። እቲ ናይ ፍቕሪ ሃዋርያ ከምኡውን ሃዋርያ ጳውሎስ ብሰፊሑ ብዛዕባዚ የስተምህሩ። ጽማቑ ትሕዝቶኡ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ውሉድ ኣምላኽ ምዃንና ውጽኢት ናይ ዓብዪ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ
- ምፍራስ ሕጊ፣ ስለዚ ድማ ጽልኢ ንሰባት፣ ፍቕሪ ኣምላኽ ካብ ምዝንጋዕ እዩ ዚመጽእ
- ሓዉ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ። ሰብ ንኣሕዋቱ ህይወቱ ክሳዕ ምሃብ ኬፍቅር ግና እዚ እዩ ክርስትና
- እቲ ሃዋርያ ድማ እቶም ኣመንቲ ናብቲ ፍረ መንፈስ ኬድህቡ ንሱ ኪሓስቡ ይምዕዶም
- ንሓድሕድና እንተተፋቐርና ኢና ፍቕሪ ኣምላኽ ኣባና እትነብር፣ ምስኡ ድማ ሕብረት ዚህልወና

- ፍቕሪ ግና ኪንዮ ብዛዕባ ርእስኻ ምሕሳብ፣ ናትካ ነገር ምስትብሃልን እዩ፣ ፍቕሪ ንብጻይካ ተቐድም

## መዛተዪ ሕቶታት

1. ናይ ክርስትያን ፍቕሪ ብዘይካ ብናይ ክርስቶስ ብዝኾነ ካልእ ነገር ኣይትምዘንን። ፍቕርኻ ከመይ ኣላ?
2. ንሓዉ ዚጸልእ ቀታል ነፍሲ እዩ ብመሰረት 1ዮሃንስ 3፣14። ካብ ናይ ቅትለት ገበን ነጻ ዲኻ?
3. ንፍቕሪ ኬድካ ኢኻ እተምጽኣ። ማለት ስለ ፍቕሪ ኢልካ ዋላ ነቲ ዚጸልኣካ ኬድካ ተናድዮ፣ ንፍቕሪ ድማ ግዲ ትብሎ። (ሮሜ 5፣8) ከምዚ ጌርካ ትፈልጥዶ? እስከ ግለጾ።
4. ዜፍቅር ሰብ ብኸመይ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ኣለዎ ክንብል ንኽእል?
5. "ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ። እቲ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ።" (1ዮሃንስ 4፣8) እዚኣ ንህወትካ ከመይ ትመዝነካ?

## መጠቓለሊ

ፍቕሪ ኣብ ክርስትና መለኮታዊ መምዘኒ እዩ ዘለዋ። ክርስቶስ ገና ሓጥኣን ከሎና እዩ ፍቕሩ ኺገልጸልና ሞይቱልና። ንሕና ድማ ንሰባት ብደረጃ ሓሳብ ዋላ ካብ ምጽላእ ወይስ ብኣሉታዊ መገዲ ካብ ምርኣዮም ርሒቕና፣ ከምእነፍቅሮም ክንሓስብ እዩ ዕዳና። ኣሉታዊ ሓሳብ ብዛዕባ ኣሕዋት እንተሓዝና ግና ከይተረድኣና ናብ ቀተልቲ ነፍሲ ኢና እንቕየር። ስለ ፍቕሪ ኢልና ግና ባዕልና ንኣሕዋት ክንደልዮም ንዕርቂ ንሰላም ክንደልዮም ይግብኣና። ከምኡ እንተኾይኑ፣ መዓይይቲ ኣምላኽ ንኸውን ኣሎና። ከመይሲ ንሱ ንዓለም ምስኡ ብወዱ የሱስ ክርስቶስ ይዓርቃ ኣሎ፣ ንሕና ድማ ዕርቂ ንገብር ኣሎና፣ ብሓደ ሓሳብ ድማ ንሰምር። (2ቈረንቶስ 5፣18-19)

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፣ ንሓድሕድና እንተ ተፋቐርና፣ ኣምላኽ ኣባና ይነብር፣ ፍቕሩውን ኣባና ትፍጸም።"*
*(1ዮሃንስ 4፣12)*

# ሳልሳይ ትምህርቲ - ምሕረት

## መእተዊ

ስድራቤት ኣምላኽ፣ ሰናይ ግብሪ፣ ሰናይ ድሌት ዘለዎ ስድራቤት እዩ። ንሕና "ፍጡራቱ ኢና እሞ፣ ነቲ ኣምላኽ ቀደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ የሱስ እተፈጠርና ኢና።" (ኤፌሶን 2፣10) እዚ ብሓፈሻኡ "ሰናይ ግብሪ" ተባሂሉ ዘሎ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ሰናይ ነገራት ዝሓቑፈ እዩ። ኣብ ስድራቤት ድማ ብዙሕ ነገራት ከምዘሎ ርዱእ ነገር እዩ። ምስ ሓወይ ምስ ሓብተይ፣ ምስ ኣደይ ምስ ኣቦይ ኩሉሳዕ እሰማማዕ፣ ኩሉሳዕ ባህ ዘብልኒ ይግበር ማለት ኣይኮነን። ግናኸ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ኣብታ ስድራቤተይ፣ ኩሉ ኣባል ሰናይ ድሌት ኣለዎ። ምእንቲ እታ ስድራቤት ኢሉ ኩሉ በደል ይሕደግ፣ ኩሉ መግናሕቲ ይጽወር፣ ንኹሉ ጌጋታት ድማ ምሕረት ይግበር። ኣብ ማሕበር ክርስቶስ፣ ኣብ ስድራቤት ኣምላኽ ድማ ከምኡ እዩ። "... ምሕረትሲ ኣብ ፍርዲ ትምካሕ እያ።" (ያእቆብ 2፣13) እዚ ዜርእየና፣ ኣብ መንግስታዊ ህይወት ናይ ቤተክርስትያን፣ እቲ ዝለዓለ ዝምድና ኣባላት "ብምሕረት" ንሓድሕድካ ምቕብባል እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ንሰብ ዝቐለለ ነገር ናይ ሕነ ምፍዳይ መንፈስ ምህላው እዩ። ንዝበደሎ ኪብድል፣ ንዝጸልኦ ኪጸልእ እቲ ናይ ሰብ ተፈጥሮኣዊ ግብረ መልሲ እዩ። ጎይታ ንማሕበሩ ኣብ ምድሪ ኪስርታ ኸሎ ግና፣ ካብቲ ናይ ፍቕሪ ባህርዩ ተማቓሊት ብምግባር እዩ ጀሚሩ። ካብዚ እተላዕለ ኣብ መላእ ናይ ሰለስተ ዓመታት ኣገልግሎቱ "ምሕረት" ይገብር ነይሩ። ንኻልኦት ድማ ምሕረት ኪገብሩ ይምህር። ካብ ቀንዲ ማእከል ናይ ጸሎት ድማ "ይቕረ ምባል" ከም መፍትሕ ገይሩ ኣቐሚጡዋ። "ንሕና ንዝበደሉና ከምዝሓደግናሎም ...።" (ማቴዎስ 6፣12) ኣብ መንጎ ሓድሕድና ኪህሉ ዘለዎ ዕዳ ንሓድሕድካ ምሕረት ምግባር እዩ፣ እዚ ድማ ባህርይ ናይ ጎይታ ከምእንሕዝ ይገብረና። (ሆሴእ 6፣6) ከመይሲ ወንጌል ብመሰረቱ ምሕረት እዩ እቲ መልእኽቱ። ነዚ ክንሓልፎ ወይስ ካብኡ ክንምዕብል ኣይንኽእልን ኢና። ንምሕር፣ ይቕረ ንብል፣ ... ደሓር ድማ ንምሕር። ንሓጥእ፣ ነቲ ዝበደለና፣ ነቲ ዘጕሃየና ክንምሕር ክሳዕ እንኽእል ክሳዕዚ ኢና ብክርስቶስ እንዓቢ። እዚ ነይሩ ዕቤት ናይ ክርስቶስ። ከምኡ ድማ ይኸውን ናይ ስድራቤት ኣምላኽን ናትናን ዕቤት። (ማቴዎስ 23፣34)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ነገስት 2፣1-9/ ዮሃንስ 8፣1-11

ኣብዚ ብዛዕባ ፍድርን ምሕረት ዚገልጽ ሓሳብ ኢና እንርኢ፣ ናይ ዳዊት ናይ ሕነ ምፍዳይ መንፈስ፣ ናይ የሱስ ድማ ናይ ምሕረት መንፈስ። ኣብ መንጎ ናይ ሰብን ናይ ኣምላኽን ንግስነት ዘሎ ፍልልይ ከኣ ንርዳእ። በዚ መሰረት ጽማቝ ትሕዝቶኡ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ሰብ ዋላ ኣብዚ ዘመንውን ኣእምሮኡ ከምቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ሰባት እዩ፣ ሕጊ ደኣ ገዲፉዎ እምበር ንበደልቱ ከምቲ ኣብ ልቡ ዚስምዖ እዩ ኺገብር ዚደሊ
- ዳዊት ሓንቲ ከየጕደለ ንዝበደሉዎ ሕነ ከይፈደየ ኪመውትውን ፍቓደኛ ኣይኮነን፣ ኩሉ ሰብውን ከምኡ እዩ
- ሰብ ግና ብፍርዲ'ውን ምሉእ ኣይኮነን፣ ነዚ ኣብቲ ፈላላዩ ዝኾነ ኣመለኻኽታኡ

ንረኽቦ

- የሱስ ክርስቶስ ምሕረት በቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ኣቢሉ እዩ ኣርእዩና
- ክርስቶስ ኪፈርድ ብቑዕ ነበረ፣ ዋላ ነታ ሰበይቲ ሞት እንተዚፈርዳ ቅኑዕ ምኾነ
- ናይ ጎይታ ሓጎስ ምሕረት ምግባር እዩ፣ ዋላኳ ጻድቕ ፈራዲ እንተኾነ
- ክርስትና ንምሕረት ክሳዕ መወዳእታ ምንዳያን ምግባራን'ዩ፣ እዚ ናይ "ሰብዓ ሳዕ ሸብዓተ" መትከል'ዩ (ማቴዎስ 18፣22)

## መዛተዪ ሕቶታት

1. ዝኸፍአ በደል ኣብ ልዕሌኻ ዝተፈጸመላ መዓልቲ ትዝክራዶ? እስኪ ግለጻ።
2. ነቲ ዝኸፍአ በደል ኣበደለካ ሰብ ክትዝክሮ ወይ ክትሓስቦ ኸለኻ እንታይ ይስመዓካ?
3. ኣብ ቤተክርስትያን ብፍላይ ከኣ ኣብ ሕብረትካ እንታይ ዓይነት ናይ ዘይምምሓር ነገራት ርኢኻ ኣሎኻ?
4. ንርእስኻ ብምሕረት ክትዕቅና ኸለኻ ከመይ ረኺብካያ?
5. ሰብዓ ሳዕ ሸብዓተ ጊዜ ንዝበደለካ ክትምሕር ድሉው ዲኻ?

## መጠቓለሊ

ዝተበደለ ኣይርስዕን እዩ፣ ንዝክሮ በደላት ካልኦት ኣብ ልዕሌና ብዙሕ ኪህሉ ይኽእል። ንሕና ዝበደልናዮ ግና ብዙሕ ይንዝክሮን፣ እዚ ኪምህረና ዚግብኦ በደል ካልኦት ድማ ይኺድ ክንሓድጎ ከምዘለና እዩ። ምርሳዕ ጊዜ ይወስድ ምሕዳግ ግና ቀልጢፍካ ኪግበር ይከኣል እዩ። ኣብ ቤት ኣምላኽ ዘይምምሕሓር እንተርኤና፣ ቅድሚ ኹሉ ንሕና ኢና ተሓተትቲ እሞ ምሕረት ክንለብሳ ክንጋደል ይግበኣና። እዚ ኸኣ እዩ ጸጋ። ከመይሲ መሓርቲ እዮም ምሕረት ዚረኽቡ፣ ጸሎቶም ድማ ዚሰማዕ። ስለዚ ነፍሲወከፍና ናይ ምሕረት ዕዳ ኣሎና።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"መሓርቲ ምሕረት ኪረኽቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም።"*
*(ማቴዎስ 5፣6)*

# ራብዓይ ትምህርቲ - ትሕትና

## መእተዊ

“እቲ ኣባኻትኩም ዓብዪ ምዃን ዚደልስ፣ ግዙእኩም ደኣ ይኹን።” (ማቴዎስ 20፣26) እዚ እዩ ናይ ክርስትና ናይ ዓለምን ፍልልይ። ትሕት ብምባል እዩ ናይ ክርስትና ዕቤት ዚጅመር፣ ኣብ ዓለም ግና ከምኡ ዘይኮነ፣ ዕቤትካ ብምግናን ርእስኻ ብምፍላጥ እዩ ዚርከብ። ጎይታ ንማሕበሩ ብትሕትና ኽትፍለጥ እዩ ዝመሃረ። ስድራቤት ኣምላኽ እምበኣር ህያው ኮይና እትቕጽል፣ ነፍሲ ወከፍ ነቲ ሓደ ካብ ርእሱ ኣቢጹ ኺርኢ ኪሓሊ ኸሎ እዩ። (ፊልጲ 2፣4) ሕጂ ትሕትና ኪበሃል ከሎ ብግቡእ ምርዳኡ የድልየና። ትሕትና ማለት ስቕ ዚብል ምዃን ማለት ኣይኮነን። ዋላውን ንሰባት ድፍእ ኢልካ ሰላም ምባል ማለት ኣይኮነን። ኣብ ሕብረተሰብና ብዙሕ ከምዚ ዓይነት ኣጉል ትሕትና ይረአ እዩ። ትሕትና ግና ብዛዕባ ርእስኻን ካልኦትን ቅኑዕ ዝኾነ ኣመለኻኽታ ምህላው እዩ። (ሮሜ 12፣3) ትሕትና ብውሽጥኻ ሕማቕ እናተሰምዓካ ብደገኻ ጽቡቕ ከምዝተሰምዓካ ምምሳል ኣይኮነን። ምስ ትሕትና ሰናይ ድሌት ኪህሉ ኣለዎ። እዚ እዩ ናይ ክርስትያን ትሕትናዊ ምምልላስ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ብትሕትና ምምልላስ ብሓቂ ዋጋ ዜኽፍል ነገር እዩ። ምስ ትሕትና፣ ምጽውዋር ሓቢሩ እዩ ዚኸይድ። ነቲ ሰብ ክትረብሖ ስለእትደሊ፣ ብክርስቶስ ብፍጹም ፍቕሪ ስለእተፍቅሮ ኢኻ ከይተሓለልካ ትጸሮ። “ብትሕትና ዘበለን ብለውሃትን ብህድኣትን ንሓድሕድኩም ብፍቕሪ እናተጻወርኩም ...።” (ኤፌሶን 4፣2) ነዚ ዝያዳ ኹሉ ካብ ጎይታ ኢና እንመሃሮ። ንይሁዳ ዚኣክል ሰብ ክሳዕ መወዳእታ ተዓጊሱ ጸይሩዎ። መወዳእትኡ ኸኣ፣ ይሁዳ ካብ ጎይታ “እዚኣ ጎዲላትኒ” ኪብል ክሳዕ ዘይክእል እዩ ናይ ጎይታ ሓልዮት ረኺቡ። ትሕትና መግለጺ ጸጋ እዩ። ኣብዚውን ሰብ ብዓጸፌታዊ ግብረመልሲ ኪመላለስ እዩ ዚቐሎ። ንክርስትያን ኣማኒ ድማ እቲ ሓደጋ ንሱ እዩ፣ ሰብ ከምቲ ዝገበሩኻ ምግባር። ንኸምዚ ጸጋ ኣየድልዮን እዩ፣ ጸዊርካ ብትሕትና ንኽትመልስ ግና ጸጋ ኣምላኽ ይሓትት። ኣብ ስድራቤት ኣምላኽ እምበኣር ንሱ እዩ ዚድለ።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ኢሳይያስ 53/ 2ቈረንቶስ 10-11

ክልተ ዓይነት መግለጺ ትሕትና ኢና ኣብዚ እንረክብ። ኣብቲ ሓደ ናይ ጎይታ ናይ መስዋእትነት ትሕትና፣ ኣብቲ ሓደ ድማ ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ምምጽራይ ብዛዕባ ቅኑዕ ኣመለኻኽታ ናይ ርእሱ። ኣብ ክልቲኡ ትሕትና ይግለጽ ኣሎ፣ ጽማቕ ትሕዝቶኡ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ክርስቶስ ስለ ፍቕሪ ንደቂ ሰባት ክሳዕ መወዳእታ ክሳዕ'ቲ ዝተሓተ ደረጃ ትሒቱ (ምስ ፊልጲ 2፣5-11 ኣነጻጽር)
- ሰባት ነቲ ቅኑዕ መንነቱ ኺርእዩዎ ኣይከኣሉን ብምኽንያት ትሕትናኡ
- ትዕግስቱን ዓቕሉን ብናይ በጊዕ ባህርይ ተገሊጹ ንረኽቦ፣ “ምዕጉርትኻ ንዝዘበጠካ እታ ኻልኣይቲውን ምለሰሉ” ከምዚ እያ (ጸጋ)
- ትሕትና ካብ ፍልጠት መንነቱ ይብገስ፣ መንነቱ ዚፈልጥ ሰባት ኣብ ልዕሊኡ

ዚፍጽምዎ ነገር ኣይዓጅቦን እዩ
- ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ መንነቱ ኺመጻረ ኸሎ፣ ቅኑዕ ስእሊ ህይወቱ የርኢ፣ ትምክሕቱ ኣብ ጸጋ ኣምላኽ ነበረ
- ቡቲ ኣምላኽ ዝሃበና መስፈር ኢና እንምካሕ ኪብል ከሎ፣ ርእሱ ኼተዓባቢ ከምዘይደሊ እዩ ዚነግር ዘሎ
- ብትሕትና ወንጌል ምስባኹ፣ ኪምክሓሉ ዚኽእል ነገር ስለዘይብሉ ከምዘይኮነ የረድእ
- ክርስትያን ገለ ስለዘይብሉ ኣይኮነን ኪትሕት ዘለዎ። ዚምክሓሉ ስለዝሰኣነ ዘይኮነስ ነሕዋትን ንኻልኦትን ኪረብሕ ምእንቲ እዩ

## መዘተዪ ሕቶታት

1. ብዛዕባ ትሕትና ካብዚ ዘንበብካዮ ክፍልታት ዘይትፈልጦ ዝነበርካ ሐጂ ዝተረድኣካ እንታይ ኣሎ?
2. ብትሕትናኡ ዝያዳ ዚምስጠካ ሰብ ኣብ ህይወትካ መን ትፈልጥ? ከመይ ይመስል ህይወቱ?
3. ካብ ናይ ጎይታ የሱስ ናይ ትሕትና ህይወት እንታይ ዝያዳ ተማሂርካ?
4. ትሕት ኢልካ ንኻልኦት ምግልጋል ንዓኻ ዚከኣል ድዩ ወይስ ይኸብደካ?

## መጠቓለሊ

እዚ ትሕትና ዚብል ኣርእስቲ ኣብ ብዙሕ ዓይነት እምነታት ዚርከብ ኪኸውን ይኽእል። ካብ ናይ ብዙሓት ሰዓብቲ ካልእ ሃይማኖታት ዝያዳ እቲ ማእከላይ ኣማኒ ትሕትና ዘለዎም ዚምስሉ ኽንረክብ ንኽእል። ግናኸ ናይ ክርስትያን ትሕትና መንነትካ ካብ ምፍላጥ እዩ ዚብገስ እሞ ፍሉይ እዩ። ዕቤት ብትሕትና ከምዚርከብ ትምህርቲ ጎይታ ኢና እንስዕብ። ሓያሎ ናይ ኣገልጋሊ ህይወት ዘለዎ ብትሕትና ዚመላለሱ ንርኢ ኢና። ገሊኦም ኣብ ህይወትና ዓብዪ ጽልዋ ዘለዎም እዮም። እዚኦም እዮም ናትና ሞዴል ወይስ መምህራን ኪኾኑ ዚግብኦም። ሓደ ክርስትያን ድማ ከምኡ ኺይኑ፣ ብትሕትና ኪመላለስ ክሳዕ ዚኽእል ክሳዕ ክንድዚ ኪዓቢ እዩ ፍቓድ ጎይታ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"እቲ እግዚኣብሄር ዚንእዶ እምበር፣ እቲ ንርእሱ ዚንእድ ኣይኮነን ተፈቲኑ ዚወጽእ። ስለዚ እቲ ዚምካሕ ብእግዚኣብሄር ይመካሕ።"*
*(2ቆረንቶስ 11፣17-18)*

# ሓምሻይ ትምህርቲ - ኣገልግሎት

## መእተዊ

ኣብታ ኣብ ማቴዎስ 20፣26 ኣብ ዝሓለፈት ትምህርትና ዝጠቐስናያ ናይ ትሕትና ጥቕሲ ጎይታ ብዛዕባ ምግልጋል እዩ ዚዛረብ። "እቲ ኻባኻትኩም ምርኡይ ኪኸውን ዚደሊ ኸኣ፣ ባርያኻትኩም ይኹን" ኢሉ ይቕጽል። (ማቴዎስ 20፣27) ቅጽል ኣቢሉውን ንሱ ንባዕሉ ኼገልግል እምበር ኪግልገል ከምዘይመጸ ይዛረብ። ጽወዓ ክርስትያን ንኼገልግል እዩ። እዚ ድማ ካብ ፍቕሪ ዚምንጩ ነገር እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ እዚ ነገር ተረዲኡ፣ "ፍቕሪ ክርስቶስ ደሪኹና እዩ እሞ፣ እንተተጸለልና ንኣምላኽ፣ ምስ ቀልብና እንተኾንናውን ንኣኻትኩም ኢና" ይብል። (2ቈረንቶስ 5፣14) ናይ ኣምላኽ ፍቕሪ፣ እቲ ብክርስቶስ ዝተገብረልና እሞ ዝተዋህበና ጸጋ እንተተረዲኡና፣ ካብ ምግልጋል ሓሊፍና እንገብሮ የብልናን። እቲ ምግልጋል ምድራዊ ዓስቢ፣ ናይ ሰባት ኣፍልጦ ወይስ ኣድናቖት ከይተጸበኻ፣ ዘገልገልካዮ ክንዲ ምስጋና ጸርፌ ወይስ ካልእ ነዚ ዚመስል ኪመልሰልካ ድሉው ኴንካ፣ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣመለኻኽታ ኴንካ እትገብሮ እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ኣብዛ ትምህርቲ እዚኣ ንሓድሕድና ከነገልግል ከምዘሎና ዘይኮነስ ንሓድሕድና ነገልግል እንተሃሊና ኢና ኽንግምግም። ብርግጽ ነሕዋቱ ዘየገልግል ክርስትያን ብዛዕባ ርእሱ ጥራይ ምሕሳብ ዘየቋረጸ ቀልዓ እዩ ክንብል ንኽእል። ከመይሲ ኣብ ክርስትና ምዕባይ ማለት፣ ካብ ርእስኻ ኣብሊጽካ ብዛዕባ ካልኦት ምሕላይ እዩ። እቲ ኣብዚ ዚበጽሕ ጸጋ ኣምላኽ ከምዝበዝሓሉ እዩ ዜርኢ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ እዩ ዚብለና፣- "ነፍሲ ወከፍ ከምቲ እተቐበሎ ውህበት ጸጋ፣ ከም ሕያዎት መገብቲ ናይቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ጸጋ ኣምላኽ ንሓድሕድኩም ኣገልግሉ።" (1ጴጥሮስ 4፣10) እቲ ሃዋርያ ዚብሎ ዘሎ እንተኣስተውዓልናዮ "ሕያውነት" እዩ ኪኸውን ዘለዎ ምንጪ ናይ ኣገልግሎትና፣ ስለ ገለ ኻልእ ዘይኮነስ፣ ፍቕሪ ጎይታ ዝበዝሓሎም ሕያዎት ዝለዘይኮንና። ኣገልጋሊ ክሳዕ መውዳእታ እዩ ዜገልግል፣ ኣይሕለልን ኣይደክምን። (ሮሜ 12፣8)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ግብሪ ሃዋርያት 20፣17-38/ 1ቈረንቶስ 9

ኣገልግሎት ሃዋርያ ጳውሎስ ዓብዪ ኣብነት ዚኾነና ናይ ኣገልግሎት ህይወት እዩ። እቲ ሃዋርያ ጉያኡ ጻዕሩ ኹሉ ነቲ "ንጎይታ ዝነበሮ ቅንኣት" የርእየና። ንኻልኦት ከመይ ካብ ርእሱ ኣብሊጹ ዚርኢ ኽምዝነበረውን የመልክተና። ጽማቚ ትሕዝቶ ናይዚ ክፍሊ እዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ምግልጋል ዚጠቅም ዘበለ ኹሉ ንኻልእ ምምቓል የጠቓልል
- ልቢ ኣገልጋሊ ብሓልዮት ካልኦት ዝመልአ እዩ፣ ኣገልግሎት ዝያዳ ኹሉ ናይ ልቢ ነገር እዩ
- ኵሉ እቲ ዚግልገል ብፍቕሪ ክሳዕ ዚማረኽ ኢኻ ኣገልግሎትካ እትምልእ
- ኣገልግሎት ኵሉ ምኽሪ ኣምላኽ ኽእጕድልካ ኢኻ እትፍጽሞ
- ኽተገልግል ከለኻ፣ ብሰብ በቲ እተገልግሎ ኹሉ ኽትነዓቕ ዚከኣል እዩ
- ንዜገልግል ዓስቢ ይግብኦ እዩ፣ እንተኾነ ግዲ ኢሉ ዚጠልቦ ኣይኮነን

- ምግልጋል ብሓጎስ እትገብሮ ደኣ እምበር ሰብ ዜገድደካ ነገር ኣይኮነን
- እቲ ዜገልግል ህይወቱ ኼጥፍእ ወይስ ንመንፈሱ ዜድልዮ መግቢ ኺዝንግዕ ኣይግባእን

## መዘተዩ ሕቶታት

1. ንኣሕዋት ተገልግልዶ ኣሎኻ? እንታይ እዩ ኣገልግሎት ንዓኻ?
2. ንኽይተገልግል እንታይ ዚዓግተካ ነገር ኣሎ? መዓስከ ኽተገልግል ይግብኣካ?
3. ብዛዕባ ኻልኦት ትሓስቦዶ ይበዝሕ ወይስ ብዛዕባኻ ትሓስቦ?
4. ትሕት ኢልካ ንኻልኦት ምግልጋል ንዓኻ ዚከኣል ድዩ ወይስ ይኸብደካ?

## መጠቓለሊ

ምግልጋል ንክርስትያን ህይወቱ እዩ። ዘይምግልጋል ግና ኣብ ክርስትያናዊ ህይወትካ ድኻም ምህላው እዩ። ዝያዳ ኹሉ ድማ ምግልጋል ማለት ብዛዕባ ኻልኦት ምሕላይ ምሕሳብ ምስትብሃል እዩ። እዚ ድማ ዘየቋርጽ ክርስትያናዊ ዕዮና (ኣሳይንመነት) እዩ። ሓደ ክርስትያን ንኽየገልግል ኪዓግቶ ዚኽእል ነገር የልቦን። ኣብ ህይወቱ ዝኾነ መደብ ይሃልዎ፣ ኣብ ጉዕዞ ይሃሉ፣ ፋይናንስያዊ ዓቕሚ ይሃሉ ኣይሃልዎ፣ ክእለት ይሃሉ ኣይሃልዎ ምግልጋል ግቡኡ እዩ። ከመይሲ ኣገልግሎት ናይ ትሕዝቶ ወይ ናይ ክእለት ነገር ዘይኮነ ናይ ልቢ ነገር እዩ። ነቲ ብትሕትና ኼገልግል ድሉው ዝኾነ ድማ እዩ እግዚኣብሄር ጸጋ ዚህቦ። ኣገልግሎትና ካባና ኣይኮነን፣ ካብ ጸጋ ኣምላኽ እዩ፣ ስለዚ ናባና ናብ ርእስና ኼጠምተና የብሉን።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*“ካብ ኵሉ ሓራ ኽነሰይ፣ ኣነ ብዙሓት ምእንቲ ኽረብሕ፣*
*ንርእሰይ ባርያ ኹላቶም ገበርክዋ።”*
*(1ቈረንቶስ 9፣19)*

# ሻድሻይ ትምህርቲ - ብጸሎት ምድጋፍ

## መእተዊ

መንፈሳዊ ስድራቤት ብመንፈሳዊ ምድግጋፍ እዩ ዚንበር። "ነተን ዝሰነፉ ኣእዳው ኣበርትዑ፣ ነተን ወለል ዝበላ ኣብራኽ ድማ ኣደልድሉ" ይብለና ቃል ኣምላኽ። (ኢሳይያስ 35፣3-4) እቲ ነብዪ ብዛዕባ እታ ኽትመጽእ ዝነበራ መንግስቲ ኣምላኽ ኪዛረብ ከሎ ዝተነበዮ እዩ። እዛ ብክርስቶስ ዝተጋህደት መንግስቲ ሕጂ ድማ ስድራቤት ኣምላኽ ኮይና እትግለጽ ዘላ፣ ብሓያል ናይ ምድግጋፍ ባህርያ እያ እትግለጽ። እዚ ዜመልክተና ድማ ኣብ ክርስትና በይንኻ ብርቱዕ ኲንካ ምንባር ዚበሃል ከምዘየሎ እዩ። ክርስትና ሕብረት እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እዚ ሓባራዊ ምድግጋፍ። እቲ ዝለዓለ ንሓውና ክንድግፈሉ እንኽእል መንፈሳዊ ደገፍ ጸሎት እዩ። ጸሎት ምእንቲ ሓድሕድ፣ ጸሎት ምእንቲ ኣሕዋት ብኹሉ ሸነኽ ዝበለጸ ኣብ ማሕበር ክትገብሮ እትኽእል ነገር እዩ። እዚ ድማ ንምብርታዕ ኣሕዋት ኣዝዩ ይጠቅም። (2ቆረንቶስ 13፣9)

## ቀንዲ ሓሳብ

ጸሎት ስለ ኻልኦት፣ ኣብ መንፈስካ ዚወሃበካ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ሓለፋ እዩ። ምእንቲ ኣሕዋት ዚጽልዩ ሰባት ዓብዪ መንፈሳዊ ተጋድሎ ዚገብሩ እዮም። ብምንብርካኹም ድማ ዓብዪ መንፈሳዊ ምስላጥ የምጽኡ። (ቈሎሴ 4፣12) ብሓቂ ከምዚ ዝበሉ ሰባት ኣይሕለሉን እዮም፣ ከመይስ ዚርእዩዎ መንፈሳዊ ፍረ ኣሎ። ነዚ ነገር እዚ ካብ ጎይታ የሱስ ኣጸቢቕና ንመሃሮ። ንሱ ምእንቲ ኻልኦት ብዙሕ ሳዕ ጸልዩ። (ሉቃስ 22፣32/ ዮሃንስ 14፣16) ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ትምህርቲ ኣጸቢቑ ስለዝተረድኦ እዩ ብዛዕባ ምጽላይ ስለ ኻልኦት ኣጥቢቑ ዚዛረብ። ከየብኮረ ከመይ ገይሩ ንኻልኦት ኣሕዋት ይጽሊ ምንባሩ ኽኣ ኣብ ብዙሕ ካብ መልእኽታቱ ንረኽቦ። (ፊልጲ 1፣9/ ቆሎሴ 1፣9/ 2ተሰሎንቄ 1፣11) እዚ ኹሉ ዜርእየና ኣብ ጸሎት ዘሎ ናይ ምዕያይ ናይ ምስላጥ ናይ ምብርታዕ መንፈሳዊ ሓይሊ እዩ። ንሰባት ክንጽልየሎም ከለና፣ ናብ ሓደ መንፈሳዊ ኩነታት ኢና እነሰጋግሮም ዘሎና።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 2ሳሙኤል 12፣16-25/ ዮሃንስ 17፣6-23

ምእንቲ ኻልኦት ምጽላይ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ኣገልግሎት ክርስትያን ምዃኑ ቃል ኣምላኽ የረድኣና። ነብዪ ሳሙኤል ምእንቲ ህዝቢ እስራኤል ከምኡውን ጎይታ የሱስ ምእንቲ ደቀመዛሙርቱ ዝገበርዎ ጸሎት ኣብነት ናይዚ እዩ። ጽማቝ ትሕዝቶ ናይዚ ክልተ ክፍሊ እዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ደቂ እስራኤል ብዘመን ነብዪ ሳሙኤል ንጉስ ኪልምኑ ኸለዉ ኣብ ቅኑዕ ሕብረት ምስ እግዚኣብሄር ኣይነበሩን
- ሳሙኤል ግና ከም ናይ ኣምላኽ ሰብ ንእስራኤላውያን ኣብ ድኻሞምውን ኣይሓደጎምን
- ንእግዚኣብሄር ምእንትኦም ምልማን ምጽላዩ ምሕዳግ ድማ ከም ሓጢኣት ቆጸሮ
- ጎይታ የሱስ፣ ንጸሎት ከም ዓብዪ መንፈሳዊ ነገር ስለዝረኣየ ኣብ መውዳእታ ንደቀ መዛሙርቱ ዝገበረሎም ጸሎት እዩ

- ጸሎት ጎይታ ምእንቲ እቶም ኣሕዋት መንፈሳዊ ትርጉም ንሱ ድማ ሓድነት ነይሩዎ
- ክርስትያን ብዛዕባ ካልኦት ኣሕዋት ኺጽሊ ብግዲ እዩ ዜድልዮ፣ ምሕዳጉ ድማ ሓጢኣት

## ሕቶታት

1. ምስ ካልኦት ክርስትያናት ሕብረት ምግባርካን ዘይምግባርካን ኣብ ህይወትካ እንታይ ፍልልይ ኣምጺኡልካ?
2. ሃዋርያ ጳውሎስ "ከየብኮርና"፣ "ለይትን መዓልትን" "ኩሉሳዕ" ስሌኹም ጸሌና፣ ንጽሊ ኣሎና ወይ ንጽልየልኩም ኣሎና ኢሉ። ነዚ ብኸመይ ትርድኦ?
3. ስለ ኻልኦት እትጽልዮዶ ይበዝሕ ወይስ ስለ ርእስኻ?
4. ብጸሎት ናትካ ወይስ ናይ ካልእ ሰብ እተለወጠ ኩነታት ናይ ኣሕዋት እንታይ ትፈልጥ?
5. ምእንቲ ካልኦት ኣሕዋት ንኽይትጽሊ እንታይ ይዓግተካ?

## መጠቓለሊ

ሕብረት ኣሕዋት ካብቲ ዓብዪ ረብሓኡ ሓደ ንሓድሕድካ እትደጋገፈሉ ምኳኑ እዩ። ብሓደ ብዙሕ መንፈሳዊ ዕዮ ትዓዪ፣ ብዙሕ በይንኻ ዘይተስልጠ ነገራት ተስልጥ። ክርስትያናዊ ጉዕዞ፣ ዋላኳ ናይ ባዕልኻ ቅኑዕ ኣኻያ ዚሓትት እንተኾነ ናይ ሕብረት ጉዕዞ እዩ። ስለዚ ኸኣ እዩ ንሓድሕድካ ምጽላይ ኣገዳሲ ነገር ዝኾነ። ብጊዜ ሃዋርያት ስለ ኣሕዋት ምጽላይ እታ ማሕበር ኣዝያ ተተኩረሉ ዝነበረት ነገር እዩ። (ግብረ ሃዋርያት 12፣5) ብዙሕ ሳዕ ብዛዕባ ርእስና ኣብዚሕና ንጽሊ ንኸውን፣ ንኻልኦት ብጸሎትካ ምሕሳብ ስሊኦም ድማ ምንቃሕ ግና ዝያዳ መንፈሳዊ በረኸት እንረኽበሉ ነገር እዩ። ከመይሲ ስለ ኻልኦት እንጽልዮ፣ ካብ ስስዐ ዝረሓቐ ስለዚኸውን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝያዳ ተቐባልነት ከምዘለዎ ዜጠራጥር ኣይኮነን።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ኣነስ እታ ጽብቕትን ቅንዕትን መገዲ እባ ደኣ ኽምህረኩም እየ እምበር፣ ምእንታኹም ምልማን ብምሕዳገይ ንእግዚኣብሄር ምብዳልሲ ኻባይ ይርሓቕ።"*
*(1ሳሙኤል 12፣23)*

# ሻብዓይ ትምህርቲ - ቤተክርስትያን

## መእተዊ

ቤተክርስትያን እንታይ እያ? ንዝተፈላለየ ቤተክርስትያን ኪበሃል ከሎ ብዙሕ ኣርዳድኣ ኺህልዎ ይኽእል። ንገሊኡ ሓደ መስቀል ዘለዎ ህንጻ፣ ነገሊኡ ኣረገውቲ ብዛዕባ መጻኢኦም ዚሓስቡሉ፣ ንገሊኦም ኣዝዮም ቅዱሳት ሰባት ዚእከቡሉ፣ ንገሊኡ ድማ መዝሙርን ኣምልኾን ምስ ስብቀት መጽሓፍ ቅዱስ ዚግበረሉ ቦታ እያ። ቤተክርስትያን ግና ብመሰረት ቃል ኣምላኽ "ማሕበር ኣምላኽ" እያ፣ "ሕብረት ኣመንቲ ኣሕዋት" እያ፣ "ስድራቤት ኣምላኽ" እያ። ብሓቂ ብፍቕሪ እትልለ ስድራቤት! (2ቈረንቶስ 1፣1/ቈሎሴ 1፣1/ ኤፌሶን 2፣19-20) ሃዋርያ ጴጥሮስ ከኣ "መንጋ ኣምላኽ" ኢሉ ይጽውዓ። (1ጴጥሮስ 5፣2) ብሓጺሩ ግና ቤተክርስትያን ሰባት እዮም፣ ብስም ክርስቶስ ምስ ኣምላኽ ዝተዓረቑ ሰባት እዮም። ካብቲ ዕርቂ ካብቲ ምድሓን እተላዕለ ድማ ብሓደ ዕላማ ምስ ኣምላኽ ብሰላም ይነብሩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ኣብዚ ቅንያት እዚ ኽንመሃሮ ዝቐንና ዝተፈላለየ ኣርእስታት ኩሉ ንስድራቤት ኣምላኽ ዚገልጽ እዩ። ባህርያት ናይታ ስድራቤት ትሕትና እዩ፣ ሓድነት፣ ፍቕሪ፣ ብጸሎት ምድጋፍ፣ ኣገልግሎት እዩ። እዚ ኹሉ ኣብ ካልእ ሕብረት ኪርከብ ዘይከኣል ኣብታ ስድራቤት ኣምላኽ ኣብታ ማሕበር ክርስቶስ እንረኽቦ እዩ። (1ቈረንቶስ 4፣7-10) ስለ ክርስቶስ ኢልካ ጥራይ ኢኻ ብዘይ ገለ ግብረ መልሲ ከተፍቅር፣ ንኻልኦት ብጸጋ ክትሓሊ እትኽእል። ንኻልኦት ከም ኣሕዋትካ ኽትቅበሎም፣ ክርስትያናዊ ጸጋ ይሓተካ። ቤተክርስትያን ድማ እዚ እያ እትውንን፣ ከመይሲ ሰናይ እናገበርካ ንኻልኦት ፍቕሪ ክትልግስ እዚ እዩ ፍቓድ ኣምላኽ። (1ቈረንቶስ 2፣13) ሕጂ ኣብዛ ክፍሊ እዚኣ እንርእዮ እምበኣር ቤተክርስትያን ኣብ ሓቀኛ ክርስቶሳዊ ሓሳብ ከመይ ጌሩ ከምእትነብር እዩ። ደጊምና ክንጸቕሉ ዚግባእ ግና ቤተክርስትያን ማለት ህንጻ ወይስ ስርዓተ ኣመልኾ ወይስ ምእካብ ማለት ዘይኮነ፣ ሕብረት ናይ ኣመንቲ ክርስቶስ እዩ። ካብ ናይ ኣህዛብ ኣነባብራ፣ ካብ ዓለም ዝወጸት ሕብረት!

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ጴጥሮስ 2፣1-17/ 2ዮሃንስ

ቤተክርስትያን ማለት ሕብረት ኣመንቲ እታ ክርስቶስ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ማሕበሩ እያ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ኮነ ዮሃንስ ብዛዕባ ህይወት እታ ማሕበር ንኣሕዋት ዝመዓድዎ እንተርኢና መምርሒ ናይታ ማሕበር እዩ ንሱ። ጽማቕ ትሕዝቶ ናይዚ ክልተ ክፍሊ እዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ደግነት ናይ ጎይታን ፍቕሩን ዝጠዓመ እዩ ከም ክርስትያን ኪመላለስ ዚኽእል
- ህይወት ክርስትና ኣካል ናይቲ ሕሩይ ወለዶ ምዃንካ ካብ ምፍላጥ ይብገስ
- ፍረ ናይ ፍቕሪ ሕውነት፣ ምስ ካልኦት ሰናይ እናገበርካ ምምልላስን ንኻልኦት ምኽባርን እዩ
- ዮሃንስ ኣብ ካልኣይ መልእኽቱ ደጊሙ ብዛዕባ ፍቕሪ ይዝረብ
- ኣብ ምህሮ ክርስቶስ ምጽናዕ ኣብ ሕብረት ኣምላኽ የንብረካ፣ ኣብ ማሕበር

ክርስቶስ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ

- ቤተክርስትያን ቅድሚ ዝኾነ ክትዝንግዖ ዘይብላ ነገር እታ ትእዛዝ ክርስቶስ ንሳ ኸኣ "ንሓድሕድካ ምፍቓር" እያ።

## ሕቶታት

1. ቤተክርስትያን ዚብል ቃል ኪለዓል ከሎ ኣብ ልብኻ መጀመርያ ዚመጽእ ነገር እንታይ እዩ?
2. ቤተክርስትያን ኽትከይድ ኣብኡ ኣብ ኣምልኾ ኽትካፈል ክትጽሊ ከለኻ፣ እንታይ ኣሎ ሓደ ዚገብረካ?
3. ኻልኦት ኣሕዋት ክሳዕ ክንደይ ኣካልካ ምዃኖም ይርደኣካ?
4. ክርስትያናት ንሓድሕድና ዘሎና ፍቕርን ሕብረትን ኣብዚ እዋን ብኸመይ ትገልጾ?

## መጠቓለሊ

ቤተክርስትያን ኣካል ክርስቶስ እያ። እዛ ማሕበር እዚኣ ብቅዱሳን ኣመንቲ ጎይታ ዝቖመት ናይ ጸጋ ሕብረት ምዃና መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። (1ጴጥሮስ 2፣10) ካብ ዕንወት ናይ ስልጣን፣ ካብ ውድቀት ናይ ሰብ ዝመጸት ሓዳስ ማሕበር። ንሕና ብጎይታ ዝኣመንና እቶም ካብ መጀምርታ ንጎይታ ገጽ ንገጽ ዝረኣዩዎ ደቀ መዛሙርቲ ከምኡውን ንሕና እቶም ድሒ ኣያሎ ዓመታት ኣብዚ መወዳእታ ዘመናት ዘሎና፣ ኣካል ናይዛ ማሕበር ኢና። በቲ ኣብ ሓድሕድና ዘሎና ፍቕሪ ሕውነት ተጠርኒፍና ድማ ሓደ ኳንና ንመላለስ። ኣብዛ ፍቕሪ ክሳዕ ዝጸናዕና፣ ኣብ ሕብረት ኣቦን ወድን ንነብር። እዚኣ እያ ቤተክርስትያን። (2ዮሃንስ 9)

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንታ ኣብ (ከተማኹም) ዘላ ማሕበር ኣምላኽ፣ ብክርስቶስ የሱስ እተቐደሱ፣ ቅዱሳን ንምዃን እተጸውዑ፣ ኣብ ኩሉ ስፍራ፣ ኣብኦምን ኣባናን፣ ስም ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ ዚጽውዑ ዘበሉ ኹላቶም፣ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን።"*
*(1ቈረንቶስ 1፣2-3)*

# ሳልሳይ ክፋል
# ወንጌል መንግስቲ

# ወንጌል መንግስቲ

## መእተዊ

መንግስቲ! ብሓቂ ዓብዩ ቃል እዩ እዚ ቃል እዚ። መንግስቲ፣ ንስልጣን ይውክል፣ ንሓይሊ፣ ንግዝኣት፣ ንምልኪ፣ ንግርማ ናይ ንግስነት ወይስ ንምሕደራ ይውክል። መንግስቲ ኣምላኽ ግና ልዕሊ ምድራዊ መለክዒ ስልጣንን ግርማን ዘለዋ ኮይና ብዘይ ደረት ዘመን እትነብር መንግስቲ እያ። ካብ ቅድሚ ፍጥረት ወዲ ሰብ ጀሚራ ንመዋእላት ተኸዊላ ብስዉር ክትዓዮ ድሕሪ ምጽናሕ እያ ኣብዚ ዳሕራይ ዘመናት ብክርስቶስ ተገሊጻ። (እብራውያን 1፣1) መንግስቲ ኣምላኽ ብሓይሊ ምስተገልጸት፣ ኣዋጅ ኣዊጃ፣ ብመገዲ ዮሃንስ መጥምቕ ኣቢላ ምቕራብ ድሕሪ ምብሳር፣ በቲ ወራሲ ኩሉ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ማእከል ደቂ ሰብ ተጋሂዳ። (ማርቆስ 1፣15) እዛ መንግስቲ ኣጀማምራኣ ንእሽቶ ከም ፍረ ኣድሪ እዩ ነይሩ። (ሉቃስ 13፣19) ምድሪ ክሳዕ እተኅልብብ ግና ናይ ሰላም ኣዋጅ ንደቂ ሰብ ተነጊሩ። (ግብረ ሃዋርያት 12፣24) ወንጌል መንግስቲ ንብዘላ ዓለም ተነጊሩ። ደቂ ሰብ ድማ ኣብ ጽላላ ክሳዕ ዜዕቁቡ ምድሪ መልአት፣ ገና ድማ ትመልእ ኣላ።

## ቀንዲ ሓሳብ

መንግስቲ ኣምላኽ "ብስልጣንን ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስን" ዕዮኣ ኣብ ምድሪ ይቕጽል ኣሎ። (1ተሰሎንቄ 1፣5) ናይዚ ወንጌል ሓይሊ ዕዮኡ ከም ናይ ለመምታ ውሒዝ ኣካይዳ እዩ። ብውሽጢ ስለዚዓዩ ምናልባሽ ሓያላት ዚዓብጥዎ፣ ናይ ዓለም ሓይሊ ዚጭፍልቖ እዩ ዚመስል። ግናኸ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ከም ብሑቕ ቀስ ኢሉ እዩ ዚዓዪ። (ሉቃስ 13፣20-21) ተመኩሮታት ብዙሓት ህዝብታት ነዚ ይምስክር። ኣብ ሃገር ቻይና ክርስትና ብብርቱዕ ናይ ኮምዩኒዝም ጭፍለቓ ተሰቒዩ ነበረ፣ እንተኾነ ምድሪ ክሳዕ ዜኅልብብ ምዕባዩ ቀጸለ። ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣውሮጳ፣ ኣመንቲ ኣብ ትሕቲ ሓያል ጭፍለቓ ተሰቀዩ፣ ወንጌል ግና ልቢ ሰባት እናሰዓረ ምዝርሑ ቀጸለ። ባህርይ ወንጌል እዚ እዩ። ንክርስትና ንምጥፋእ ብዙሕ ተፈቲኑ፣ ሓያል ጻዕርታት ተኻዪዱ፣ ጭልምልም ትብል እትመስል ብርሃን ወንጌል ግና ንብዘላ ዓለም ክሳዕ እትደጕሕ ምብርሃ ቀጺላ፣ ኣባና ድማ በጺሓ ኣላ። ንሕና ኣብዚ ዘመን እዚ ናይ ወንጌል ሽግ ተረኪብና ዘሎና ነዚ ብርሃን ንወለዶና ነጊርና መንግስቲ ኣምላኽ ንምስፋሕ ኢና ተጸዊዕና። ኣቤት ዕድል፣ ኣቤት ግሩም ዕጫ፣ ንጸልማት ብብርሃን ክንቀዶ ዝተዋህበና ጸጋ እንተነስተውዕል!

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- እብራውያን 1/ ግብሪ ሃዋርያት 2-3

ወንጌል መንግስቲ፣ ብስራታዊ ኣዋጅ መንግስቲ ማለት እዩ። ኣብ እብራውያን ናይቲ ወንጌል ኣጀንዳ፣ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ድማ ምስፍሕፋሕ ናይታ መንግስቲ ኢና እንርኢ። ከመይ ገይራ ንሰባት ናብ ምእዛዝ ከምእተምጽኦም ንርዳእ፣ ጽማቑ ትሕዝቶ ናይዚ ክፍሊ እዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ወንጌል ምንጋር፣ ውርሻ ናይ መንግስቲ ክርስቶስ ምብሳር እዩ
- ክርስቶስ ከም ዝመጸን መንግስቱ ከምዝወረሰን ምንጋር ምስኡ ምንጋስ እዩ
- መንግስቲ ኣምላኽ መንግስቲ ክርስቶስ እያ፣ ዝኾነ ካልእ ፍጡር ድማ ኣይጨበጣን

- እቲ ዚገርም፣ እታ መንግስቲ ብቓል ስብከት እያ ትእወጅ፣ ብዘይ ስብከት ወንጌል መንግስቲ ክርስቶስ ክትሰፍሕ ኀይታ ኣይፈቐደን
- ኣሰራርሓ ናይታ መንግስቲ ብቓልን ብዚስዕብ ተኣምራትን እዩ
- ንሰባት ድማ ብውሽጣዊ ርትዒ እያ ናብ ምእዛዝ እተምጽኦም፣ እዛ መንግስቲ ብሓይሊ ኣይተገድድን እያ
- ወንጌል መንግስቲ ምእዋጅ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እዩ ንዓና ዚከኣለና

## ሕቶታት

1. መንግስቲ ኺበሃል ከሎ ንዓኻ እንታይ እዩ ዚርደኣካ?
2. ካብ መንግስቲ ዝወጸ ቃል እንታይ ስልጣን ኣለዎ? ኣብነት ናይዚ ሃብ።
3. ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ንምንታይ ኢኻ ክትሰብኽ ዘሎካ? እንተዘይሰበኽካኸ?
4. ወንጌል መንግስቲ ትሰብኽዶ? ንመንን ብኸመይን ሰብኽካ? ክሳዕ ክንደይክ ተዘውትሮ?
5. እንታይ ኣሎ ወንጌል ካብ ምስባኽ ዚዓግተካ ወይስ ዜፍርሃካ?

## መጠቓለሊ

መንግስቲ ማለት ናይ ምልኪ ግዝኣት (ዶሚንየን) የመልክተና። ኩለን መንግስታት ህልውነአን ዘረጋግጻሉ ሓይሊ ወይስ ጽንዓት ኣለወን። ነዚ መንግስታዊ ህልውና ድማ ብሓይሊ ቃል ወይ ኣዋጅ ወይ ቅዋማዊ ሕጊ የጽንዮኦ። ቃል ናይ መንግስቲ ምንጋር እምበኣ ነታ መንግስቲ እተስፍሓሉ መገዲ እዩ። መንግስቲ ኣምላኽ ብቓል ስብከት እያ እትእወጅ። ንሕና ድማ ወንጌል ክንሰብኽ ከለና ኢና ኣብ ምስፋሓ እንሓብር። ዘይምስባኽና ግና ንመንግስቲ ኣምላኽ ከይተስፋሕፍሕ ኢና እንዓግታ፣ ስለዚ ኸኣ ዘሰናኽሉ ሰባት ኢና። (ማቴዎስ 12፣30)

## እትጽናዕ ጥቕሲ፣- ኣዋጅ

*"ንሱ የሱስ ክርስቶስ ጎይታና፣ ካብ ምዉታት ብምትንሳኡ፣ ብመንፈስ ቅድስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ብሓይሊ (ተጋህደ)።"*
*(ሮሜ 1፣4)*

# ቀዳማይ ትምህርቲ - ቓል ትንቢት

## መእተዊ

ብስራት ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ "ኣዝዩ ዝጸንዐ ቓል ትንቢት" ተባሂሉ ተጠቒሱ ኣሎ። (2ጴጥሮስ 1፣19) እዚ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትና ኣዋጅ መንግስቲ ኢልና ዝገለጽናዮ፣ ሰብ ኪእውጆ ዝተዋህበ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ እዚ ኣዋጅ ብቛንቋ ግሪኽ "ከሪይግማ" ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ማለት ከም ቃል መንግስቲ ንህዝቢ "ኩሉ እቲ ዚሰምዕ ይፍለጥ" ማለት እዩ። ኣዋጅ ተነጊሩ እዩ እሞ፣ ኩሉ እቲ ነዚ ዚሰምዕ ይተኣዘዝ፣ ከመይሲ ቃል መንግስቲ እዩ። ንወንጌል እምበኣር ክንነግሮ ኸለና ንእውጅ ከምዘሎና ኪርደኣና ኣለዎ። ልቢ ሰባት ብእኡ ኺእዘዝ ኣለዎ። ኣነ ናይዚ "ኣዋጅን ነጋርን እየ" ዚብል ኪኸውን ኣለዎ መልእኽትናን ህይወትናን። (2ጢሞቴዎስ 1፣11) ንርእስና ክንሓትት ዘሎና ድማ ብሓቂ ነቲ ዝተዋህበና መልእኽቲ ኪጸውር ዚበቅዕ ህይወት ኣሎና ድዩ? ዚብል እዩ። ሰባት ንህይወትና ኺርዩ ኸለዉ ምስ መልእኽትና ዚሰማማዕ ኮይኑዶ ይረኽቡዎ? ኸመይሲ ሓይሊ ናይ ወንጌል ኣብቲ መልእኽተኛ እዩ ዘሎ። እቲ መልእኽቲ ሓደ እዩ "የሱስ ክርስቶስ ጎይታን መድሓንን ኮይኑ መጺኡልካ ኣሎ፣ ብእኡ እመን እሞ ድሓን!" እዚ ሓይሊ ዘለዎ ቃል መንግስቲ ዚኸውን ኣብ ጸዋሪኡ ይምርኮስ፣ ሓይሊ ድማ ምስ ህይወትና እተተሓሓዘ እዩ። ህይወትና ሓይሊ ኣለዎዶ? ከመይሲ ወንጌል ሓይሊ እዩ፣ ሓይሊ ኣምላኽ። (ሮሜ 1፣16)

## ቀንዲ ሓሳብ

ሃዋርያ ናይ ሰብ ወይስ ናይቲ ወንጌል ነጋሪ ህይወት ተራ ኣብ ምስላጥ ዕዮ ወንጌል ኣጸቢቑ ዝተረድኦ ይመስል። ከመይሲ ንወንጌልን ንወንጌል ዚነግርን ፈላልዩ ኣይርእን እዩ። "ሓንትስ ንብረትኩም ንወንጌል ክርስቶስ ዚበቅዕ ጥራይ ይኹን" ኪብል ከሎ ነዚ የረድኣና። (ፊልጲ 1፣27-28) ከመይ ዓይነት ህይወት ኣሎካ፣ ካብ ቃላት ኣፍካ ንላዕሊ ይዛረብ እዩ። ስለዚ እቲ ህይወትካ እዩ ነቲ እትነግሮ ወንጌል ስልጣን ዚህቦ። ነዚ እዮም ናይ ኣምላኽ ሰባት "ላይፍ ስታይል ኢቫንጀሊዝም" ዚብልዎ። ብህይወትካ ወንጌል ምንጋር፣ እቲ እትነሮ ቃል ሽዑ ትንቢታዊ መልእኽቲ ይህልዎ። ዚበዝሕ እዋን ግና ሰባት ዘሰምዑና ኣብ መንጎ እቲ እንብሎን እቲ እንነብሮን ፍልልይ ኺርእዩ ከለዉ እዩ። "ከምዚ እንዲኹም ትገብሩ" ዚብል ቃል ንዓና እዩ ኺወቅስ ዚግባእ፣ ሰባት ብዙሕ ጊዜ ምስ ወንጌል ዘይኮነ ምሳና እዩ ዚኸውን ጸግሞም። ስለዚ ኣነ ክዕረ ኣሎኒ ወንጌለይ ኪስማዕ እንተኾይኑ። ነዚ ድማ እዩ ጢሞቴዎስ እኳ ግብሪ ወንጌላዊ ኺገብር ዝተማዕደ። (2ጢሞቴዎስ 4፣5) ንስኻ እቲ መልእኽትኻ ክትከውን ኣሎካ!

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ፊልጲ 1/ 1ተሰሎንቄ 2

ቓል ወንጌል፣ ቃል ትንቢት እዩ ኢልና ኣሎና። ንሱ ምስ ህይወትና እተተሓሓዘ እዩ። ከመይሲ መልእኽቲ ነቲ መልእኽተኛ እዩ ዚመስል። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ፊልጲ ወንጌል ጥራይ ዘይኮነ ህይወትና ድማ መቐልናኩም ይብሎም። ጽማቝ ትሕዝቶ ናይዚ ክፍሊ እዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ሰብ ፊልጲ ህይወቶም ንወንጌል ዚጠቅም ምስክርነት ነበሮ
- እቲ ሃዋርያ ንባዕሉ መከርኡ ኸይተረፈ ንወንጌል ክርስቶስ ዚጠቅም ነበረ
- ብህይወት ምንባር ናይ ኣማኒ ክርስቶስ ንረብሓ ወንጌል እዩ

- ስለዚ ምንባርና ንወንጌል ዚበቅዕ ኪኸውን ይግባእ
- ወንጌል ምንጋር ጥራይ ዘይኮነ ነቲ እትሰብኮ ወንጌል እሙን ምዃንካ ኸተርኢ የድልየካ
- ወንጌል ብህይወት ኺበሃል ከሎ ነፍስኻን ወንጌልን ኸተካፍል ድሉው ምዃን ማለት እዩ
- ብሓቂ ብቑዕ ሰባኺ ወንጌል ምዃንካ እቶም እትሰብኮም ሰባት እዮም ምስክርካ፣ እዚ ድማ ህይወቶም ንጎይታ ብምሃቦም ትምክሕትኻ ምዃኖም ይገልጹ

## ሕቶታት

1. ወንጌል ብህይወቱ ኺሰብኽ ኣብ ህይወትካ ዝተዓዘብካዮ ሰብ መን ትፈልጥ?
2. ዝሰበኽካዮ ቃል ወንጌል ብሓቂዶ ቃል ትንቢት እዩ ኢልካ ክትገልጾ ትደፍር? ስለምንታይ?
3. ወንጌል ኸትሰብኽ ህይወትካ ብቕዕቲ ጌርካዶ ትርእያ?
4. ኸትሰብኽ ብግዲ እዩ፣ ምስ ክርስቶስ ኔንካ ኸትእክብ እንተ ዄንካ፣ ከመይ ጌርካ ኢኻ ወንጌል መንግስቲ ኸትነግር?

## መጠቓለሊ

ቃል ወንጌል ኣባና ቃል ትንቢት ዚኸውን ኣብ ህይወትና ዚዓዪ እንተሃልዩ እዩ። ብዙሓት ናይ ኣምላኽ ሰባት ብህይወቶም ወንጌል ኺሰብኩ ርኢና ንኸውን ኢና። ንሕና ድማ ኸምኦም ኽንከውን ዚኣክል ምሳሌ ኾይኖሙና ኪኾኑ ተስፋ ንገብር። ምናልባሽ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ህይወትና ብዝረኣናዮ ዘይዓገብና ኽንከን ዚከኣል እዩ። ነቲ ጸጋ ናይ ወንጌል ኣብ ህይወትና ኺዓዪ እንተፈቒድና ግና ወንጌል ብሓቂ ሓይሊ ኣምላኽ እዩ እሞ ኣብ ህይወትና ቃል ትንቢት ኪኸውን ክንርእዮ ኢና። በዚ ድማ ንብዙሓት ናብ ህይወት ዚመልስ ሓይሊ ኮይኑ ኣባን ኺዓዪ እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ኣሕዋተየ፣ ነቲ ዕዮናን ጻዕርናን ትዝክርዎ ኢኹም እሞ፣ ኣብ ሓደ ኻባኻትኩም ከይነኽብድ ኢልና፣ ለይትን መዓልትን እናዓየና ወንጌል ኣምላኽ ሰበኽናልኩም።"*
*(1ተሰሎንቄ 2፣9)*

# ካልኣይ ትምህርቲ - ስብከት ወንጌል ብኸመይ

## መእተዊ

ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ኪስበኽ ከምዘለዎ፣ ኪእወጅ ከምዘለዎ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትና ርኢና ኣሎና። ብርግጽ ወንጌል ንህይወትና ኺመስል ኣለዎ፣ ሽዑ ኢና ናይ ወንጌል ኣወጅትን ነገርትን እንኸውን። ነዚ ዝጸንዐ ቃል ትንቢት ግና ኸመይ ኢልና ኢና ክንሰብኮ ዘሎና? ሰብ ወንጌል ምንጋር ዚኽብዶ፣ ወንጌል ምንጋር መንፈሳዊ ውግእ ምውጋእ ስለዝኾነ እዩ። (ኤፌሶን 6፣15,19-20) ብሓቂ ነቶም ኣብ ጸልማት ዘለዉ፣ ንወንጌል ከይእዝዙ ኣዒንቶም ዝዖረ ንዕኦም ወንጌል መንግስቲ ክትእውጅ ኸለኻ ኣንጻር ናይ ጸላም ሓይልታት ኢኻ ውግእ እተካይድ ዘሎኻ። (2ቈረንቶስ 4፣4-6) ኣብዚ እምበኣር መንፈሳዊ ነገር ንዛረብ ከምዘለና ክንፈልጥ ኣሎና። ከምኡ እንተኾይኑ፣ ወንጌል ምስባኽ ብምስትውዓልን ፍልጠትን እዩ ኪኸውን ዘለዎ። ርእስኻ መዚንካ፣ ነቲ እትብሎ ፈሊጥካ፣ ኣብኡ እናነበርካ፣ ብመንፈሳዊ ገድሊ፣ ብፍልጠት ቃል ኣምላኽ፣ እዚ ኹሉ ዘጠቓለለ እዩ ዕዮ ወንጌል። ብሓጺሩ ንወንጌል እሙን ብምኻን!

## ቀንዲ ሓሳብ

ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ኽንርእዮ ዘሎና፣ ኸመይ ኢልና ውጽኢታዊ ዝኾነ ስብከት ወንጌል ኽነካይድ ከምእንኽእል እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ወንጌል ኪሰብኽ ከሎ፣ ንልቢ ሰባት ዚረትዕ ሓይሊ ዝነበሮ፣ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ብስልጣን ንኺሰብኽ ስለዘኽኣሎ እዩ። ሰባት ካብ ስልጣን ዝወሕደ፣ ካብ ናይ መንፈስ ኣምላኽ ርትዒ ዝወሓደ ወንጌል ኣይትንክፎምን እዩ። (ግብረ ሃዋርያት 4፣8) ሰብ ብእኡ ኺርታዕ እንተዘይኮነ ንመንፈስ ቅዱስ ኪረትዕ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ኸኣ እዩ እስጢፋኖስ ቃል ወንጌል ኣበርቲዑ ኺነግር ከሎ፣ ነቲ ዚዛረቦ ዝነበረ ቃል ጸጋ ኪረትዕዎ ዘይከኣሉ። (ግብረ ሃዋርያት 6፣10) እምበኣርከ ወንጌል ኽንሰብኽ ክንወጽእ ከለና፣ ወይስ እናሰበኽና ክንመላለስ ኸለና እዚ ናይ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ምልኣት የድልየና። እዚ ኪኸውን ድማ ህይወትና ንመንፈስ ኣምላኽ ዚምችእ፣ ንዕኡ ባህ ዜብሎ ጽድቂ ዚናፍቕ ህይወት ኪኸውን ይግባእ።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ግብረ ሃዋርያት 8/ ግብረ ሃዋርያት 13-14

ወንጌል ብሓይሊ እዩ። መንፈስ ቅዱስ መሊኡካ ነቲ ቃል ወንጌል ብትብዓት ክትነግሮ ኸለኻ ልቢ ሰባት ኪረትዕ፣ ንሰባት ድማ ናብ ምእዛዝ ኼምጽእ ብግዲ እዩ። ከመይሲ ወንጌል ንሓይሊ ኣምላኽ ዚእውጅ ሓቂ እዩ። እዘን ክፍልታት ነዚ ብንጹር የርእያና። ጽማቖኡ ትሕዝቶኣን ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ፊልጶስ እቲ እምነትን መንፈስ ቅዱስን ዝመልኦ እዩ ንሰማርያ ብወንጌል ዘላብዓ
- ኩሉ ሓይሊ ጸልማት ድማ ንቓል ኣምላኽ ቦታ ሓዲጉሉ ጠፍአ
- ትእምርትን ተኣምራትን ንሓይሊ እቲ ወንጌል ዜረጋግጽ ተርእዮ እዩ ዝነበረ
- ፊልጶስ ዚሰብኮ ዝነበረ ወንጌል ከተማታት ክሳዕ ዚልውጥ ንኹሉ ክሳዕ ዚረትዕ ሓይሊ ነበሮ
- ጳውሎስ በርናባስን ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዚሰልጥ ዝነበረ ወንጌሎም
- ሰባት ኣብ ዘዝኸዱዎ ንኺሰምዑዎም ይእከቡ ነይሮም፣ እቶም ኣሕዋት ከኣ ሓጎስን

መንፈስ ቅዱስን መልኡ

- እዞም ሃዋርያት ካብ ሓንቲ ከተማ ኺስጎጉ ኸለዉ ኣብታ ሓንቲ ኺይዶም ድማ ወንጌል ምስባኽ ቀጸሉ

## ሕቶታት

1. ስለምንታይ እዩ ወንጌል ናይ ሃዋርያት ሓይሊ ዝነበሮ?
2. ሕጂ ኣብ ዘመንና ወንጌል ብሓይሊ ንኺስበኽ እንታይ ክነማልኦ ዘሎና ነገር ኣሎ?
3. ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ብኸመይ ንስበኽ?
4. ወንጌል ብስልጣን ኽትሰብኽ እንታይ ዜፍርሃካ ወይስ ዚዓግተካ ነገር ኣሎ?

## መጠቓለሊ

ወንጌል ዚስበኽ ብሓይሊ እዩ። እዚ ሓይሊ እንብሎ ዘሎና መንፈሳዊ ስልጣን ዝመሰረቱ ደገፍ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ማለትና እዩ። መንፈስ ኣምላኽ ምሳኻ እንተሃልዩ ኢኻ ጽቡቕ ስብከት ወንጌል እትገብር። (ግብረ ሃዋርያት 10፣38) እምበኣርከ ወንጌል መንግስቲ ኽንሰብኽ ከለና ሓይሊ ካብ ላዕሊ ኽንቕበል ክንጽሊ ይግበኣና። ሰብ ብናይ ሰብ ዘረባን ጥበብን ኣይርታዕን እዩ። ሰብ ብናይ ኣምላኽ ሓይሊ እዩ ዚርታዕ፣ መንፈስ ቅዱስ እዩ ንሰብ ብዛዕባ ሓጢኣቱ ዚረትዖ እሞ ወንጌል ብመንፈስ ኣምላኽ ተመሪሕና ኽንሰብኽ ኣዝዩ እዩ ዜድልየና። (ዮሃንስ 16፣8)

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንሕና ድማ ነዚ ምስክር ኢና፣ እቲ ኣምላኽ ነቶም ዚእዘዝዎ ዝሃቦም መንፈስ ቅዱስውን ምስክር እዩ፣"*
*(ግብረ ሃዋርያት 5፣32)*

# ሳልሳይ ትምህርቲ - ብዛዕባ ዝጠፍኡ ምጽላይ

## መእተዊ

ብስራት ወንጌል ነቶም ዝጠፍኡ፣ ካብ ኣምላኽ ዝረሓቑ ምኻኑ ኩሉ ዚፈልጦ እዩ። ከመይሲ "ወዲ ሰብ ጥፉኣት ኬናዲ እዩ ዝመጸ" ኢሉ ጎይታ ባዕሉ ተዛሪቡ ኣሎ። (ሉቃስ 19፣10) ኩሉሳዕ ሓሳብ ኣምላኽ፣ ካብቲ ዝጠፍአ ወለዶታት ደቂ ኣዳም፣ ትርፊ ኼትርፍ እዩ። ነዚ ድማ ወዱ ክሳዕ ምልኣኽ ክሳዕ ክንድዚ ተጊሁሉ። ፍቕሪ ኣምላኽ ንጥፉኣት ካብ ጎይታ ኣጸቢቕና እንመሃሮ ነገር እዩ። እቲ "ኪዱ ንብዘሎ ፍጥረት ወንጌል ስበኹ" ዝበለ ድማ ንዕኡ ዜድሊ ድማ ኪህብ ይከኣሎ እዩ። (ማርቆስ 16፣12) ቅድሚ ኹሉ ግና ንሕና እቶም ብጎይታ ኣሚንና ዝደሓንና ሰባት ብዛዕባ ዝጠፍኡ ዘለዉ ኹሎም ሰባት ግዲ ኪህልወና ይግባእ። ወንጌልና ናይ ፍቕሪ ወንጌል፣ ብስራት ነቶም ተስፋ ዘይብሎም እዩ። ንዘይተፍቅሮ ወይስ ዘይትግደሰሉ ድማ ብስራት ኣይተበስሮን ኢኻ። ስለዚ ብስራት ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ንምንጋር ብቑዓት ኽንከውን ነቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ቅንኣት ኪህልወና ኣለዎ። ነቲ ሓደ በይኑ ተስፋ ዝኾነ ክርስቶስ የሱስ ንበይንና ጥራይ ኽንሕዞ እዚ ባህርይ ክርስትና ኣይኮነን።

## ቀንዲ ሓሳብ

ጥፉኣት ከነናዲ ከምዜድልየና ርዱእ እንተኾይኑ፣ እቲ መጀመርያ ዚመጽእ ነገር ብዛዕብኦም ምጽላይ እዩ። (ዮሃንስ 16፣23) ጸሎት፣ መንፈሳዊ ሓይሊ ከምዘለዎ፣ ነገር ዜስልጥ ምኻኑ ርኢና ኣሎና ኣብ ዝሓለፈ ትምህርታት። ስለዚ ነቶም ጥፉኣትውን ንኺምለሱ ሓደ ካብቲ እንዓየሉ መገዲ፣ ነፍሳት ኪውለዳ፣ ጽዕሪ ሕርሲ ዚመስል ጻዕሪ ዘለዎ ጸሎት የድሊ። (ኢሳይያስ 66፣8) ኣበርቲዕና ስለ ጥፉኣት ነፍሳት እንጽሊ እንተኼንና ኣብ ኣገልግሎትና ብዙሕ ዓጺድ ናይ ነፍሳት ኪህሉ ብግዲ እዩ። እዚ ነገር ኣዚ ኣብ ቤተክርስትያን ይረአዶ ኣሎ? ከመይ ንግምግሞ? ሓደ ካብቲ ከነስተውዕሎ ዘሎና ከመይ ናይ ዕዮ ወንጌል ጸሎት ይካየድ ምርኣይ እዩ። ንሕና እምበኣር ብዙሕ ፍረ ነፍሳት ኽንርኢ እንተደሊና ብዛዕባኦም ኣጸቢቕና ንጸሊ፣ ጎይታ ድማ ናይ ምንቕቓሕ ዘመን ኪህበና እዩ። (ኢሳይያስ 53፣11-12)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ሮሜ 9፣1-3/ 1ጢሞቴዎስ 2፣1-7/ ግብሪ ሃዋርያት 26፣29

ብስራት ናይ ወንጌል ነቶም ጥፉኣት ዚንገር እዩ። እዚ ድማ ካብ ልቢ ዝመንጨወ ኽይኑ ዜስልጥ ስለ ጥፉኣት ነፍሳት ግዲ ጌርና ኣጸቢቕና ምስእንጽሊ እዩ። ኣምላኽ ድማ ኽም ፍቓዱ ጌርና ብዛዕባ ነፍሳት እንተለመንናዮ ከምዚሰምዓና መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ጥቕስታት ነዚ ነገር'ዚ የብርሃልና። ጽማቑ ትሕዝቶአን ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ምእንቲ እቶም ዚጠፍኡ ዘለዉ ወገናትና ኣጸቢቑ ኪስመዓና ይግባእ
- ከምዚ ዓይነት ቅንኣት እንተሃልዩና፣ ብሓቂ ክንጽሊ ኢና
- ከመይሲ እግዚኣብሄር ጥፉኣት ሰባት ኪድሕኑ እዩ ዚፈቱ፣ ስለዚ ናትና ጸሎትውን ወሳኒ እዩ

- ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ፣ እቲ ዝጠዓምናዮ ኹሉ ኪጥዕሞ እንፈቱ ሰባት ኽንከውን የድልየና
- ምእንቲ ሓጥኣን ምጽላይ፣ ናይ ጎይታ ሰዓብቲ ይገብረና። ከመይሲ ንሱ ኣብ መስቀል ኮይኑውን ዝገበሮ ነገር እዩ
- እቲ ምድሓን ሰባት ዚፈቱ ጎይታ፣ ብዛዕባ ኻልኦት እንጽልዮ ጸሎት ከምዚሰምዖ ቃል ኣምላኽ ይነግረና

ሕቶታት

1. ብዛዕባ ጥፉኣት ነፍሳት ክሳዕ ክንደይ ሓሲብካ ትፈልጥ?
2. ስለምንታይ እዩ እግዚኣብሄር ኩሉ ኺድሕን ዚፈቱ፣ ስለምንታይከ ብዛዕባ ጥፉኣት ኽንጽሊ ዚደልየና?
3. ብዛዕባ ንጥፉኣት ናብ ጎይታ ዝመለሱ ሰባት ከም ኣብነት መን ክንጠቅስ ንኽእል? ብኸመይ?
4. ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ምስጢር ብዝሒ ነፍሳት ምርብሑ እንታይ ይርደኣና?

## መጠቓለሊ

እግዚኣብሄር ሰባት ኪድሕኑ ናብ ፍልጠት ሓቂኦ ድማ ኺመጹ ከምዚፈቱ ቃል ኣምላኽ ይነግረና። በዚ መሰረት ንሕና ክርስትያናት ድማ ነዚ ፍቓድ ኣምላኽ ኽንፍጽም ጽምኢ ኺህልወና ይግባእ። ወንጌል ብስራት ስለዝኾነ ንጥፉኣት ኽንነግሮ እዩ ተዋሂቡና፣ ንሕና ሰሚዕናዮ ትም ክንብል ኣይኮነን። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ኣገልግሎቱ ኣበርቲዑ ብዛዕባ እቶም ዝጠፍኡ ይጽሊ ብምንባሩ፣ ብዙሓት ነፍሳት ረቢሑ። እዚ ድማ ብዙሓት ነፍሳት ንኺረብሕ ኣኽኢሉዎ። ንሕና'ውን ከምኡ ዝበለ ቅንኣት ኪህልወና ኣገዳሲ እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"እቲ ጻድቕ ባርያይ፣ ... ሓጢኣት ብዙሓት ጸረ፣ ምእንቲ በደለኛታት ኸኣ ለመነ።"*
*(ኢሳይያስ 53፣12)*

# ራብዓይ ትምህርቲ - ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ነፍሳት

## መእተዊ

ሃዋርያ ጳውሎስ ንክርስትና ናይ ጸጋ እምነት ምዃኑ ንጹር ገይሩ ገሊጹዎ ኣሎ። ሰብ ብእምነት ብጎይታና የሱስ ክርስቶስ ከምዚድሕን፣ እዚ ድማ ጸጋ ኣምላኽ ምዃኑ ኣብቲ ንሃዋርያ ጴጥሮስ ፊት ንፊት ዝገጠመሉ እዋን ገሊጹዎ ኣሎ። (ገላትያ 2፣11-21) እዚ ክንብል ከለና፣ ብዛዕባ ዕዮ ምድሓን ክንሓስብ ከለና፣ ንጸጋ ኣምላኽ ኣጸቢቕና ከነስተብህለሉ ኽምዘሎና እዩ። ከመይሲ ሰብ ብእምነት ብጸጋ ከምዚድሕን እንተፈሊጥና፣ ኣብቶም ሓጥኣን ሰባት ዘሎና ኣመለኻኽታ ንወንጌል ኣጸቢቑ ዚጠቅም ኪኸውን እዩ። ንሰብ ንእሽቶ ጸጋ ኣምላኽ'ውን ካብ ክፉእ መገዲ ጥፍኣት ኽትመልሶ ትኽእል እያ። ክንደየናይ ግዳ እቲ ዕዙዝ ጸጋ ኣምላኽና። "ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ ንኹሉ ሰብ ምድሓን ኣምጺኡ።" (ቲቶስ 2፣11) እዚ እዩ ሓይሊ ጸጋ። ከምኡ እንተኾይኑ ድማ ንሕና እቶም ወንጌል መንግስቲ ኽንሰብኽ እተዳሎና ዘበልና፣ ብዛዕባ ሓጥኣን ሰባት ተስፋ ኽንቀብጽ ኣይግበኣናን እዩ። እዚ ምስዚኸውን ኢና ከየባተኽና ንጥፉኣት ሰባት ከነናዲ ዘይንሕለል።

## ቀንዲ ሓሳብ

ዝኾነት ንሓጥኣን እትንገሮም ናይ ጸጋ ቃል ኣብ ህይወቶም ዓብዪ ተራ ኣለዋ። ነዚ ኸኣ እዩ ኣብ ቃል ኣምላኽ፣ "ማለት፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ዚድሕኑን እቶም ዚጠፍኡን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ መኣዛ ክርስቶስ ኢና" ዚብል። (2ቈረንቶስ 2፣15) እዚ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሰባት ኺግለጽ ኽሎ እዩ። ነዚ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስውን "እታ ብዙሕ ዝዓይነታ ጥበቡ" እናበለ ተራኣ ኣብ ምድሓን ሰባት ዜርእየና። (ኤፌሶን 3፣10) እምበኣርሲ፣ ጸጋ እዚ ኻብ ኮነ፣ ኣብዛ ትምህርትና ድማ ንሓይሊ ጸጋን ተራኣ ኣብ ህይወት ወንጌል ዚነግርን እቲ ወንጌል ዚሰምዕን ክንርዳእ ኢና። ኩሉ ዕዮ ክርስትና ብጸጋ እዩ፣ ክንደየናይ ግዳ እቲ ተልእኾ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ። ኣብኡ ክሳዕ ዝተወከልና ኢድ ኣምላኽ ብኣና ኣቢላ፣ በቲ ንሕና እንሰብኮ ቃል መንግስቲ ኣቢላ ኣብ ሰባት መሰረታዊ ዝኾነ ለውጢ ኽተምጽእ ክንርኢ ኢና። ወንጌልና ሓይሊ ዚህልዎ ብጸጋ ኣምላኽ ዝተቓመመ ምስዚኸውን እዩ። "ዘረባኹም ኩሉ ሳዕ ብጨው ዝተቓመመ ዘረባ ጸጋ ይኹን።" (ቈሎሴ 4፣6)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ሉቃስ 15፣11-32

ወንጌል ንምስባኽ ኮነ ጥፉኣት ነፍሳት ንምርባሕ ጸጋ ኣምላኽ የድልየና። ንሕና ከነስተውዕሎ ዘሎና ድማ ኩሉ ምድሓን ናይ ሰብ ብእምነት ብጸጋ ምዃኑ እዩ። እዚ እንተኾይኑ ኢና ወንጌል ነቲ ውጹእ ሓጥእ ሰብ ከይተረፈ ኼድሕን ዚኽእል ሓይሊ ኣምላኽ ከምዝኾነ ዚርደኣና። ናይዚ ኽፍሊ ጽማቕ ትሕዝቶ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ሰብ ዚጠፍእ ኩሉሳዕ ብዛዕባ ህይወቱ ግጉይ ዝኾነ ኣመለኻኽታ ኪህልዎ ኸሎ እዩ
- ነቲ ዘሎካ ብሉጽ ነገር ደሓር ምስሰኣንካዮ ኢኻ ዕምቆቱ እትርድኦ፣ ንህይወትውን ከምኡ እዩ
- ሰብ ብዛዕባ ህይወቱ ኪሓስብ እንተኾይኑ ክሳዕ መወዳእታ ተስፋ ኣምላኽ ከምዘሎ ኺፈልጥ ይግባእ፣ ናተይ ኣኺሉ እዩ ኦሮማይ ኢሉ ናብ ኣምላኽ ካብ ምምላስ

ኪዕንቀፍ የብሉን

- ጸጋ ኣምላኽ ኪንዮ እቲ እንጽበዮ ዓቕን ምሕረት ኣምላኽ እዩ፣ ጸጋ ኣምላኽ ንሓጥኣን ዕዙዝ እዩ። ስለዚ ንሕና ድማ ብዛዕባ ጥፉኣት ተስፋ ቀቢጽና ወንጌል ካብ ምንጋር ክንተርፍ ኣይግበኣናን
- ኣምላኽ ንዚንስሑ ሓጥኣን ጸጋ ኪህብ እዚ ናቱ ሓጎስ እዩ፣ ከመይሲ ክርስቶስ ነዚ እዩ ሞይቱልና

ሕቶታት

1. ንሰብ ናብ ኣምላኽ ንኪምለስ ዘለዎ ተስፋ ክሳዕ ክንደይ እዩ ትብል?
2. ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ እትሰብከሉ ሓጥእ ከመይ ኪኸውን ኣለዎ ኢልካ ትሓስብ?
3. ጎይታ የሱስ ክሳዕ ክንደይ እዩ ንሓጥኣን ወንጌል ኼነግር ዋጋ ዚኸፍለሎም ዝነበረ?
4. ተስፋ ዘቕበጹኻ ኣብ ህይወትካ፣ ግን ከኣ ደሓር ናብ ጎይታ ዝመጹ ሰባት ትፈልጥዶ? ጥቐስ።
5. ብዛዕባ ወንጌል ምስባኽ ንጥፉኣት እንታይ ዜድልየና ኣመኣኻኺታ ኣሎ?

# መጠቓለሊ

ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ነቶም ብበደሎምን ብኣበሳኦም ዝጠፍኡ ሰባት እዩ። ሰብ ክንድዚ ሓጢኣት ኣለዎ ወይስ የብሉን ተባሂሉ ድማ ኣይኮነን ጸጋ ኣምላኽ ንምድሓኖም ዚወሃብ። ነቲ ዚንሳሕ ጥፉእ ኩሉ እዩ ዕድል ናይ ምድሓን ዘለዎ፣ ስለዚ ኦሮማይ ኣኺሉ ዚበሃል ስለዘየሎ ወንጌል ተስፋ ከይቆረጽና ኢና ክንሰብኽ ዚግበኣና። እዚ ድማ ካብ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ እንመሃሮ እዩ። ንሱ ዓርኪ ሓጥኣን ክሳዕ ዚበሃል እዩ ነቶም ጥፉኣት ኬናዲ ተስፋ ኼይቀበጸ ወንጌል ዚሰብኽ ዝነበረ። እምበኣርከ ብርግጽ ተስፋ ኣሎ እሞ ወንጌል መንግስቲ ንኹሉ ንንገር።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"እቲ ተስፋ ንኣኹምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዝለዉን እዩሞ ተነስሑ፣ ..."*
*(ግብረ ሃዋርያት 2፣ ...)*

# ራብዓይ ክፋል
# ሓሳብ ኣምላኽ ምህላው /ራእይ/

# ሓሳብ ኣምላኽ ምህላው /ራእይ/

## መእተዊ

ሓሳብ ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ? ብዙሕ ሳዕ ዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ወይ ድማ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ እናተባህለ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሱ ንረኽቦ። (መዝሙር 33፣11/ ግብረ ሃዋርያት 20፣26) እዚ ምስቲ ኣምላኽ ንሰብ ኪፈጥሮ ኸሎ ዝነበሮ መደብ ወይ ድማ ፕላን ዚዛመድ እዩ። ምኽሪ ኣምላኽ ንሰብ ናይ ዘለኣለም ሕብረት ምስ ኣምላኽ ኪህልዎ እዩ። ብምኽንያት ውድቀት ናይ ሰብ፣ ሰብ ካብ ክብሪ ድሕሪ ምርሓቑ ድማ ብክርስቶስ የሱስ ዳግም ተሓዲሱ። ሰብ ናብ ክብሪ ኪምለስ ዕድል ረኺቡ። (ግብሪ ሃዋርያት 3፣21) እዚ እዩ ብቐንዱ እቲ ሓሳብ ኣምላኽ ንወዲ ሰብ። ሓደ ሰብ ነዚ ኺገልጾ ኸሎ፣ ኣምላኽ ንሰብ መጀመርያ ዝመኸረሉ ፕላን A ኪኸውን ከሎ፣ እቲ ድሕሪ ውድቀት ሰብ ዝመጸ ግና ፕላን B ኢሉ ይገልጾ። ኣምላኽ ንሰብ ብመሰረቱ ኪስእኖ ኽምዘይደሊ ድማ በዚ ኢና እንርዳእ። ንሱ ምሉእ ብዘይ ሰብ ኪነብር ዘየጸግሞ ኸሎ፣ (ግብሪ ሃዋርያት 17፣25) ንሰብ ግና ምስኡ ኺነብር ዕድል ሂቡ። (ግብሪ ሃዋርያት 17፣28) ንሕና ክርስትያናት ኣብዚ ምኽሪ እዚ እንሓብር ነቲ ብክርስቶስ ዝተገብረ ናይ ሰብ ናይ ምድሓን ዕዮ ክነፋጥኖ ኸለና እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ሓሳብ ኣምላኽ ኣለካዶ? ነቲ ኣምላኽ ንኣኻ ከምኡ ድማ ንኻልኦት ብጾትካ ዝመደቦ ንዕኡዶ ትፍጽም ኣሎኻ? እዚ ሕቶታት ዚምለስ፣ ንርእስና ሓሳብ ኣምላኽ፣ ምኽሪ ኣምላኽ ንዓናን ነቶም ዚመስሉና ብጾትናን እንታይ ምዃኑ ክንፈልጥ እንተደሊና እዩ። ከመይሲ ምኽሪ ኣምላኽ፣ ሓሳብ ኣምላኽ ነቶም ኪፈልጥዎ ዚደልዩ እዩ። (መዝሙር 25፣14/ ግብሪ ሃዋርያት 17፣11) ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ክንርእዮ እንደሊ፣ ሓሳብ ኣምላኽ፣ ምኽሪ ኣምላኽ ዚበሃል ከምዘሎ እዩ። እዚ ነገር እዚ እቲ ኣብ ምድሪ ንኽንነብር ምኽንያት ዚኾነና እዩ። እዚ ነገር እዚ እቲ ንሰብ ካብ እንስሳ ዚፈልዮ እዩ። “ፍጡራቱ ኢና እሞ፣ ነቲ ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ኢሉ ቀደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ የሱስ እተፈጠርና ኢና።” (ኤፌሶን 2፣10) ሓሳብ ኣምላኽ እዚ እዩ ንዓና ንደቂ ሰብ፣ ነቶም ድምጹ ሰሚዖም ብእኡ ኪመላለሱ ዚደልዩ። እዚ ምስእንፈልጥ ኢና ብዛዕባ ህይወትና ሰናይ ዝኾነ ነገር ኽንገብር እንኽእል፣ ሽዑ ጥራይ ኢና ንኣምላኽ ኣብ ህይወትና ኪገዝእ እነፍቅደሉ። ሽዑ ኢና ሰብ ራእይ እንኸውን።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ዘፍጥረት 1 - 2፣15/ 1ጴጥሮስ 1

ምፍጣርና ምኽሪ ኣምላኽ እዩ። ምድሓንና ግና ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ እዩ። እዚ ናብ ኪፈርስ ዘይክእል ኪዳን ኣምላኽ የእትወና። ንሕና ድማ ነዚ ነገር እዚ ብክርስቶስ የሱስ ንዳሎ ኣሎና። ኣብዚ ምኽሪ እዚ ሓሳብ ኣምላኽ ንዓና ምስዚግለጸልና ጥራይ ኢና ነቲ ውዱእ ምኽሪ ነቢርናዮ ሰብ ራእይ ኴንና እንመላለስ። ናይዚ ኽፍልታት ጽማቑ ትሕዝቶ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- እግዚኣብሄር ኩሉ ምሰዳለወ ኣብ ውዱእ ፍጥረት እዩ ፈጢሩና
- ንሕና ቀንዲ ሓሳብ ኣምላኽ ኴንና ተፈጠርና፣ ኣምላኽ ብምኽሩ ድማ ምስኡ ኽንመላለስ መዲቡና

- ሰብ ህያው ነፍሲ ኾይኑ ኣብ ምድሪ ግዝኣት ምሕደራ ተዋሂቡዎ /ዶሚንየን/
- ሰብ ብውድቀቱ ምስተበላሸወ ኣምላኽ ኣይጠንጠኖን
- ክርስቶስ እቲ ሱር ናይ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ እዩ፣ ንሕና ድማ ንዚሓይሽ ተስፋ ብደም ክርስቶስ ዳግም ተወለድና
- ሓሳብ ኣምላኽ ንሕና ጨቢጥናዮ ኽንነብር ከም ብሓድሽ ዕድል ተዋሂቡና
- እዚ ግና ነቶም ርእሶም ገቲኦም ኣብቲ ፍቓድ ጎይታ ኺኣትዉ ዝፈቐዱ እዩ
- ስለዚ ንሕና ነቲ ዘለኣለማዊ ዕላማ ምእንቲ ኽንረብሕ ኣብ ምኽሪ ኣምላኽ ኣቲና ኽንመላለስ ምኽሩ ከነለሊ ኣሎና

# ሕቶታት

1. ሓሳብ ኣምላኽ ወይስ ምኽሪ ኣምላኽ ንዓኻ እንታይ እዩ?
2. ብዛዕባ ሓሳብ ኣምላኽ ንዓኻ ኽትሓስብ ከለኻ ኣየናይ ክፍሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትዝክር? ንምንታይ?
3. ሰብ ካብ ሓሳብ ኣምላኽ ወጻኢ ኺነብር ይኽእልዶ? ብኸመይ?
4. ከመይ ኢልና ኢና ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ውዱእ ምኽሪ ኽንኣቱ እንኽእል?

# መጠቓለሊ

ህይወት ወዲ ሰብ ምኽሪ ኣምላኽ ዚፍጸመሉ ባይታ እዩ። ኣምላኽ ነቲ ንፍጥረታት ኩሎም ኣብ ምዲ ኺገብሮም ከሎ፣ ንሰብ ማእከላይ ናይ ኩሉ ኾይኑ ኬመሓድር ብምሃብ እዩ ዛዚሙዎ። ሰብ ምስሰሓተውን ንሓዋሩ ኣይሓደጎን። እኳ ደኣ ብክርስቶስ የሱስ ኣቢሉ ነቲ ምኽሩ ሓዲሱዎ። ንህና ሕጂ ኣብ ዝተሓደሰ ምኽሪ ኣምላኽ፣ ኣብ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ ንነብር ኣሎና። ንሕና ኣብ ቅኑዕ ህይወት ምእንቲ ኽንስረት፣ ኣብኡ ድማ ምእንቲ ኽንመላለስ ነዚ ብክርስቶስ ዝተዋህበና ነገር ኣጸቢቕና ከነስተውዕሎ ይግበኣና።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*“ኹሉ ስጋ ከም ሳዕሪ እዩ፣ ኹሉ ኽብሩውን ከም ዕምባባ ሳዕሪ እዩ።*
*እቲ ሳዕሪ ይነቅጽ፣ እቲ ዕምባባውን ይረግፍ፣ ቃል እግዚኣብሄር (ሓሳብ ኣምላኽ)*
*ግና ንዘለኣለም ይነብር። …”*
*(1ጴጥሮስ 1፣24-25)*

# ቀዳማይ ትምህርቲ - ተማቓሊ ሓሳብ ኣምላኽ

## መእተዊ

ዚበዝሕ እዋን ሰብ ተማቓሊ ኣምላኻዊ መንነት ኪኸውን እዩ ዚደሊ። ብመሰረቱ ሰብ "ከም ኣምላኽ ኪኸውን" ስለዝደለየ እዩ ካብ ክብሪ ወሪዱ፣ ካብ ገነት ኤድን ተሰጒጉ። (ዘፍጥረት 3፣22-23/ ኢሳይያስ 14፣14) ኣብ ዘመንና ድማ ሰብ "ተማቓሊ ኣምላኻዊ ሓይሊ ኪኸውን" ይደሊ ኣሎ። ከም ድላዩ ኪገብር፣ ንድላዩ ኪመልኽ ኪገዝእ ይደሊ። እዚ ኣብቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ክርስትያናትውን ዚረአ ነገር እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። (ግ/ሃ 8፣19) ቅድሚ ኹሉ ግና፣ ሰብ "ተማቓሊ ኣምላኻዊ ሓሳብ" (ፊልጲ 2፣5)፣ ብኡ ኣቢሉ ድማ "ተማቓሊ ኣምላኻዊ ባህርይ" ኪኸውን እዩ ተጸዊዑ። (2ጴጥሮስ 2፣4) እዚ እዩ ኣብቲ እግዚኣብሄር ንሰብ ዝመደቦ ሓሳብ ተሰዊሩ እንረኽቦ ነገር። ንሕና በቲ ክርስቶስ ዝኸዶ ጎደና፣ ብጎደና ትሕትናን ፍጽምቲ ፍቕርን ኢና ክንመላለስ ተጸዊዕና። ብኡ ኣቢልና ኢና ኣብቲ ልዑል ዝኾነ ኣጀንዳ ኣምላኽ እንበጽሕ። እምበኣርሲ በዓል ራእይ በዓል ሓሳብ ኣምላኽ፣ ኣብ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ ዚመላለስ እትኸውን ንክርስቶስ (ነቲ ክርስቶስ ዝነበሮ ፕሪንሲፕል ናይ ህይወት) ጨቢጥካ ብምሓዝካ ኢኻ። እንታይ እዩ እቲ ናቱ ናይ ህይወት መምርሒ (ፕሪንሲፕል)?

## ቀንዲ ሓሳብ

ተማቓሊ ሓሳብ ኣምላኽ መን እዩ? መን እዩ ኪንዮ እታ ክልተ ሜትሮውን ዘይትበጽሕ ስጋኡ ሓሲቡ ኣብ ልዑል ምኽሪ ኣምላኽ ኪነብር ዝፈቐደ? ሕጂ ኣብዛ ትምህርቲ እንርእዮ ኣርእስቲ ንስለ ምንባር ኢልና ዘይንነብር ሰባት ኴንና ንኽንመላለስ ዚሕግዘና ነገር ክነስተብህ እዩ። ከም ኩሉ ኻልእ ሰብ ምንባር ቀሊል እዩ። ጥራይ ከመይ ኢለ ንስጋይ ዚሓይሽ ነገር እናኣናደኹ፣ መጀመርይ ናይ ከብደይ፣ ክዳነይ ከምኡውን መዕቀብየይ እሸፍን፣ ደሓር ድማ ከመይ ኢለ ንዓይን ንስድራቤተይን ዘናብረና ነገር እረክብ ኢልካ ምሕሳብ ከም ኣብ ናይ ኣንስሳ ብመጠኑ፣ ኣብ ሰብ ድማ ከም ባህርያዊ (ናይ ኢንስቲንክት) ሓሳብ እዩ። (ኤፌሶን 4፣17) ኪንዮ ምሕሳብ ግና ምልኣት ይሓትት። ከም ክርስትያን ኪንዮ እዚ ስጋኻን ስጋ ኣዝማድካን ምሕሳብ፣ ሓሳብ ኣምላኽ ይሓትት። እዚ ናይቶም ብቑዓት ጥራይ እዩ። እዚ ግና ናይ ኩሉ ምርጫ ኣይኮነን። (ኤፌሶን 4፣1) ብዛዕባ ሓሳብ ኣምላኽ ምህላው፣ ተማቓሊ ኣምላኻዊ ሓሳብ ምዃን ዚግደስ እቲ ኣርሒቑ ናይ ላዕሊ ዚሓስብ ሰብ ጥራይ እዩ። (ፊልጲ 3፣18-20)

**ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣-** ኤፌሶን 4፣17-24/ ኤፌሶን 5፣1-21/ ፊልጲ 3

ኩሉ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ እዩ ዚነብር ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ንኣምላኽ ባህ ኬብል ኢሉ ኣይመላለስን። ግናኸ እቲ ንኣምላኽ ኬስምር ዚደሊ፣ "ዚሓይሽ እናመርመረ" ብክርስቶሳዊ ሓሳብ ኪመላለስ፣ በዚ ድማ ተማቓሊ ኣምላኻዊ ሓሳብ ኪኸውን ይኽእል እዩ። በዚ መሰረት ነዘን ኣራስታት ክንርእየን ኢና። ጽማቝ ትሕዝቶኣን ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ኣህዛብ ወይስ እቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ንኣምላኽ ኽነሐጉሶ ዚብል ሓሳብ የብሎምን፣ ወይ ሓሳቦም ዝተመዛበለ "ከንቱ እዩ"
- ክርስትያን ግና ነዚ ከንቱነት ኪስዕር ንክርስቶስ የሱስ (ንኹሉ መትከሉን ዕላምኡን) ኪለብስ ይግብኦ
- እዚ ኣብ ኣምላኻዊ ሓሳብ ንኺመላለስ ይሕግዞ

- ከም ፍቁራት ውሉድ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኽንከውን ግና ንጎይታ ዜሐጉሶ እናመርመርና ንመላለስ፣ እዚ ድማ ደቂ ብርሃን ይገብረና
- ብሓቂ ንጎይታ ብመንፈስ ኽነገልግሎ ሓሳብ እንተሃልዩና ድማ ነቲ ብሉጽ ፍልጠት ክርስቶስ ኢ.ልና ንኹሉ ኻልእ ከም ጎሓፍ ክንቆጽሮ ብግዲ እዩ
- እዚ ኩሉሳዕ ዘየቋርጽ ጉያ ኮይኑ፣ ናብ ፍጽምና ኣቢሉ ድማ ወስደና
- ኩሉሳዕ ድማ ሃገርና ኣብ ሰማያት ከምዘላ ካብኣ ድማ መድሓኒ ንጽበ ምህላውና እዚ ሰንደቕ ዕላማና ኪኸውን ይግባእ

# ሕቶታት

1. ኣብ መንጎ ተማቓሊ ኣምላኻዊ ሓይልን ተማቓሊ ኣምላኻዊ ሓሳብን እንታይ ፍልልይ ዘሎ ይመስለካ?
2. ሓሳብ ኣምላኽ እንታይ እዩ ዜጠቓልል?
3. ሰብ ብመገዲ ሓሳብ ኣምላኽ ኪመላለስ እንተኾይኑ እንታይ እዩ ኪህልዎ ዜድሊ?
4. እቶም ሓሳብ ኣምላኽ ዘይብሎም ሰባት ከመይ ዝበሉ እዮም?

# መጠቓለሊ

ተመቓሊ ኣምላኻዊ ሓሳብ ዝኾነ ሰብ ንኣምላኽ ዜሐጉሶ ዘበለ እዩ ዚምርምር፣ ካብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጥቕምን ረብሓን ዝወጸ ኣጀንዳ ኣለዎ። እዚ ሰብ እዚ ንክርስቶስ የሱስ ለቢሱ፣ በታ ክርስቶስ ዝኸዳ ጎደና እዩ ዚመላለስ እሞ ብሓቂ ሰዓቢ ኣምላኽ እዩ። (ኤፌሶን 5፣1) ሓይሊ ኣምላኽ ጥራይ ዚብህግ ሰብ ግና ካብ ርእሱ ዘይወጸ እዩ። ኣምላኽ ድማ በቶም ልቦም ዘይተለወጠ ባህ ኣይብልን እዩ እሞ መወዳእትኡ ውርደት ጥራይ እዩ ዚኸውን እዚ ሰብ እዚ። ስለዚ ንኣምላኽ ዜሐጉሶ ዘበለ ኽንምርምር ይግበኣና።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ደጊም ከም ፍቁራት ውሉድ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኩኑ።"*
*(ኤፌሶን 5፣1)*

# ካልኣይ ትምህርቲ - ካብ ኣምላኽ ምቕባል

## መእተዊ

ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ባህርያቱ ሓደ፣ ምንጪ ናይ ኩሉ ሰናይ ሓሳብ ምዃኑ እዩ። ውቑብ ፍጥረት ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ዝነበረ እሞ ናብ ክዉን ሓቂ ዝመጸ እዩ። (ራእይ 4፣10) ዋላኳ ንኹሉ ፍጥረት፣ ንዓናውን ከይተረፈ ኣምላኽ ብሓሳቡ ዘቕመና እንተኾንና፣ ንሕና ደቂ ሰባት ንሓሳብ ኣምላኽ ክንሓልፎ ወይስ መርሚርና ኽንበጽሖ ዘይከኣለና እዩ። (ሮሜ 11፣33-36) ስለዚ ድማ ኢና ሓሳብ ኣምላኽ ኪህልወና እንተኾይኑ ካብኡ ኽንቅበል ዜድልየና። ንህይወትና፣ ንብጾትና፣ ንቤተክርስትያንና ከምኡውን ንምድርና ዚኸውን ሰናይ ሓሳብ ኣምላኽ እዩ ኪህበና ዚኽእል፣ ከመይሲ ንሱ "ብምኽሩ ዜገርም፣ ብጥበቡውን ዓብዩ" እዩ። (ኢሳይያስ 28፣29/ ሮሜ 16፣24-26) ዋላ ነቲ ሓረስታይውን ጥበብ ዝሃበ፣ ነቲ ምሁርውን ኣእምሮ ዝሃበ ንሱ እዩ። እዚ ኻብ ኮነ ክንደይ ደኣ እቲ ምስ ኣምላኹ ብጽድቂ ኺመላለስ ዚደሊ ክርስትያን ካብ ኣምላኽ ኪቕበል ዘየድልዮ!

## ቀንዲ ሓሳብ

ክርስቶሳዊ ሓሳብ ምሕሳብ ብርእስና እነምጽኦ ነገር ዘይምዃኑ፣ ናይ ጸጋ ነገር ምዃኑ ኣቐዲምና ርኢና ኣሎና። ስለዚ ድማ ኣምላኽ ኣብ ልብና ዜቐምጦ ነገር እዩ "ምኽሪ ኣምላኽ" ኢልና እንጽውዖ ዘሎና። ብዙሕ ሳዕ በቲ ዚመስለና መገዲ ንኸይድ ኢና፣ ፍቓድ ኣምላኽ፣ ምኽሪ ኣምላኽ ንህይወትና ኣንታይ ምዃኑ ምፍላጥ ንስእን፣ ንደናገር ድማ። ከም ኣኻይዳ ኩሉ ሰብ ምኻድ ድማ ይቕለና። ከምኡ ግን ኣይኮነን ክርስትና። ከምኡ ኪኸውን ከምዘይግብኡ ሃዋርያ ጳውሎስ እኳ ንሰብ ሮሜ ከምዚ ኢሉ ምዒዱዎም። (ሮሜ 12፣16-18 ኣንብቡዎ) እዚ ንጉሳዊ ክርስትያናዊ ባህርያት እዩ። ኻብዚ ክንወጽእ ንዓና ንኣመንቲ ዚበቕዕ ኣይኮነን፣ ንህይወትና ድማ ዚጥዕም ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ፣ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ኽንነብር፣ ነቲ ናቱ ነገር ዚናፍቕ ህይወት ኪህልወና፣ ካብ ኣምላኽ ጸጋ ኽንቅበል ኩሉሳዕ ምጽላይ የድለየና። ከመይሲ ጸጋ፣ ክርስቶሳዊ ሓሳብ እንቕበሎ ኣብ ህይወትና ድማ እነማዕብሎ ነገር እዩ። (ሮሜ 15፣5-6) ኣብዛ ትምህርትና ከነስተብህሎ እንደሊ ኸመይ ጌርና ኣብ ህይወትና ሓሳብ ኣምላኽ ንቕበል እዩ።

**ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣-** *መዝሙር* 139 / *መዝሙር* 25፣12-14/ *ኤርምያስ* 29፣11

ሓሳብ ኣምላኽ ምስፈለጥና፣ ንሕና ድማ ሓሳብና ምስቲ ናቱ ኽንቃኒ ንኽእል። ብመሰረቱ ግና ካብ ሓሳብ ኣምላኽ ወጺእና ኽንመላለስ ኣንተፈተንና ንህይወትና መዕረፊ ኣይንረኽበላን ኢና። ስለዚ ኻብ ኣምላኽ ምቕባል ኣዝዩ ኣዩ ዜድልየና። እዘን ክፍልታት ብዛዕባ ሓሳብ ኣምላኽ ንዓና ኣጸቢቐን ይምህራና፣ ጽማቕ ትሕዝቶአን ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ፍጹም ፍልጠት እዩ ዘሎ፣ ኻብ ፍልጠቱ ወጻኢ ዝኾነ ነገር ኣይከውንን
- ንሱ ንዓና ብውልቅና ይፈልጠና እዩ፣ ብጅምላ ኣይኮነን ዚፈልጠና፣ ስለዚ ኻብኡ ኣይንኽወልን ኢና

- ንነፍሲ ወከፍና ዚፈልጠና ኻብ ኮነ፣ ንዓና ዚኸውን ሓሳብ ኣለዎ፣ ንነፍሲ ወከፍና ምኽሪ ኣለዎ
- እቲ ኣምላኽ ንዓና ዚሓስበልና ኪንዮ እቲ ንሕና እንግምቶን እንሓስቦን እዩ እሞ ንዓና ግሩም እዩ
- ብሓቂ ምስ ኣምላኽ ኣንተተመላለስና፣ ገጹ ንናፍቕ እንተ ዄንና ብርግጽ መገዱ የፍልጠና፣ ናይ ህይወት ሓሳብ (ራእይ) ይህበና እዩ
- እዚ ኣምላኽ ንዓና ዚሓስበልና ድማ ክሳዕ ፍጻሜ ዜብጽሕን ተስፋ ዝመልኡን ደኣ እምበር፣ ኣብ መገዲ ዚጠልመና ኣይኮነን
- ስለዚ ብርግጽ ካብ ኣምላኽ ኽንቅበል ይግብኣና እዩ

## ሕቶታት

1. ሰብ ካብ ኣምላኽ ንህይወቱ ዚመርሓሉ ሓሳብ ኪቕበል ይኽእልዶ?
2. ኣብ ህይወቱ ሓሳብ ኣምላኽ ዝተፈጸመ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ መን ትረኽቡ?
3. ኣምላኽ ብሓቂ ንውልቅኻ ከምዚፈልጠካ ይስመዓካዶ?
4. እግዚኣብሄር ከም ሰብ ብውልቀይ ይፈልጠኒ እዩ ትብል እንተ ዄንካ ብዛዕባ ንህይወትካ ዝመደበልካ እንታይ ንጹር ነገር ትፈልጦ ኣሎካ?

## መጠቓለሊ

ብርግጽ ኣምላኽ ንሰብ ካብ እንስሳ ፍልይ ኣቢሉ ስለዝፈጠሮ፣ መገዱ፣ ሓሳቡ የፍልጦ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንኣብነት ኣምላኽ ሓሳቡ ዘፍለጦም ከም እኒ ሙሴ፣ ዳዊት ከምኡ ድማ ሃዋርያ ጴጥሮስን ጳውሎስን ንረክብ። ንነፍሲ ወከፎም ብውልቆም እዩ ሓሳቡ ኣካፊሉዎም፣ ኣብ ህይወቶም ድማ ተፈጻሚ ነገር ኮይኑ። ኣብ ዘመንና ድማ ብዙሓት ናይ ኣምላኽ ሰባት ሓሳብ ኣምላኽ ተረዲኡዎም ዚመላለሱ ኣለዉ። ብርግጽ ምስ ጎይታ ብሕታዊ ሕብረት ኣሎኒ ንብል እንተ ዄንና ሓሳብ ኣምላኽ ንዓና ክንፈልጥ ዚከኣል እዩ። እዚ ድማ ዝያዳ ምስኡ ሕብረት ብምግባር ኢና ኣብ ህይወትና ነረጋግጾ። ስለዚ ምስኡ ዘሎና ሕብረት ከነዕሙቕ ይግበኣና።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንእግዚኣብሄር ዚፈርሆ ሰብ መን እዩ? ንእኡ እታ ዚሓርያ መገዲ ኺምህሮ እዩ።"*
*(መዝሙር 25፣12)*

# ሳልሳይ ትምህርቲ - ንሓሳብ ኣምላኽ ምንባር

## መእተዊ

ሓሳብ ኣምላኽ ኣንፈልጥ ንኽንነብሮ እዩ። ከምቲ ቃል ኣምላኽ "ገበርቲ ቓል ኩኑ እምበር ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ" ዚብሎ፣ ሓሳብ ኣምላኽ ምፍላጥና ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። (ያእቆብ 1፣22) ብርግጽ እቲ ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ዘበለ ንዓና ዚጠቕመና ደኣ እምበር ዚጎድኣና ኸምዘይኮነ ርኢና ኣሎና። ሕጂ ግና ናብ ፍጻሜ ኣቢልና ናብ ምስቲ ቃል ኣምላኽ ሕብረት ምህላው ኣቢልና ኽንሰግር እዩ ዜድልየና። ነዚ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ናብ ሓደ ደረጃ ናይ ምንባር ክንሓልፍ ዚምዕደና። "እምበኣርሲ ፍጹማት ዘበልና (ሓሳብ ኣምላኽ ዘሎና ዘበልና) ኹልና እዚ ንሕሰብ ብገለ ነገር ሓሳብኩም ንበይኑ እንተኾይኑ ድማ፣ ንእኡውን ኣምላኽ ኪገልጸልኩም እዩ። እዚ ጥራይ በቲ ዝበጻሕናዮ መጠን ብሓደ መገዲ ንመላለስ።" (ፊልጲ 3፣15-16) ብሓቂ ከምዚ ኢልና ብመጠን እቲ ዝፈለጥናዮ ሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ኽንመላለስ ኸለና ኢና ኣብቲ ፍጹም ፍቃድ ኣምላኽ እንነብር፣ ካብኡ ድማ ንህይወትና ዚጠቅም በረኸት ኣምላኽ ዚበዝሓልና።

## ቀንዲ ሓሳብ

ኣብ ህይወትካ እቲ ሰናይን ባህ ዘብልን ፍቓድ ኣምላኽ ክዉን ኮይኑ እትርእዮ ብመጠን እቲ ዝተኣዘዝካዮ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትናውን ኣብታ እትጽናዕ ጥቕሲ ከምኡ ርኢና ኣሎና፣ "ንእግዚኣብሄር ዚፈርሆ ሰብ መን እዩ? ንእኡ እታ ዚሓርያ መገዲ ኺምህሮ እዩ።" (መዝሙር 25፣12) ሓሳብ ኣምላኽ፣ ነቲ ዚፈርሆ ሰብ እዩ፣ ምፍራሁ ድማ ምእዛዝ እዩ። ንኣምላኽ ብሓቂ ንፈርሆ እንተ ዄንና ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ኢና እንመላለስ። እዚ ዜርእየና ኣብ መንጎ ንዝፈለጥካዮ ሓቂ ምንባር ምእዛዝን ፍቓድ ወይ ምኽሪ ወይ ሓሳብ ኣምላኽ ምቕባልን ዘሎ ምትሕሓዝ እዩ። ስለዚ እኮ'ዩ ጸሓፊ ናይ መልእኽቲ እብራውያን "ስለዚ ሓድሕ እኳ ናይቲ ዘይምእዛዝ ኣርኣያ ወሲዱ ኸይወድቕ፣ ናብታ ዕረፍቲ እቲኣ ኽንኣቱ ንጋደል።" (እብራውያን 4፣11) ምእዛዝ ምንባር እዩ፣ ኣብ ክርስትና ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ ግብሪ እምነት እዩ። ሕጂ ኣብዛ ትምህርቲ ድማ ነዚ ኣመልኪትን ካብ ቃል ኣምላኽ ክንርኢ ብእኡ ድማ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ምንባር ከምዝተለማመድና ንህይወትና ክንፍትሽ ኢና።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- እብራውያን 2, 3, 4

ምፍላጥ ሓሳብ ኣምላኽ ጥራይ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። እቲ ዚቕጽል ስጉምቲ ናይ ኣማኒ፣ ሓሳብ ኣምላኽ ድሕሪ ምቕባሉ ኣባኡ ምንባር ወይ ንዕኡ ምእዛዝ እዩ። እትእዝዝ ነፍሲ ድማ በረኸት እግዚኣብሄር ኣምላኽ ትቕበል እያ። እዘን ክፍልታት ብዛዕባ ምእዛዝ ንምኽሪ ወይ ሓሳብ ኣምላኽ ንዓና ኣጸቢቀን ይምህራና፣ ጽማቝ ትሕዝቶኤን ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ንሕና እቶም ሓሳብ ኣምላኽ ፈጺምና ዝፈለጥና ናብቲ ዝሰማዕናዮ ኸነቕልብ ጽኑዕ ምሕጽንታ ኣሎና
- ከመይሲ ቅኑዕ ፍርዲ ኣምላኽ ነቶም ንፍቓዱ ዘይእዘዙ ምዱብ እዩ፣

- ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ንዓና ናብ ክብሪ ንኼእቱ እዩ ራእሲ ምድሓንና ኮይኑ ብስቅያት ዝሓለፈ
- ናብቲ ናይ ምእማንና ሊቀ ካህናት ብምቕላብ እምነትና ጽንዕቲ እንተኾነት ልብናውን እንተዘየትረርና ተማቐልቲ ክርስቶስ ኢና
- ነቲ ኣምላኻዊ ሓሳብ ብዘይምእማንና፣ እቲ ቓል ምሳና ካብ ምሕባሩ ከይዕገት ክንጥንቀቕ እዩ እዚ ዚንገረና
- እቶም ቀዳሞት ብሰሪ ዘይምእዛዞም ናብ ዕረፍቲ ኣይኣተዉ፣ ንሕና ድማ ብምኽንያት ምእዛዝ ኢና ናብ ዕረፍቱ እንኣቱ
- ሕጂውን እቲ ዓብዩ ማዕዳ፣ ነቲ ምኽሪ ኣምላኽ ንቓል ኣምላኽ ዘሎና ምእማንና ኽነጽንዕ፣ ናብ ዙፋን ጸጋ ድማ ኽንቀርብ እዩ

# ሕቶታት

1. ሓሳብ ኣምላኽ ምፍላጡ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ወሳኒ ንዕኡ ምንባር ምእዛዝ እዩ? እንታይ ማለት እዩ እዚ?
2. ክሳዕ ክንደይ ንፍቓድ ኣምላኽ ተኣዚዝ ዝመላለስ ሰብ እየ ኢልካ ትሓስብ?
3. ኣብ መንጎ ዘይምእዛዝን ዘይምእማንን ዘሎ ምትሕሓዝ እንታይ እዩ ትብል?
4. ንህይወትካ ምስ ናይቶም ኣብ እብራውያን ተጠቒሶም ዘለዉ "ዘይተኣዘዙ" ኽተነጻጽራ ከለኻ ከመይ ትግምግማ?
5. ስለዚ ኸመይ ኢልካ ክትመላለስ እዛ ትምህርቲ ትጠቕመካ?

# መጠቓለሊ

ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ እንነብር መጀመርያ ሓሳብ ኣምላኽ ምፍላጥ የድልየና። ግናኸ ፈሊጥና ጥራይ ትም ክንብል ዘይኮነ ንዕኡ እናተኣዘዝና ኣብ ህይወትና ድማ ናይ ቃል እግዚኣብሄር ፍረ እናኣርኣና ኽንነብር ኢና ተጸዊዕና። ስለዚ ንርእስና ክሳዕ ክንደይ ኣብ ናይ ምእዛዝ ህይወት ኣላ ክንፍትሻ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ዘይምእዛዝ ማለት ግብራዊ እምነት ዘይምህላው ማለት እዩ። እቶም ኣብ እብራውያን 2-4 ተጠቒሶም ዘለዉ ድማ ብትሪ ልቦም ናይ ዘይምእማን ኣርኣያ ዝወሰዱ እዮም። ካብ ከምዚኦም ክንሕሎ ድማ እዩ እዚ ተጻሒፉልና።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ደጊም ብዘይ ብሓጢኣትሲ፣ ብኹሉ ከምዚ ኸማና እተፈተነ እዩ እምበር ብድኻምና ኪድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ካህናት የብልናን እሞ፣ ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብዪ ሊቀ ኻህናት፣ የሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዚህልወና፣ ምእማንና ነጽንዕ።"*
*(እብራውያን 4፣14-15)*

# ራብዓይ ትምህርቲ - ኣብ ናብራ/ ኣብ ኩሉ መጻኢኻ

## መእተዊ

ኣብ ህይወትና ክልተ ተጻረርቲ ፍቓዳት ኣሎ። እዚ ድማ “ሰናይ ፍቓድ” ከምኡ ድማ “ፍቓድ ግብሪ” ኢልና ክንጽውዖ ንኽእል። ነቲ ዝፈለጥናዮ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ክንገብሮ ሰናይ ፍቓድ ኪህልወና ይኽእል እዩ። ግናኸ ምግባሩ ዜስእነና ፍቓድ ተግባርና ድማ ኣሎ። (ሮሜ 7፣18-19) ብምኽንያት ናይ ህይወትና ተገራጫዊ ትምኒታት፣ ብጺጋ ክንብርትዕ ከለና ናብቲ ቀዳማይ ካብ ጸጋ ኽንጎድል ከለና ድማ ናብቲ ዳሕረዋይ ኣቢልና ንጽጋዕ። ሓሳብ ኣምላኽ ሰናይ ምኳኑ ድሮ ርኢና ኣሎና። ኣብኡ ኽንነብር ድማ ክንእዘዞ ኣሎና። ግናኸ፣ ነዚ ንምግባር ድማ፣ ነፍሶም ገቲኦም ዚመላለሱ ኽንከውን ኬድልየና እዩ። (2ጢሞቴዎስ 2፣5/ 2ተሰሎንቄ 3፣13) እዚ፣ ኣብ ኩሉ ሰነኽ ናይ ህይወትና ኽንለማመዶ የድልየና እዩ። ከመይሲ፣ ኩሉሳዕ ኣብ ምድሪ ስጋ ለቢስና ኽንመላለስ ከለና ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዚጻላእ ካልእ ሓሳባት፣ ካልእ ጽድቂ ዘይብሉ ውሳኔታት ይኸበና ይገጥመና እዩ። ንሰብ ዚጠቕሞ ግና ኣብ ፍቓድ ኣምላኽ ምንባር እዩ። (ቲቶስ 3፣8)

## ቀንዲ ሓሳብ

ኣብዛ ትምህርቲ እዚኣ ዘሎ ቀንዲ ሓሳብ ከመይ ኢልካ ኣብ መጻኢኻ ኩሉ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ተወሃሂድካ ኽትነብር ከምእትኽእል እዩ። ብርግጽ ኣብ ምድሪ ምንባር ናይ ባዕሉ ብዙሕ ማሕለኻታት ኣለዎ። ስለዚ ድማ እዩ ሰብ ብፍቓድ ርእሱ ኺመላለስ ዚቕሎ። ብዙሕ ኣይኮነን እቲ ሓሳብ ኣምላኽ ፈሊጠ ኽመላለስ ኣሎኒ ዚብል። እቲ ኣብዚ ኺመላለስ ዚደሊ እቲ ኣቕሓ ክብሪ ኪኸውን ንኣምላኽ ኬኽብር ዝወሰነ እዩ። (2ጢሞቴዎስ 20-21) እቲ ብሓቂ ነቲ ቃል ዚእዘዞ ግና እቲ ካብ ፍቓድ ርእሱ ኣብሊጹ ነቲ ዚሓይሽ ፍቓድ ኣምላኽ ዚመርጽ እዩ። ኣብ ናብራኻውን ነየናይ ክትስዕብ ምኳንካ ቀጻሊ ዝኾነ ምርጫ ኪህልወካ የድሊ። ሽዑ ኢኻ ምስቲ ንህይወት ዚኾነካ ሓሳብ ኣምላኽ እትወሃሃድ። (1ተሰሎንቄ 2፣13) እዚ ብመትከል (ፕሪንሲፕል) እትመርጾ ነገር እዩ። ንዓበይቲ ዚበሃሉ ሰባት፣ ንመራሕቲ ዚግደፍ ነገር ዘይኮነ ድማ ንኹሉ እቲ ምስ ጎይታ ኺመላለስ ዚደሊ፣ ኣብ ህይወቱ ድማ ምሉእ ጸጋ ኪህልዎ ዚደሊ እዩ። (2ጢሞቴዎስ 3፣8)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ሮሜ 7/ 2ጢሞቴዎስ 2

ህይወና ነቲ ሰናይን ባህ ዘብልን ፍቓድ ኣምላኽ ንኽይትመርጽ ዚቃጸዋ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ግናኸ ንሕና ድማ ርእስና ገቲእና፣ ነቲ ዚሓይሽ እናመርመርና ንሓሳብ ኣምላኽ ዜቕድሙ ሰባት ኽንከውን እዩ ጎይታ ዚደልየና። ኣብዚ ክፍልታት ብዛዕባ መጻኢኻ ኣብ ሓሳብ ምስራት ኣተኲረን ይምህራና፣ ጽማቕ ትሕዝቶአን ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ሕጊ ኣምላኽ ንሓሳብ ኣምላኽ ዚውክል ነገር እዩ፣ ሰናይን ጽቡቕን ድማ እዩ
- ንሕና ደቂ ሰባት ግና ንሓድሕዱ ዚጻረር ሕጋጋት ዘለዎ ኣካላዊ ሰብነት ኣሎና። እዚ ክልተ ፍቓዳት እዩ፣ ሰናይ ፍቓድ ከምኡ ድማ ናይ ግብሪ ፍቓድ
- ብሓሳብና ዋላ ሰናይ ክንገብር ንድለ ደኣ እምበር እቲ ግብራዊ ሕጊ ይሕይለና

እዩ፣ ካብዚ ኼውጽኣና ዚኽእል ጸጋ ኣምላኽ እዩ
- ስለዚ ኣብ ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ክንድልድል የድልየና እዩ
- ንሕና ንባዕልና ድማ ርእስና ገቲእና መጢንና ክንቃለስ፣ ከም ናይ ክርስቶስ ዓቀይቶት ኴንና ኽንመላለስ ሓላፍነትና እዩ
- እዚ ዚኸውን ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ እተሰረተ ህይወት ኪህልወና ኸሎ እዩ
- እምበኣርሲ መጻኢና ኹሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ዚኸውን ኮይኑ ክንመላለስ ርእስና ነዚ ኽንውፊ የድልየና

## ሕቶታት

1. ሰብ ከመይ ዝበለ ተገራጫዊ ፍቃዳት ኣለዎ ትብል? ክትገልጾዶ ምኽኣልካ?
2. ኣብ ህይወትካ ንሓድሕዱ ዚካሰስ ሓሳባት፣ ንዕኡ ዜድሊ ውሳኔታትን ይገጥመካዶ? ኣብነታት ጥቐስ።
3. ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ዝተተሓሓዘ ናይ ጸጋ ህይወት ብኸመይ ኪህልወካ ይኽእል?
4. ብኸመይ ምስ ምኽሪ ኣምላኽ ዚቃዶ/ ዚሰማማዕ ውሳኔታት ኽትገብር ትኽእል?
5. ኣብ መጻኢኻ ብኸመይ ንኣምላኽ ዜኽብር ህይወት ኪህልወካ ይከኣል?

## መጠቓለሊ

ህይወት ሰብ ብብዙሕ ማሕለኻታት ዝተኸበበት እያ። ስለዚ ድማ ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዚሰማማዕ ውሳኔታትን ምርጫታትን ምግባር ብርእስኻ ከቢድ እዩ። እምበኣርከ ኣብ ጸጋ ኣምላኽ ምሉእ ምውካል የድልየካ። ነዚ ዓይነት ህይወት ድማ ምስ ቃል ኣምላኽ ዘሎካ ሕብረት ወሳኒ ነገር እዩ። ብቓል ኣምላኽ ዝተሓደሰ ህይወትን ምምልላስን እንተሃልዩካ፣ ምስእይ ዚሰማማዕ ውሳኔታት እናገበርካ ናይ መጻኢ ህይወትካ ኽትመርሕ ዚከኣል እዩ። ስለዚ ኸኣ ንህይወትና ኣብቲ ቃል ሰብ ዘይኮነስ ቃል ኣምላኽ ኽነማዕቁባ ይግበኣና።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"... ቓል ኣምላኽ ምስተቀበልኩምዎ እሞ ንሱ ኣባኻትኩም እትኣምኑ ዘሎኹም፣ ዚዓዩ ዘሎ፣ ...።"*
*(1ተሰሎንቄ 2፣13)*

# ሓምሻይ ክፋል
# ብክርስቶስ ዘሎካ መንነት
# /ዕንቅፋታት ምስዓር/

# ብክርስቶስ ዘሎካ መንነት /ዕንቅፋታት ምስዓር/

## መእተዊ

ሰብ ናብ ጎይታ ቅድሚ ምምጽኡ ሓደ መንነት ነይሩዎ። ካብ ዘርኢ ኣዳም ምዃኑ ከይተርፍ ሓጥእ መንነት ሒዙ እዩ ዚመላለስ። ብሓጢኣት እተበላሸወ ብምዃኑ ድማ ንኣምላኽ ባህ ዜብል ነገር ኪገብር ንዕኡ ዜሸግር እዩ። ኩሉ ግብሩ ኸኣ "ከም ጽዩቕ ክዳን" ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተቐባልነት ኪረክብ ዘይሕሰብ እዩ። (ኢሳይያስ 64፣6) እዚ ኹሉ እናኾነ ግና፣ ንሕና ገና ኣብ ክርስቶስ ከይኮንናውን ክንጸድቕ ብዙሕ ኢና እንፍትን። ሰብ ጽድቂ ይደሊ ግናኸ ንጽድቂ ዚበቅዕ ፍረ ኣይፈርን። (ሮሜ 7፣18-19) እዚ ቃልሲ እዚ ክሳዕ ናብ ዕረፍቲ መስቀል እትመጽእ ዚቕጽል ነገር እዩ። ኣብ ክርስቶስ ኩሉ እዚ የብቅዕ። ኣብ ክርስቶስ ካልእ መንነት እዩ ዘሎ። ክርስቶስ ነቲ ናይ ሰብ ዘይምኽኣል፣ ነቲ ጽድቂ ዘይምግባር ኩሉ ብመስቀል ኮኒኑዎ። ንሱ ኩሉ ጽድቂ ብምፍጻሙ ድማ መተካእታ ኮይኑልና። ካብዚ እተላዕለ ድማ ካልእ መንነት፣ ናቱ መንነት ኣልቢሱና። እዚ ብእምነት እንቕበሎ እሞ ድማ ብእኡ እንመላለሶ ነገር እዩ። (ኤፌሶን 2፣10)

## ቀንዲ ሓሳብ

ንሓደ ሰብ ዝዓበየ ዕንቅፋት "ብክርስቶስ" ዘለዎ መንነት ኺነብር ዘይምኽኣል እዩ። እዚ ናብራ እዚ "ናብራ ጸጋ" ኢልና ንጽውዖ። (ገላትያ 2፣19-20) መንፈሳዊ ገድሊ እዩ። ስጋኻ ብሕጊ ብስርዓት ብግበር ኣይትግበር ስለዚኣምን ስለዚመሓደር፣ ንክርስቶስ ለቢስካዮ ምምልላስ ጋዶ ይኾነካ። እንታይ እዩ ግን መንነትና ብክርስቶስ? እዚ ነገር እዚ ሓደ ሓቂ እዩ። ንሱ ኸኣ ክርስቶስ ነቲ ሓጢኣታዊ ባህርያትና ኣብ ስጋኡ ጸዊሩ፣ ኣብ መስቀል ምማቱ፣ ዕዳ ሓጢኣትን ናይ ሓጢኣት ባህርይን እዩ ኣወጊዱልና። ንሕና ልክዕ ከም ናይ ክርስቶስ ክንመላለስ ከለና፣ ንርእስና ኢልና ምንባር ሓዲግና፣ ንክርስቶስ ኢልና ኽንነብር ክንጅምር ከለና፣ ክርስቶስ ኣባና ጽድቂ ኣምላኽ ኪገብር ከኣሊ ስለዝኾነ ብጽድቂ ንመላለስ። (ቈሎሴ 1፣27/1ቈረንቶስ 1፣30) እዚ ፋሕተርተር ናይ ምባል ነገር ዘይኮነ፣ ክርስቶስ ኣባኻ ምሉእ ምልኪ ኺህልዎ ምፍቃድ እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣደ ንውሉዳ ኢላ ምንባር ትጅምር፣ ንሕና ድማ ንክርስቶስ ኢልና ምንባር ንጅምር። (ገላትያ 2፣20)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ሮሜ 8/ 2ቈረንቶስ 5/ ገላትያ 2፣16-21

ክርስትና ናይ መተካእታ ናብራ እዩ። ክርስቶስ ንሓጢኣትካ ተኪኡ ኣብ ምድሪ ምእንታኻ ነቢሩ፣ ሕጂ ድማ ኣብ የማን ኣቦ ምእንታኻ ኣሎ፣ ይረአየልካ፣ ይማልደልካ። ንስኻ ድማ ኣብ ምድሪ ንዕኡይ ተኪእካ ትነብር። (ገላትያ 2፣20) እዚ እዩ ቀንዲ ሓሳብ ናይዘን ክፍልታት እዚኣን። ጽማቕ ትሕዝቶኣን ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ብክርስቶስ ዝኾነ ዘበለ ኣብ ኩነኔ ኣይነብርን እዩ፣ ኣብ ሓርነት ዘለዎ መንነት ኣዩ ዚነብር
- ህይወት ኣማኒ ናይ ክርስቶስ መተካእታ ዘለዎ እዩ። ብመንፈስ ብመጠን ዝተመላለሶ ድማ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዓወቱ ይገሃድ

- ብመንፈስ ምምራሕና ናይ ውልድነትና ምልክት እዩ። እዚ ኸኣ እዩ መንነትና
- በዚ ነገር እዚ ኣምላኽ ምሳና ምኻኑ ንርዳእ፣ ኪኸስስ ንመንነትና ኪቃወም ዚኽእል፣ ኣብ ኣምላኽ ብክርስቶስ ንዘሎና ትብዓት ድማ ኪዓግት ዚኽእል የልቦን። መንነት ኣማኒ ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ እተመስረተ እዩ
- ሞትን ትንሳኤን ክርስቶስ ንዓና ሓድሽ ፍጥረት ዘለዎ መንነት ሂቡና
- ክርስቶስ ኣባና ኺነብር ማለት ንሕና ንክርስቶስ ኢልና ኽንነብር ከለና እዩ
- ናብራና ሕጂ ተቐዪሩ፣ ባህ ከምዝበለና ዘይኮነስ ክርስቶስ ኪነብሮ ብዚፈቱ ኣነባብራ ኢና እንነብር

## ሕቶታት

1. መንነት እንታይ ማለት እዩ? ዝዓበየ ባህርይ ካብ መንነት ክርስትያንክ እንታይ እዩ ኢልካ ትሓስብ?
2. እትገብሮ ምንቅስቓስ ንክርስቶስ ዘኽብሮዶ ይመስለካ ወይስ ፍርቃፍርቂ?
3. "ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ ደጊም ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘለኹ" ዚብል ቃል ብኸመይ ይርደኣካ? ሓቂ ድዩ ኣብ ህይወትካ?
4. ብመንፈስ ምምልላስ፣ ወይ ብመንፈስ ኣምላኽ ምምራሕ ንዓኻ እንታይ ማለት እዩ? ምስ ህይወትካ ኣረኣኢኻ ተዛረብ።

## መጠቓለሊ

መንነት ውሽጣዊ ነገር እዩ። ንስኻ እንታይ ኢኻ፣ ከመይ ዝበለ ባህርይ ኣሎካ፣ እንታይ ትሕዝቶ ህይወት ኣሎካ፣ ንሱ እዩ መንነትካ። ንሰብ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክልተ መንነት ጥራይ እዩ ዘለዎ፣ ወይ ብኣዳም ወይ ድማ ብክርስቶስ። እቲ ቀዳማይ ዝጠፍአ እዩ፣ እቲ ሓደ ግና ዝደሓነ እዩ። እቲ ቀዳማይ ንሞት ዚኸውን ፍረ ኪህልዎ ኸሎ፣ እቲ ሓደ ግና ህይወት እዩ ዚፈሪ። ክርስቶስ ኣባኻ ኪነብር ማለት እምበኣር ፍረ ህይወት ክትፈሪ ኸለኻ እዩ። ነዚ ዜብቅዓካ ድማ እቲ ዚድርኸካ መንፈስ ኣምላኽ እዩ። ሽዑ ጥራይ እዩ መሰል ውልድነት ዘሎካ ምኻንካ ዚገሃድ። እምበኣር ዝዓበየ ባህርይ ክርስትያን፣ ክርስቶስ ኣባኻ ኪገሃድ ከሎ እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንሕና ብእኡ (ብክርስቶስ) ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን፣ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ፣ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ" (1ቈረንቶስ 5፣21)*

# ቀዳማይ ትምህርቲ - ኣረጊት መንነትካ

## መእተዊ

"... ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም፣ ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም።" (ኤፌሶን 2፣2) ኣረጊት መንነት ኪበሃል ከሎ፣ ብሓጢኣት ዝወደቐ ሰብኣዊ መንነትና ማለት እዩ። ካብቲ ኣምላኽ ንሰብ ኢሉ ዝመደቦ ህይወት ወዲቑ፣ ኺዕረ ዘይከኣል ዝተበላሸወ ባህርይ ሰብ እዩ ነይሩ መንነት ናይ ኩላትና ባህርይ። ሕጂ፣ ክርስትያናት ምስኮንና፣ ብርግጽ ብክርስቶስ ካልእ መንነት እዩ ዘሎና። ከመይሲ "ሓደኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ።" (2ቆረንቶስ 5፣17) እዚ ኸኣ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ፣ "እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ" ኢሎ ዝበሎ፣ ክርስትና፣ ሓድሽ መንነት ምህላው ማለት እዩ። ኣብዛ ኣርእስቲ እዚኣ እንርእዮ፣ መጀመርያ ኣረጊት መንነትና ከይኑ፣ ብኸመይ ሕጂ ኣብ ህይወትና ጽልዋ ኺህልዎ ከምዚኽእል፣ ከመይ ኢልና ድማ ንዕኡ ገዚእና፣ ኣሰኒፍና በቲ ናይ ብሓቂ ክርስትያናዊ መንነት ኽንመላለስ ከምእንኽእል እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

እግዚኣብሄር ንኹሉ ሓድሽ ከምዝገበሮ ቃል ኣምላኽ ይዛረበና። እቲ ብክርስቶስ ዝኾነ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ። (2ቆረንቶስ 5፣17) እዚ ዜረድኣና፣ ዝኣረገ፣ ብሉይ ዝኾነ ፍጥረት ሰብ ከምዘሎ እዩ። ኣረጊት መንነትና እምበኣር ብኸመይ ዝበለ ኩነታት ኣሎ? ንሱ፣ ቀደም እተመላለስናሉ "ብትምኒት ስሕተት ዚጠፍእ ኣረጊት ሰብ" ተባሂሉ ተጠቒሱ ኣሎ። (ኤፌሶን 4፣22) እዚ መንነት እዚ ኩሉሳዕ ምስ ሓጢኣትን ሞትን እተተሓሓዘ ባህርያት ኣለዎ። ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዚጻረር ኮይኑ፣ ንሰባት ናብ ኩሉ ዘይምእዛዝ ኣቢሉ ይወስዶም። (ኤፌሶን 4፣17-19) ስለዚ ሰብ ብኣረጊት መንነት እናተመላለሰ ንኣምላኽ ኼሐጉሶ ኣይክእልን እዩ። ካብዚ እተላዕለ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ፣ "ንስኻትኩም፣ ነቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ግብሩ ቐንጢጥኩም፣ ..." ኣርሒቕዎ እናበለ ይምዕድ። (ቈሎሴ 3፣9) ባህርያት ናይዚ መንነት ኪገልጽ ኸሎ ከኣ፣ "ምንዝር፣ ርኽሰት፣ ፍትወት ስጋ፣ ክፉእ ትምኒት፣ ስስዐ ..." ምኺኑ ይነግር፣ "ቀደም ብእኡ ትመላለሱ ኔርኩም" ድማ ይብለና። (ቈሎሴ 3፣5,7) እዚ ኣረጊት መንነት እምበኣር ኣብ ክርስትና ብጽድቂ ንኽይትመላለስ ዚዓግተካ ሓይሊ እዩ።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ቈሎሴ 3/ ኤፌሶን 2፣1-10/ ኤፌሶን 4፣17-32

ኣረጊት መንነት ንኹሉ እቲ ካብ ዘርኢ ኣዳም ዝኾነ ኣለዎ። ብሓጢኣት ዝወደቐ ባህርይ እዩ እዚ ድማ። ከምቲ ባህርዩ ድማ ሰብ በዚ ኺመላለስ ከሎ፣ ኣብ ሓጢኣት ይነብር፣ ካብ ኣምላኽ ድማ መመሊሱ ይርሕቕ። እዚ መንነት እዚ ምስ ኣምላኽ ጽልኢ እዩ። ብክርስቶስ ግና ካብዚ ስዑር መንነት ወጺና ብሓርነት ክንመላለስ ተጸዊዕና። ነዚ ዚገልጻ እዘን ክፍልታት እዚኣን ከምዚ ዚስዕብ ትሕዝቶ ኣለወን፣-

- ብክርስቶስ ምህላው ህይወትካ ምስ ኣምላኽ ክትመላለስ ማለት እዩ
- ንሕና ንክርስቶስ ከይፈለጥናዮ ኸለና፣ በቲ ኣረጊት ሰብና፣ ወይ ድማ በቲ ኣረጊት ናይ ዘይምእዛዝ ባህርይና ኢና ንነብር ዝነበርና
- እቲ ኣረጊት መንነትና ኩሉ ሓጢኣት ዘበለ ንኺገብር እተፈነወ እዩ ዝነበረ

- ብምኽንያት እዚ መንነትና እዚ ድማ ጸላኢቲ ኣምላኽ ኴንና ንነብር ነበርና። ቁጥዓ ኣምላኽ ድማ ኣብ ልዕሌና ነበረ
- ሕጂ ንሕና ነዚ ኣረጊት ሰብነት ቀንጢጥና፣ ማለት ንኹሉ ትምኒቱ ቀቲልና፣ ንዕኡ ከይተኣዘዝና፣ ግናኸ ንክርስቶስ ለቢስና፣ ማለት ናቱ ምእዛዝ ከም መምርሒ ህይወትና ጌርና ክንመላለስ ኢና ተጸዊዕና
- በዚ ኸምዚ ንኣምላኽ እናኣስመርና ንኽንመላለስ ኢና እምበኣር ንክርስቶስ ፈሊጥናዮ፣ ብመንፈሱ ድማ ተመሊእና ዘሎና

# ሕቶታት

1. ኣረጊት መንነት ከምዝነበረካ ኣብ ህይወትካ እንታይ መረጋገጺ ኣሎካ?
2. ሓጢኣት ኣብቲ ኣረጊት መንነትካ ኪዓዪ ኸሎ ክሳዕ ክንደይ ምስኡ ትቃለስ?
3. ሰብ ካብቲ ኣረጊት መንነት ነጻ ኮይኑ ብጽድቂ ኪመላለስ ይኽእልዶ? ብኸመይ?
4. ብመሰረት ቆሎሴ 3፣5-9 ከመይ ጌርና ኢና ነቲ ኣረጊት ሰብና ኽንቀትሎ እንኽእል?
5. ንኣረጊት መንነትካ ከምዝሰዓርካዮ ብኸመይ ትፈልጥ?

# መጠቓለሊ

ኣዳማዊ ሰብ ጽድቂ ኣምላኽ ኪገብር ዝይከኣሎን እዩ። እዚ ድማ ብምኽንያት እቲ ናብ ዘይምእዛዝ ኣቢሉ ዚወስድ ኣረጊት ሰብነቱ ወይ መንነቱ እዩ። ናይዚ መንነት እዚ ባህርይ ምስ ሓጢኣት ዝተተሓሓዘ እዩ። እዚ ምኽኑ ካብ ኣትፈልጠሉ ሓደ መገዲ ድማ ነቲ ኣትደልዮ ኻብ ምግባር ዚዓግተካ ውሽጣዊ ቃልሲ ከተስተውዕል ከለኻ እዩ። ሓደሓደ ጊዜ ድማ ንፍቓድ ስጋኻ ተሳዒርካ ንርእስኻ ትረኽባ። ካብዚ ንምውጻእ ግና ኩሉሳዕ ብሓሳብካ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ክትሓብር ንኣእምሮኻ ኽተገድዶ ኣሎካ። እምነትካ ድማ ኣብዚ ዓብዪ ተራ ኣለዋ። ብእምነት ኢና ንባህርይ ስጋ ኣሰኒፍና፣ ነቲ "ብክርስቶስ" ዘሎና መንነት ክንነብሮ እንኽእል። ነዚ ድማ ምልምማድ የድልዮ።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ነቲ ቀደም እተመላለስኩምሉ፣ ብትምኒት ስሕተት ዚጠፍእ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩም፣ በቲ ናይ ኣእምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ፣ እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ።"*
*(ኤፌሶን 4፣22-24)*

# ካልኣይ ትምህርቲ - ብክርስቶስ ዘሎካ መንነት

## መእተዊ

“ንስኻትኩም ግና፣ መንፈስ ኣምላኽ ሓዲሩኩም እንተ ኣልዩስ፣ ብመንፈስ እምበር ብስጋ ኣይኮንኩምን ዘሎኹም።” (ሮሜ 8፣9) ናይ ብሓቂ መንነትካ እቲ ናይ ብሓቂ ናብራኻ እዩ ዜንብረካ። ሰብ፣ ነቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ኸም ዚነብሮ ጎይታ ብዛዕባ ናይ ልቢ መዝገብ ኺዛረብ ከሎ ይነግረና። (ማቴዎስ 7፣35/ያዕቆብ 3፣10-12) እዚ ዜርእየና መንነትና ክሳዕ ክንደይ ክንልውጦ ኸምዘይንኽእል እዩ። እቲ ሓጥእ ሰብ ነቲ ሓጥእ ባህርዩ ኺልውጥ ኣይክእልን እዩ። ካብ ርእሱ ገለኳ ሰናይ ነገር ኬምጽእ ከምዘይክእል ድማ ጎይታ ኣጸቢቑ ይምህር። (ዮሃንስ 8፣34-36) በዚ መሰረት እዚ፣ ክርስቶስ እዩ ንሰብ መንነታዊ ለውጢ ኺህቦ ዚኽእል። ሰብ ብክርስቶስ እዩ “ሓድሽ ፍጥረት” ዚኸውን፣ እዚ ድማ ናይ መንነት ወይ ሰብነት ምልውዋጥ ከምዘሎ ዜመልክተና ሓቂ እዩ። ንሱ እቲ ጻድቕ ናትካ ሓጢኣታዊ ሰብነት ምስወሰደ፣ ንስኻ ድማ ብትንሳኤ ናቱ ጻድቕ መንነት ትወስድ። እዚ ምልውዋጥ ስለዝተፈጸመ ኢና ንሕና ብሓርነት እንመላለስ። (ሮሜ 7፣4/ ሮሜ 8፣10)

## ቀንዲ ሓሳብ

ንሕና እቶም ብክርስቶስ ዝኣመንና ዘበልና፣ ኣረጊት መንነትና ቀንጢጥና በቲ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ሓድሽ ህይወት ክንመላለስ ዕድል ዝረኸብና ኢና። (1ጴጥሮስ 2፣24) እዚ ሓደ ዓብዪ ሓለፋ ወይ ድማ ጽቡቕ ዕድል እዩ። እቲ ኣረጊት ሰብ ድሮ ተኾኒኑ ኣብ ትሕቲ ቑጥዓ እዩ። እቲ ሓድሽ ሰብ፣ እቲ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ መንነት ግና ኣብ ልዕሊኡ ኩነኔ የልቦን። (ሮሜ 8፣1) እዚ ኻብ ኮነ እምበኣር፣ ንሕና በቲ ኣረጊት መንነት ዘይኮነ በቲ ብክርስቶስ ዘሎና መንነት ክንመላለስ እዩ ዚግበኣና። ብጽድቂ ንኽንመላለስ፣ እዚ ናይ ግድን ኪኸውን ኣለዎ። (ገላትያ 5፣25) እዚ ግና ኸመይ ኢሉ ይኸውን? ሕጂ ናይ እምነት ነገር ኣብዚ እዩ ዚመጽእ። እቲ ሓቂ ሓቂ እዩ፣ ክርስቶስ ምእንታና ከምዝሞተን ከምዝተንስኣን ሓቂ እዩ። ማዕረኡ ድማ ንሕና እቶም ብክርስቶስ ዘሎና፣ እቲ ኣረጊት ሰብና ምስ ክርስቶስ ተሰቒሉ፣ እቲ ሓድሽ ሰብና ድማ ህያው ኮይኑ እዩ። (2ቆረንቶስ 13፣4) ነዚ ነገር እዚ ኣብ ህይወትና ሓቂ ምዃኑ ምእማን፣ ከምኡ ከምዝኾነ ተቐቢልና ድማ ኣብኡ ምንባር ናትና ግደ እዩ።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ሮሜ 6

በቲ ብክርስቶስ ዘሎና መንነት ኽንመላለስ እንተደለና ኽንክተሎ ዘሎና መንፈሳዊ ሕጊ ኣሎ። ከምቲ ነቲ ኣረጊት ሰብና መጀመርያ ብእምነት ደሓር ብምልምማድ ከም ሓደ ክዉን ሓቂ ዝተቐበልናዮ፣ ነቲ ሓድሽ ክርስቶሳዊ መንነትና ድማ መጀመርያ ብእምነት፣ ደሓር ብምልምማድ ከም ክዉን ሓቂ ኽንቅበሎ ኣሎና። ነዚ ዚገልጽ ኣብ ሮሜ ኣብዛ ምዕራፍ እተገልጸ ሓሳብ እስከ ንመልከት፣-

- ኣብ ሓጢኣት ኽትነብር ወይስ ካብ ሓጢኣት ወጻኢ፣ ናይ መንነት ሕቶ እዩ
- ሞትን ትንሳኤን ክርስቶስ ንዓኻ ድማ ዜካትት (ዘጠቓለለ) ነገር ምዃኑ ትኣምን እንተ'ኼንካ ኣባኻ ዚዓዪ ሓቂ ይኸውን
- ኣብ መዋቲ ስጋኻ ሞትን ምቕባርን ኩሉ ድማ ንምፍጻም እቲ ኣረጊት ሰብነት

ይዓዪ

- ግናኸ ምስ ክርስቶስ ዝሞተ ዘበለ፣ ምስኡ ድማ ብህይወት ይነብር እዩ
- እዚ ሓቂ እዚ ኸምኡ ምኻኑ ርእሰኻ ምቍጻር፣ ክዉን ሓቂ ምኻኑ ምእማን ዜድልዮ ነገር እዩ
- ካብዚ ንንዮ ናይ ጸጋ ህይወት፣ በቲ ዝኣመንካዮ ሓቂ ምምልላይ ኪመጽእ ኣለዎ

# ሕቶታት

1. ብክርስቶስ ዘሎካ መንነት እንታይ ይመስል?
2. ኣብ መስቀል ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ክርስቶስን ሓደ ናይ መንነት ምልውዋጥ ተኻዪዱ። እዚ እንታይ ማለት እዩ?
3. "እምበኣርሲ ንትምኒቱ ኽይትእዘዙ፣ ኣብዚ መዋቲ ስጋኹም ሓጢኣት ኣይንገስ" (ሮሜ 6፣12) ብኸመይ?
4. "ርእስኹም ቊጸሩ" ዚብል ቃል ኣሎ ኣብ ሮሜ 6፣11። እዚ እንታይ ማለት እዩ? ብኸመይከ ኣብ ህይወትና ይፍጸም?
5. ትሕቲ ጸጋ እምበት ትሕቲ ሕጊ ኣይኮንናን። ግናኸ ከመይ ኢልና ኢና ኽንመላለስ ዘሎና?

# መጠቓለሊ

ብክርስቶስ ዘሎካ መንነት ምፍላጥ ኣብ ሓደ ደረጃ ናይ መንፈሳዊ ቃልሲ የቐምጠካ። ንሱ ድማ ምስቲ ኣረጊስ ሰብነትካ ዘየቋርጽ ገድሊ ኽምእተካይድ ዜረጋግጽ ሓቂ እዩ። ብክርስቶስ ዘሎካ መንነት ኽትነብር ከለኻ፣ ኩሉሳዕ ዚጻብኣካ ነገር ዝያዳ ኹሉ ካብ ርእስኻ ይለዓለካ እዩ። ኣዚ እዩ እቲ ኣብ ሮሜ 6 ተገሊጹ እንረኽቦ፣ ናይ መንነት ቃልሲ። ብክርስቶስ ዘሎና መንነት "ንሓጢኣት ዝሞተ፣ ንጽድቂ ድማ ዝተንስአ እዩ"። እቲ ዝተኻየደ ምልውዋጥ፣ መዋቲ ስጋና ኣብ መስቀል ተሰቒሉ፣ ናይ ክርስቶስ ናይ ጽድቂ ህይወት ድማ ተዋሂቡና። እዚ ፍጹም ኣብ ህይወትና ኺረጋገጽ ዘለዎ ሓቂ እዩ፣ ዚረጋገጽ ድማ መጀመርያ ከም ሓቂ ምስተቀበልናዮ፣ ንዕኡ ድማ ከም ክዉን ነገር ኽንነብሮ ኸለና እዩ። እምበኣርሲ ብእኡ፣ ማለት ብመንፈስ ንመላለስ።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ትሕቲ ጸጋ እምበር ትህቲ ሕጊ ስለዘይኮንኩም፣ ሓጢኣት ኣይመልከኩምን እዩ እሞ፣ ከም ሞይቶም ዝተንስኡ ርእስኹም ንኣምላኽ ወፍዩ እምበር፣ ንኣካላትኩም ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጢኣት ኣይትግበርዎ፣ ንኣካላትኩምሲ ኣዋርጽድቂ ንኣምላኽ ደኣ ግበርዎ።"*
*(ሮሜ 6፣13-14)*

# ሳልሳይ ትምህርቲ - ብመንፈስ ምምልላስ

## መእተዊ

ብዙሕ ሰብ "ብመንፈስ ምምልላስ" ዚብል ቃል ኣንቢቡ ወይስ ሰሚዑ ምህላዉ ዜጠራጥር ኣይኮነን። ከመይሲ ክርስትና ቅኑዕ (ኦውቴንቲክ) ዚኸውን ብመንፈስ ኽትመላለስ ከለኻ እዩ። ብመንፈስ ዚመላለስ ጥራይ እዩ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ዚህልዎ። (ዮሃንስ 4፣23-24) ግናኸ እንታይ እዩ ብመንፈስ ምምልላስ፣ ብኸመይ ኢናኸ ብመንፈስ እንመላለስ? እዚ ንኹሉ ኣማኒ ኪበርሃሉ ዘለዎ ነገር እዩ። ብመንፈስ ምምልላስ ማለት፣ ብመሰረት እቲ ኣብ ህይወትካ ዚበርህ፣ ዚግለጽ፣ ዜድምጽ ቃል ኣምላኽ ምምልላስ ማለት እዩ። (እብራውያን 4፣12-13) ጎይታ "በቲ ሓቂ ቀድሶም፣ ቓልካ ሓቂ እዩ።" ኢሉ ንሃዋርያት ጸልዩሎም። (ዮሃንስ 17፣17) እዚ ቃል ኣምላኽ፣ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ጎይታ ካብ ኩሉ እቲ ንኣምላኽ ባህ ዘየብሎ ነገር ኪፈልዮ ከምዚኽእል ዜርኢ ሓቂ እዩ። ንሰብ ናብ ቅንዕቲ መገዲ ኺመርሖ ዚኽእል፣ ብመንፈስ ንኺመላለስ ዜኽእሎ እቲ ሕጊ እግዚኣብሄር ተባሂሉ ዚግለጽ ቃል ሓቂ እዩ። (ዘዳግም 30፣14) መንፈስ ኣምላኽ ድማ እዩ ነቲ ቓል ኣብ ህይወትካ ዜድህዮ፣ ንዕኡ ብምስማዕ፣ ብምእዛዝ፣ ብምቕላብ፣ በዚ ኢኻ ብመንፈስ ኽትመላለስ እትኽእል።

## ቀንዲ ሓሳብ

ብመንፈስ ምምልላስ ንቓል ኣምላኽ ምእዛዝ ወይ ምስማዕ እዩ። እግዚኣብሄር ኩሉ ጊዜ ኽምዚዛረብ፣ ከምዚመርሕሲ ግሁድ ሓቂ እዩ፣ ከመይሲ ውሉድ ኢና። (ሮሜ 8፣14-15) እዚ ኻብ ኮነ ግና፣ ብመንፈስ ንኽንመላለስ ዘየኽእለና እንታይ እዩ? ብዙሕ ካልእ ድምጽታት ኣሎ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ፣ እዚ ኹሉ ካልእ ድምጺ ነቲ ዓው ኢሉ ዜድየካ ቃል ኣምላኽ ንኸይትሰምዕ ኪዓግተካ ይኽእል። እምበር ናይ ብሓቂ ኣባጊዕ ደምበ ኣምላኽ እንተ ኾንናስ ድምጺ ኣምላኽ ኽንሰምዕ ኣይዓግተናን እዩ። (ዮሃንስ 10፣2-6) ነቲ ዝሰማዕካዮ ምቕላብ፣ ኣብ ህይወትካ ድማ ግደ ንኺህልዎ ምእዛዙ ኸኣ ብመንፈስ ምምልላስ ኢልና ንጽውዖ። ንርእስና "ብመንፈስዶ እመላለስ ኣለኹ?" ኢልና ክንሓታ ድማ ይግበኣና። ከመይሲ ሽዑ ጥራይ ኢና ንናይ ዓለም ነገርን ንሓጢኣትን ስዒርና ኽንነብር እንኽእል። (ገላትያ 5፣16)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ዘዳግም 30/ ዮሃንስ 10፣1-18

ብመንፈስ ንመላለስ ዚብል ሓሳብ ኩሉሳዕ ኣብ ቤተክርስትያን ዚመጽእ ኣርእስቲ ኪኸውን ይኽእል። ግናኸ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ንቤተክርስትያን ዜድልያ ኮይኑ ድማ ንረኽቦ። ብሓቂ ንሕና ኣመንቲ ብመንፈስ ክንመላለስ እንተ ኽኢልና ዕዉት ክርስትና ክንመርሕ ኢና። እዘን ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ሓሳብ እዚ ዚገልጻ ኮይነን ንረኽበን፣-

- ብመንፈስ ምምልላስ ብቓል ኣምላኽ ተመሪሕካ ምምልላስ እዩ
- እግዚኣብሄር ንበረኽት ዘበለ ኹሉ ምስ ምእዛዝ ምስ ንቓሉ ምሕላው ኣተሓሒዙዎ ኣሎ
- እዚ ኺበሃል ከሎ ብሕጊ ምጽዳቕ ማለት ኣየመልክተናን፣ ግናኸ ንድምጺ ኣምላኽ ሰሚዕካ ንህይወትካ ዚሕሸካ ምምራጽ እዩ

- “ሞትን ህይወትን ኣብ ቅድሜኻ ኣንብር ኣለኹ፣ ንዓኻ ግና ህይወት ምረጽ” ዚብል ማዕዳ እዩ ኩሉሳዕ ቃል ኣምላኽ
- እቲ መደምደምታ “ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣፍቅሮ፣ ቃሉ ስማዕ ናብኡውን ልገብ” እዩ
- ድምጺ ኣምላኽ ዚሰምዕ ዘበለ ኹሉ ብሓቂ ኣብ መንሰ ኣምላኽ ብውሕስነት ይመላለስ ኣሎ

## ሕቶታት

1. ብመንፈስ ንመላለስ ኪበሃል ከሎ ኣብ ሓሳባትካ እንታይ ይመጽእ ነይሩ?
2. ሕጂኸ ብመንፈስ ምምልላስ እንታይ ማለት ምዃኑ ተረዲኡካዶ? ከመይ እዩ እሞ?
3. ሰብ ኣብ ምድሪ እናነበረ፣ ብመንፈስ ኪመላለስ እንተኾይኑ ይገራጨዎዶ ወይስ እንታይ?
4. ብመንፈስ ምምልላስ ካብ ብሕጊ ምምልላስ እንታይ ይፈልዮ?
5. ንህይወትካ ኸትርእያ ከለኻ፣ ብመንፈስ ንኽትመላለስ እንታይ ምትዕርራያት ኽትገብር ዘሎካ ኮይኑ ይስመዓካ?

## መጠቓለሊ

ክርስትያን ብመንፈስ ኪመላለስ ብግዲ እዩ ዘለዎ። ልዕሊ ዝኾነ ነገር ድማ፣ እቲ ብቓል ኣምላኽ ተመሪሑ፣ ንዕኡ ኣብ ህይወቱ ቀዳምነት ሂቡ ንዕኡ ከም መምርሒ ህይወቱ ዝገበረ እዩ እቲ ብመንፈስ ዚመላለስ። እዚ ኺበሃል ከሎ ኣብ ናብራኻ ሰናይ ሃቐና (ሞቲቭ) ሒዝካ፣ ካብ ሓጢኣት ዝረሓቀ፣ ንኣምላኽ ባህ ዘብሎ እናመርመርካ ምምልላስ ማለት እዩ። እዚ ብሕጊ ምንባር ማለት ኣይኮነን፣ ክርስትያን ትሕቲ ጸጋ ኣምበር ትሕቲ ሕጊ ኣይኮነን። ብመንፈስ ምምልላስ ግና፣ ኣብ ህይወትካ ብረድኤት ኣምላኽ ነቲ ቅኑዕ ካብቲ ዘይቅኑዕ፣ ነቲ ክቡር ካብቲ ሕሱር ኽትፈሊ ክኢልካ፣ ኣብቲ ዝሓሸ ህይወት ክትነብር ምኽኣል እዩ። እዚ ጸጋ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ብመንፈስ ክንመላለስ ኣማራጺ ዘይብሉ ህይወት እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*“ኣነ፣ ብመንፈስ ተመላለሱ እሞ ትምኒት ስጋ ኣይክትፍጽሙን ኢኹም፣*
*እብለኩም ኣሎኹ”*
*(ገላትያ 5፣16)*

# ራብዓይ ትምህርቲ - መንፈሳዊ ውግእ

## መእተዊ

ክርስትና ብመንፈስ እትመላለሶ ህይወት እዩ ኢልናዮ ኣሎና። እቲ ብመንፈስ ዚመላለስ ከኣ ትምኒት ስጋ ወይስ ግብሪ ስጋ ከምዘይፍጽም ቃል ኣምላኽ ነጊሩና ኣሎ። (ገላትያ 5፣16) እዚ ህይወት እዚ ምንባር እዩ እምበኣር መንፈሳዊ ውግእ። ውግእ ኺበሃል ከሎ ኣብ መንጎ ክልተ ሓይልታት ወይስ ወገናት ዚግበር ግጥም እዩ። ሓዲኦም ሓዲሉ ክሳዕ ዚስዕር ድማ እቲ ውግእ ይቕጽል። ኣብ ህይወት ክርስትና ኣብ መንጎ መንግስቲ ኣምላኽን ሓይልታት ጸልማትን ዘየቋርጽ ውግእ ኣሎ። እቲ ብክርስቶስ ዚርከብ ህይወት ዝረኸበ ሰብ ድማ ብኡብኡ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ኣትዩ ኣሎ። መንነትካ እዩ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ኽትህሉ ወይስ ኽይትህሉ ዚውስኖ። ምስ መን ቋምካ ኣሎኻ ኣብ ውግእ የእትወካ ወይ ካብኡ የውጽኣካ። ዳዊት ብዛዕባዚ ኣጸቢቑ ይዛረብ። (መዝሙር 27፣1-3/ መዝሙር 35፣1-8) እዚ ውግእ እዚ ንኹሉ እቲ ኣብ ክርስቶስ ጸኒዑ ኺነብር ዚደሊ ዚገጥሞ እዩ። ከመይሲ እቲ ጸላእ ኩሉ ጽድቂ ዝኾነ ሰይጣን፣ ነቲ ብክርስቶስ ዘሎ ለኪሙ እዩ ኺጠፍእ ዚደሊ። (1ጴጥሮስ 5፣8)

## ቀንዲ ሓሳብ

እምበኣርከ መንፈሳዊ ውግእ ክንሰግሮ ዘይንኽእል መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። ንኹሉ ኣብዛ ምድሪ ዘሎ ዕንቅፋታት ምስዓር ድማ መንፈሳዊ ውግእ ምኻኑ ካብዚ ንርዳእ። እዚ ኻብ ኮነ ግና ከመይ ኢልና ኢና እነካይዶ? ወይስ እንታይ ይመስል? ውግእ ኺበሃል ከሎ ከምቲ ብግብሪ ኣብ ዓለምና ንሓደ ዕላማ ዚካየድ ነገር እዩ። ክርስትያን ከኣ ህይወቱ ኣብዛ ስደተኛ ኾይኑ ዚነብር ዘሎ ዓለም ንኺዕቅባ ይዋጋእ። ንርእሱ ጥራይ ዘይኮነ ንኻልኦት ድማ ካብ ኣፍ ጸላኢ ንምምንጣል ካብ ኣፍ ሞት ንምድሓን ውግእ የካይድ። (ይሁዳ 21-23) ንርእስኻ እትዕቅብ ኣእምሮኻ በቲ ናይ ሓቂ ቓል እናመላእካ፣ ንሓሶት ብሓቂ እናሰዓርካ፣ ንፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ እናፈጸምካ እዩ። ንኻልእ ሰብ ድማ ንኣእምሮኡ ኻብ ዜዐውር ግጉይ ኣመለኻኽታታትን ኣተሓሳስባን ብቓል ኣምላኽ ረቲዕካ ብምውጻእ ኢኻ እተናግፎ። እዚ ናይ ኣእምሮ ቅልስ እዚ እዩ መንፈሳዊ ኣገልግሎትና። (2ቆረንቶስ 10፣5/ ሮሜ 12፣1-2) እምበኣርከ፣ እንታይ ዓይነት ሓሳብ እዩ ዚመጻና ዘሎ? እንታይ ዓይነት ሓሳብ ኢና ኣብ ሰባት እንዕዘብ ዘሎና። ንቓል ኣምላኽ ዚጻረር እንተኾይኑ ብመንፈስና ተቢዕና ንቃወሞ!

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ኤፌሶን 6/ 2ቆረንቶስ 10

ከምቲ ብመንፈስ እንመላለስ ከምኡ ድማ ብመንፈስ ኢና እንዋጋእ። እዚ ብህይወትካ ምስቲ ሰማያዊ መምርሒ ህይወት ተሰማሚዕካ ምንባር ማለት እዩ። ንኣብነት ስርዓታት ምድሪ "ንገዛእ ርእስኻ ምንባር" ኬተባብዕ ከሎ ንስኻ ግና ብፍቕሪ ኣምላኽ ተደሪኽካ ስለ ኻልኦት ኽትነብር ከለኻ፣ መንፈሳዊ ውግእ ተካይድ ኣሎኻ። ብመሰረት እዘን ክፍልታት እዚኣን ብዛዕባ መንፈሳዊ ውግእ እስከ ንርአ፣-

- ኩሉ ሰብ በብዕድሚኡን በብደረጅኡን ንኣምላኽ ባህ ኬብል ኢሉ ኺመላለስ ከሎ እዚ ቅኑዕ መንፈሳዊ ኣቃውማ እዩ
- እዚ ዝያዳ ኹሉ ብናይ ኣእምሮኻ ኣተሓሳስባ እትፍጽሞ ነገር ኮይኑ ኣብ መንነትካ

ዓብዪ ጽልዋ ኣለዎ

- ንሕና ክርስትያናት ከምዚ ኢልና ብቕኑዕ ህይወት፣ በቲ መንፈሳዊ መንነት ኸንመላለስ ከለና ምስ ናይ ጸልማት ሓይልታት ንዋጋእ ኣሎና፣ እቲ እንገብሮ መንፈሳዊ ውግእ ድማ፣ ዋላኳ ኣብ ምድሪ ንሃሉ እምበር ኣብ ሰማያት ኢና እንፍጽሞ
- ዋላኳ ከም ስጋ እንተተመላለስና፣ እንዋግእ ግና ብመንፈሳዊ ኣጽዋር ውግእ፣ ኣብ ኤፌሶን 6፣13-18 ተጠቒሱ ብዘሎ እዩ
- ሓሳባትና ኹሉ ገቲእና ንርእስናን ንኻልኦትን እነድሕነሉ ዝያዳ ብቓል ኣምላኽ እዩ
- ኣብ ኤፌሶን ኮነ 2ቆረንቶስ ተጠቒሱ ኻብ ዘሎ ኩሉ ኣጽዋር ውግእ፣ ሓደ ናይ ምጥቃዕ ኣጽዋር ኣሎ፣ ንሱ ኸኣ ናይ መንፈስ ሰይፊ ማለት ቃል ኣምላኽ እዩ

# ሕቶታት

1. መንፈሳዊ ውግእ ንመን ይምልከቶ ትብል? መዓስ ኢኻኸ እተካይዶ?
2. መንፈሳዊ ውግእ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ፈቲኻ እትገብሮ እንተዘይደለኻ ድማ ትገድፎ ነገር ድዩ ወይስ ኣይኮነን?
3. ኣብ መንጎ ኣመለኻኽታኻ ወይ ኣተሓሳስባኻን ኣብ መንጎ ቃል ኣምላኽን ፍልልይ ትረክብዶ፣ እንተረኺብካ እንታይ ትገብር?
4. ብኸመይ ኢና ብመንፈስና ኣንጻር ሓይልታት ጸልማት እንዋጋእ? 2ቆረንቶስ 10፣3-6 ተመልከት።

# መጠቓለሊ

መንፈሳዊ ውግእ ብናብራኻ ዘሎካ ኣቃውማ ማለት እዩ። ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ኣብ ዓውደ ውግእ እዩ ዘሎ። ኩሉሳዕ ኣብ ሓሳባቱ ኮነ ኣመለኻኽታኡ ካብ ፍቃድ ኣምላኽ፣ ካብ ሓሳብ ኣምላኽ፣ ካብ ቃል ኣምላኽ ዚፈሊ ነገራት ይገጥሞ፣ ነዚ ነገራት ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ምስዓሩ፣ ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ብምቛም ድማ ይስዕሮ። እዚ እዩ መንፈሳዊ ውግእ። ንኻልኦት ድማ በዚ ኣመለኻኽታ እዚ ናብቲ ቕኑዕ ሓሳብ ኣምልኽ ምእታው ብውሽጡን ብደጊኡን ኣናር ሓይልታት ጸልማት ይገጥም። ብመንፈስ ምምልላስ እምበኣር ነዚ እዩ ንኹልና ኣገዳሲ ዚኸውን።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ኣጽዋር ውግእና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምፍራስ ጽኑዕ ዕርድታት ብርቱዕ እዩ እምበር ስጋዊ ኣይኮነን።"*
*(2ቆረንቶስ 10፣4)*

# ሓምሻይ ትምህርቲ - ሓርነት ዘለዎ ህይወት

## መእተዊ

ኣብ ህይወትና ንዚገጥመና ዕንቅፋታት ስዒርና እንመላለስ ብሓርነት ዘለዎ ህይወት ኽንመላለስ ከለና እዩ። ክርስትና ድማ በቲ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ሓርነት ምንባር ማለት እዩ። (ገላትያ 5፣1) ብዝኾነ ንኣእምሮና ዚሕዝ ነገራት ከይተተሓዝና፣ ንኀይታ ብነጻነት ካብ ምግልጋሉ ኻብ ዚዓግተና ነገራት ኩሉ ተፈሊና፣ ብናይ ህይወት ነጻነት ምንባር እዚ እዩ መንፈሳዊ ጽወዓና። እዚ ኺበሃል ከሎ፣ ኣብ ምድሪ ፍጹማት ሰባት ኴንና ንነብር ማለት ኣይኮነን። ብርግጽ ናይ ህይወት ነገራት ዚኸብደና እዋናት ኣሎ፣ ክንስእን ንኽእል፣ ክንደክም ንኽእል። ግናኸ ብመንፈስ ኣምላኽ ክሳዕ እተመራሕና ብፍጹም ሓርነት ኢና እንነብር፣ ብጻዕሪ ኣይኮነን ክርስትናና፣ ብረድኤት ኣምላኽ፣ ብጸጋ ኣምላኽ እዩ። (2ቈረንቶስ 3፣17-18) ክርስትና ሕጋጋት ናይ ምፍጻም ጻዕሪ (ኣሳይንመንት) ኣይኮነን፣ ንክርስቶስ ናይ ምፍላጥን፣ ኣብኡ ጸኒዕካ ፍረ ጸጋኡ ኣብ ህይወትካ ናይ ምግላጽን ህይወት እዩ። (ቈሎሴ 3፣1-4)

## ቀንዲ ሓሳብ

ክርስትያናዊ ሓርነት ምድራዊ ገንት ማለት ኣይኮነን። ኣብ ምድሪ ኹሉ እቲ ነቲ ዚኣምንን ዘይኣምንን ዚገጥሞ ኣሎ። በቲ ናይ ምድሪ ጻዕርን ስቓይን ህይወትካ ኺድቆስ ኽይድቆስ ግና ናይ ባዕልኻ ናይ ኣተሓሳስባ ምርጫ እዩ። (2ቈረንቶስ 4፣7-9) ኩሉ እቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ነገራት ካብ ናይ እምነት ህይወት ካብ ሓርነት ኣውጺኡ ባርያ ናይ ኩነታትካ ኺገብረካ እዩ ዚደሊ። ንስኻ እትምልሶ ግና መንፈሳዊ መንነትካ የንጸባርቕ። ክርስትና፣ እቲ ዚገጥመና ነገራት ዘይኮነ እንቲ እንምልሶ መልሲ እዩ። (ማቴዎስ 5፣39-42) ሓርነት ከኣ ኣብዚ እያ ዘላ። እቲ ነዚ ኺገብር ዚኽእል ብሓቂ ኣብ ፍጹም ምግታእ ርእስኻ እዩ ዚመላለስ። ሓርነት ንርእስኻ ምግታእ እምበር ንኸባቢኻ ምልዋጥ ኣይኮነን። መንነቱ ኣጸቢቑ ዝፈለጠ ሰብ ብፍላይ ድማ ክርስትያን ንኹሉ ዕንቅፋታት ዚስዕረሉ ሓይሊ እዩ ኣብ ውሽጡ ዘለዎ። (ሮሜ 8፣4) ሎሚ መዓልቲ እምበኣር ነቲ ኣብ ህይወትና ተዓቝሩ ዘሎ ማእለያ ዘይብሉ ሓይሊ ኽንምልከቶ ኢና። ብእኡ ድማ ዘሎና ሓርነት ኽነስተብህል ኢና።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 2ቈረንቶስ 3፣4-18/ ቈረንቶስ 4

ብመንፈስ ዚመላለስ ሰብ ብሓርነት እዩ ዚመላለስ። ሓርነት ኪበሃል ከሎ ከም ድላይካ ምንባር ማለት ዘይኮነስ፣ ብዘይ ገለ ሞራላዊ ጸቕጢ ባህ ኢሉካ ጸጋ ኣምላኽ በዚሑልካስ ኣብቲ ባህ ዘብልን ምሉእን ፍቃድ ኣምላኽ ምንባር፣ ብኡ ድማ ውሽጣዊ ሰላም ምርካብ እዩ። ብመሰረት እዘን ክፍልታት እዚኣን መንፈሳዊሓርነት ከምዚ ይመስል፣-

- ሓርነት ዘለዎ ህይወት ኣብ ሓይልን ክእለትን እግዚኣብሄር ዚምርኮስ ህይወት እዩ
- ኣገልግሎት መንፈስ ማለት ልዑል ናይ ውሽጣዊ ሓርነት፣ ካብ ጻዕሪ ስጋ ዝሓለፈ ኣገልግሎት እዩ
- እዚ ናይ ክርስትና ህይወት ምስ ናይ ሕጊ ሙሴ ህይወት ኪነጻጸር ከሎ ሕልና

ዜጠቓልል ብምዃኑ ብኽብሩ ዝዓዘዘ እዩ
- ኣብ ቅሉዕ ናይ ፊት ንፊት ምስ መንፈስ ኣምላኽ እትሓብረሉ፣ ገጽ ጎይታ ማለት ክብሪ ጎይታ ድማ እተስተማቕረሉ ህይወት እዩ
- ካብ መንነትካ ካብቲ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ እትረኽበሉ እተላዕለ ድማ ዘይትሕለለሉ ኣገልግሎት እዩ
- ናይ ሓርነት ህይወት ናይ ፍልጠት ኣምላኽ ህይወት፣ ኪንዮ ከባቢኻ እትወጻሉ ህይወት፣ ኣብ ስጋ ክርስቶስ እትነብረሉ ህይወት እዩ
- እዚ ካብ መንፈስ ኣምላኽ ዚርከብ ሓርነት፣ ብእምነት እናመላእካዮ፣ ገጽ ክርስቶስ ብኽብሪ ክሳዕ እትርእዮ የብቅዓካ

# ሕቶታት

1. ኣብ መንጎ ሓርነትን ባርነትን እንታይ ፍልልይ ኣሎ?
2. ክሳዕ ክንደይ ንናይ ሓርነት ህይወት ትነብሮ ኣሎኻ?
3. "እቲ ዚረአ ንጊዜኡ እዩ፣ እቲ ዘይረኤ ግና ንዘለኣለም እዩ እሞ፣ ንሕና ነቲ ዘይረኤ እምበር ነቲ ዚረኤ ኣይንጥምትን ኢና"፣ እዚ ነገር እዚ ኣብ ህይወትካ ሓቂ ድዩ? ብኸመይ?
4. ብመሰረት ማቴዎስ 5 ብሓርነት ምምልላስ ካብ ጽድቂ ፈሪሳውያን ዝሓለፈ ህይወት ምህላው እዩ። ብዛዕባዚ እንታይ ትብል?
5. እንታይ እዩ ነቲ "ኣብቲ መንፈስ ጎይታ ዘለዎ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ" ዚብል ቃል ሓቂ ዜብሮ?

# መጠቓለሊ

ክርስትና ናይ ሓርነት ህይወት እዩ። ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምራሕ ዘበለ ድማ ብሓርነት ይመላለስ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብዚ ጸቕጢ ናይ ሕጊ፣ ጸቕጢ ናይ ከባቢኻ ኣይዓዪን እዩ። ከመይሲ ኣብ ክርስቶስ ዝኾነ ናይ ዓለም ኮነ ዓለም፣ ሕጊ ኾነ ዘይሕጊ ምልኪ የብሉን። እቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ዘበለ ድማ ብመንፈሳዊ ሓርነት እዩ ዚመላለስ። ስለዚ ኸኣ እዩ ኣብቲ መንፈስ ጎይታ ዘለዎ ኣብኡ ሓርነት ዘሎ። ካብዚ ዝተላዕለ ድማ ናይ ሓድሽ ኪዳን ናብራ፣ ወይስ ኣገልግሎት ናይ ሓርነት ኣገልግሎት እዩ።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ጎይታስ መንፈስ እዩ፣ ኣብቲ መንፈስ ጎይታ ዘለዎ ድማ፣*
*ኣብኡ ሓርነት ኣሎ።"*
*(2ቆረንቶስ 3፣16)*

# ሻድሻይ ትምህርቲ - ኣእምሮ/ፍቓድ/ስምዒት - መንነት ሰብ

## መእተዊ

ሕጂ ኣብ መወዳእታ ክፍሊ ናይቲ ዕንቅፋታት ምስዓር ዚብል ሓሳብ በጺሕና ኣሎና። ንዕንቅፋታት እትስዕረሉ ዝያዳ ንመንነትካ ብምፍላጥ ኣብኡ ድማ ጸኒዕካ ብምንባር እዩ። (2ቆረንቶስ 13፣5-7) ግናኸ መንነት ሰብ ኸመይ ዝበለ እዩ? ምስ ኣቃውማ ህይወትና ብምግንዛብ፣ ንሕና ደቂ ሰብ ብኣእምሮ ፍቓድን ስምዒትን ዝቖመ እተወሃሃደ ሰብነት ኣሎና። ኣእምሮና ናይ ምሕሳብን ምግንዛብን ክፍሊ መንነትና እዩ። ስለእንሓስብ ብህይወት ምህላውና ነስተብህል፣ ንነብር ምህላውና ንግንዘብ፣ ዘዋጽእን ዘየዋጽእን፣ ቅኑዕን ዘይቅኑዕን፣ ፍቓድ ኣምላኽ ዝኾነን ዘይኮነን ንፈልጥ። (1ቆረንቶስ 13፣11) ስምዒታዊ ህይወትና ዚኸውን ዚፍጸም ነገራት ኸምዚጭበጥ ነገር ይገብረልና። ስለዚስመዓና ንጉሂ ወይ ንሕጎስ፣ የሕምመና ወይ ባህ ይብለና። (ሮሜ 9፣1-2) ከም ሰባት እንውስን፣ እንመርጽ፣ ኣብ መደምደምታ እንበጽሕ ፍቓዳዊ ሸነኽ ናይ ህይወትና ስለዘሎና እዩ። ብፍቓድና ኢና ክርስትና ኽንቅበል ወይስ ኽይንቕበል እንውስን። ብፍቓድና ኢና ብመንፈስ ክንመላለስ እንውስን። (እያሱ 24፣15) እዚ ክንፈልጥ ከሎና ኢና ድማ ምሉእ ህይወት እንነብር።

## ቀንዲ ሓሳብ

መንነት ሰብ ከምዚ ምዃኑ እንተፈለጥና፣ ካብዚ ቐጺሉ ዚመጽእ ብእኡ ምምልላስ እዩ። ሓሳብ ኣምላኽ ንዓና ህይወትና ምስ ፍቓድ ጎይታ ኣሳኒና ኽንመላለስ እዩ። እዚ ድማ ብኹለንትናና እንገብሮ ነገር እዩ። (ዮሃንስ 6፣38) ከምዚ ኢልካ ንኹለንትናኻ ኣብ ትሕቲ እቲ ቅኑዕ ፍቓድ ኣምላኽ፣ ኣብ ትሕቲ እቲ ብመንፈስካ ኮነ ብኣእምሮኻ ዝፈለጥካዮ ሓቂ ናይ ቃል ኣምላኽ ምንባር እዩ እምበኣር እቲ ደጋጊምና እንገልጾ ዘሎና ብመንፈስ ምምልላስ። (መዝሙር 119፣59/ መዝሙር 119፣101) ዳዊት እንተኣስተብሃልናሉ፣ ንናብርኡ ኹሉ እዩ ምስ ቃል ኣምላኽ ዘዛምዶ ዘሎ። ውሳነታት ናይ ህይወቱ፣ በቲ ኣብ እዋኑ ዚፍጸም ነገራት ኣይኮነን ዚውሰድ፣ ስለዚ ግዙእ ናይ ስምዒቱ ምእንቲ ኽይከውን "ነኣጋረይውን ናብ ምስክራትካ መለስኩ" ይብል። ንሕና ክርስትያናት እምበኣር ኣብ መንነትና ዘሎ ባህርይ እንተኣስተብሂልና ቅኑዕ ምርጫታት ንኽንገብር ዘኽእለና ሓይሊ ኣሎና። (መዝሙር 119፣30)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- መዝሙር 37

ክርስትያናዊ መንነት ናይ መንግስቲ ኣምላኽ መንነት እዩ። ኣብታ መንግስቲ ዚንጸባረቕ ኩሉ ባህርያት ድማ እዩ ኣብ ኣማኒ ኪንጸባረቕ ንክርስትያን ተኣሚሙሉ። ኣዚ ብሰፊሑ ኣብ ማቴዎስ 5-7 ንረኽቦ። ሕጂ እንሪኦ ግና ነቲ ኣብ መዝሙር 37 ተዘርዚሩ ዘሎ ናይ ክርስርያን ወይስ ናይ ኣምላኽ ሰብ መንነት እዩ፣- ብመሰረት እዚ ክፍሊ ኸኣ መንነት ክርስትያን ከምዚ ይመስል፣-

- ኣብ መንጎ ረሲእን ናይ ኣምላኽ ሰብን ናይ ሞትን ናይ ህይወትን ፍልልይ ኣሎ
- ብርግጽ ንሓጥእ ሰብ ንጊዜኡ ኺሰልጦ ይኽእል መወዳእትኡ ግና ጥፍኣት

እዩ

- ንእግዚኣብሄር ምጽባይ ናይ ክርስትያን ግደ እዩ፣ ፍጻሜኡ ድማ ሰናይን ደሓንን እዩ

- ነቲ ጻድቕ እግዚኣብሄር ባህ ኢሉዎ እዩ ዚምልከቶ፣ ንስጉምታቱ ድማ ይፈልጠን

- እቲ ጻድቕ ዘይናወጸሉ ሕጊ ኣምላኹ ኣለዎ፣ ብእኡ ድማ ይመላለስ፣ እዚ ኸኣ ብኹለንትና ናይ ህይወቱ ዚገብሮ ነገር እዩ

- እቲ ጻድቕ ሰብ ብዘሎ ህይወቱ፣ ስምዒቱ ፍቓዱ ኮነ ኣእምሮኡ ሰናይ ናይ ኣምላኽን ሕጊ ኣምላኽን ኺሕሉ እዩ ተጸዊዑ

- እዚ ኹሉ ድማ ብረድኤት እግዚኣብሄር ዚኸውን ነገር እዩ

# ሕቶታት

1. ንክርስትያን ካብ ሓደ ሓጥእ ዚፈልዮ እንታይ ዓይነት መንነት ኣለዎ ትብል?

2. ኣብ ናይ ፍቓድካ ነገር ፍቓድካ ምስ ቃል ኣምላኽ ኣሳኒኻ ዝወሰንካሉ እዋናት ኣሎካዶ? ኣብነታት ጥቐስ።

3. ብዛዕባ ስምዒት፣ ኣእምሮን ፍቓድን ኪለዓል ከሎ ዚኽብደካ ነገራት ኣሎዶ? ከመይ ይመስል?

4. ክርስትና ሓላፍነት ዘለዎ ህይወት እዩ፣ እዚ ድማ ፍቓድካ ንኣምላኽ ምግዛእ ስለዘለዎ እዩ። ከቢድዶ ወይስ ቀሊል?

5. ክርስትና መዓስ እዩ ቀሊል ዚኾነልና?

# መጠቓለሊ

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዝያዳ ኹሉ ኣብ ህይወትና ዚደልዮ፣ በቲ ንሱ ዚሓስበልና ሰናይ ሓሳብ ኽንመላለስ እዩ። ከመይሲ፣ መወዳእታኡ ሰናይን ጽቡቕን ንዓና ድማ ዚጠቅምን ብምዃኑ እዩ። ኣብ ቃል ኣምላኽ ድማ "ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር ይጸንዕ፣ መገዱ ኸኣ ባህ የብሎ" ይብለና። (መዝሙር 37፣23) እዚ ናይ ጸጋ ህይወት ምዃኑ የመልክተና። ክሳዕ እታ ፍቓድካ ንእግዚኣብሄር እተግዝኣላ፣ እሞ ብዝለዓለ ዕላማን ኣጀንዳን እትመላለስ ክርስትና ከቢድ ኮይኑ ንረኽቦ። ቀሊል ዚኾነልና ግና ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ምስተሰማማዕና እዩ።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ሽዑ እኔኹ መጻእኩ፣ ... ኣምላኸየ፣ ፍቓድካ ንምግባር ባህጊ ኣሎኒ፣ ሕግኻውን ኣብ ውሽጢ ልበይ እዩ በልኩ።"*
*(መዝሙር 40፣7-8)*

# ሻድሻይ ክፋል
# ጥዑይ ስድራቤት

# ጥዑይ ስድራቤት

## መእተዊ

ሕጂ እንመሃሮ ኸመይ ዝበለ ስድራቤት እዩ ጽድቂ ኣምላኽ ዘለዎ ንዚብል ሓሳብ ኢና። ኣምላኽ ካብ መጀመርያ ስድራቤት ዚበሃል ትካል ከምዝመስረተ ኣብ ቃል ኣምላኽ ካብ ፈለማ ኢና እንረኽቦ። (ዘፍጥረት 2፣22-25) ካብዚ እተላዕለ እዩ ኸኣ ቃል ኣምላኽ ዝያዳ ንስድራቤታት ኣተኲሩ ብዙሕ ሳዕ ብዛዕባ ወለዶታት ዚዝርዝር። ክርስትያናዊ ስድራቤት ከኣ ብናይ ክርስቶስን ማሕበሩን ምሳሌ ተገሊጹ ንረኽቦ። (ኤፌሶን 5፣32) እምበኣርከ ጥዑይ ስድራቤት ኽንብል ከለና፣ ጥዑይ ዝምድና ዘለዎ ጥራይ ዘይኮነ፣ ክርስትያናዊ ስርዓትን መንፈሳዊ ትሕዝቶን ዘለዎ ንኣምላኽ ባህ ዜብል ስድራቤት ማለት እዩ። ሰብ፣ ኣብ ስድራቤቱ ዘለዎ ኣተኲሮ ከም ኣካል ንኣምላኽ ዘለዎ ኣምልኾ እዩ ኪቖጸር ዘለዎ። (1ጢሞቴዎስ 5፣8) እዚ ዚኸውን ንኽብሪ ኣምላኽ ኢሉ ንብዘለዉ ኣባላት እታ ስድራቤት ብፍቕሪ ኪሓሊ፣ ኪከናኸን፣ ኪከላኸል፣ ብዜድሊ ዘበለ ኹሉ ድማ ኺመልእ ኪጋደል ከሎ እዩ። ምናልባሽ ኣብ ናብራ፣ ስእነት ኮነ ዚኸብደካ ነገራት የጋጥም እዩ፣ ግናኸ እዚ ኹሉ ኣብ ትሕቲ ጽድቂ ኣምላኽ ምስዚኸውን ንጥዕና ስድራቤት ኣይሃስን እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ስድራቤታዊ ዝምድና ልክዕ ከምቲ ኻልእ ናብራና መንፈሳዊ ነገር እዩ። ብዓቢኡ ኣምላኽ ዝመስረቶ ነገር ስለዝኾነ፣ ናይ ምድሪ ነገር እዩ ኢልና ባዕልና ብባዕልና ጥራይ እነመሓድሮ ነገር ኣይኮነን። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ብዙ ቦታታት ዚብሎ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን፣ ናይ ወለድን ደቅን ዝምድናታት ኣምላኽ ዝሰርዖ ነገር እዩ። (ምሳሌ 31፣10/ ምሳሌ 18፣22/ መዝሙር 127፣3) ስለዚ ኻብ እግዚኣብሄር ዝኾነ ነገር ካብ ኮነ፣ መምርሒ ናይታ ስድራቤት ብዓቢኣ ድማ ሕጊ ኣምላኽ እዩ ኪኸውን ዚግባእ። ሰብኣይን ሰበይትን ደቅን፣ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ልዕልናን ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር እንተተሰማምዑ ኩሉ ናብራኦም ዝቐንዐ ይኸውን። እንተዘይኮነ ግን መሰረት ስለዘይቀንዐ ዚግበር ነገር የልቦን። (መዝሙር 11፣3) እዚ ኣብ ክርስትያናዊ ህይወትና ኣቓዲምና ኽነስተብህሎ ዘሎና ነገር እዩ። ስድራቤትና ብመሰረት ቃል ኣምላኽ፣ ብቕኑዕ ሃቐና፣ ብዘይ ህልኽን ጥቕሚ ገዛእ ርእስኻን። ኸዑ ሓዳር ጥዕና ይህልዎ።

## **ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣-** ኤፌሶን 5፣22 - 6፣4/ ቆሎ 3፣18-21/ 1ጴጥሮስ 3፣1-7

ስድራቤት፣ ብሓቂ ኣምላኽ ዘቃንዖ ስርዓትን ትካልን እዩ እሞ፣ ንሕና ክርስትያናት ኣጸቢቕና ኽነተኲረሉ ዘሎና ነገር እዩ። ኣብ ሓዳርና ክርስትያናዊ ስነምግባርን ፍርሃት ኣምላኽን እንተዘይሃልዩ ጥዑይ ስድራቤት ክንምስርት ኣሸጋሪ እዩ። እምበኣርከ፣ ከመይ ኢልና ኢና ነዚ ጥዑይ ስድራቤት እንረኽቦ? ብመሰረት እዘን ክፍልታት እዚኣን ጥዑይ ስድራቤት እዚ ባህርያት ኣለዎ፣-

- ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ዝምድና ከም ናይ ክርስቶስን ማሕበሩን ዝምድና እዩ፣ ናይ ፍቕርን ምእዛዝን ዝምድና
- ሰብኣይን ሰበይትን ዘለዎም ምውሳብ ከም ሓደ ስጋ ስለዝኾነ፣ በተሓሳሰባኦም ንሓድሕዶም በጃ ዚወሃሃቡ ኪኾኑ ኣለዎም

- ኣብ መንጎ ወለድን ውሉድን ናይ ምእዛዝን ናይ ምኽብባርን ዝምድና ኺህሉ ኣለዎ
- ፍቕሪ፣ ምእዛዝ፣ ምኽብባር ባዕልኻ ካብቲ ሓደ ኽይተጸበኻ እትኹስኩሶ ነገር ደኣ እምበር ከም ግብረመልሲ እትገብሮ ነገር ኣይኮነን
- ንሰበይቲ ንሰብኣያ ኽትእዘዝ፣ ንሰብኣይ ንሰበይቱ ኼፍቅር፣ ውሉድ ንኺእዘዙን ኬኽብሩን ወለዲ ድማ ደቆም ኬኽብሩ ባህ ኪብሎም ይግባእ። ኣብ ፍቕሪ ኣብ ምእዛዝ ኣብ ምኽባር ሓጎስ ኣሎ
- ምስ ሓድሕድካ ብእምሮ ኽትነብር ከለኻ፣ እቲ ኣብ መንጎኻ እትፈጥሮ ዝምድና ኣዝዩ እናተወሃሃደ ኪኸይድ ዓብዪ ዕድል ኣሎ

## ሕቶታት

1. ጥዑይ ስድራቤት ኸመይ ይመስል? ኣብነት ኽትጠቕስዶ ትኽእል?
2. እግዚኣብሄር ዝማእከላ ስድራቤት እንታይ ብልጫ ኣለዋ ካብታ እግዚኣብሄር ዘይማእከላ ስድራቤት?
3. ሰበይቲ ወይስ ጓል ኣንስተይቲ እንተ ዄንኪ ንሰብኣይኪ ኽሳዕ ክንደይ ኢኺ ኽትእዘዚ ድልውቲ?
4. ሰብኣይ ወይስ ወዲ ተባዕታይ እንተ ዄንካ ንሰበይትኻ ክሳዕ ክንደእይ ኢኻ ኽተፍቅራ ድሉው?
5. ውሉድ ብኸመይ እንተዓበዩ እዮም እዙዛት ዚኾኑ? ኸመይ ዝምድናኹ ኪህልወካ ኣለዎ ምስኦም?

## መጠቓለሊ

ስድራቤት ብኣምላኽ እተሰርዐ ምዃኑ ቃል ኣምላኽ ዚገልጸልና ሓቂ እዩ። ብፍላይ እኳ ንዓና ንክርስትያናት ኣብ መንጎ ክርስቶስን ማሕበሩን ዘሎ ዝምድና እዩ ምስሌ ናይቲ ክርስትያናዊ ሓዳር። እግዚኣብሄር ዝማእከላ ስድራቤት "ፍርሃት እግዚኣብሄር" ዝመሰረቱ ሓዳር ስለዚህልዋ ብዙሕ ኣዎንታዊ ብልጫታት ኣለዋ። ጥዑይ ስድራቤት ካብ ህልኽ ነጻ ዝኾነ ዝምድና ስለዘለዎ እዚ ነታ እግዚኣብሄር ዝማእከላ ስድራቤት እዩ ዚህልዋ። እምበኣርከ ኹልና ከምዚ ዝበለ ጥዑይ ስድራቤት ንኽንመርሕ ወይስ ኺህልወና ናብ ገዛእ ርእስና ጠሚትና ኣብ ቅኑዕ ዝኾነ ቃል ኣምላኻዊ ኣተሓሳስባ ኽንመጽእ ይግበኣና።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንሓድሕድኩም ብፍርሃት ክርስቶስ እዙዛት ኩኑ።"*
*(ኤፌሶን 5፣21)*

# ቀዳማይ ትምህርቲ - ቀዳምነት ናይ ስድራቤት

## መእተዊ

እቲ ኣብ ስድራቤት ዝኣተወ ኸመይ ኢሉ እዩ ኺመላለስ ዘለዎ? ሰብ ኣብ ሓዳር እንተ ሃልዩ ወይስ ናብ ሓዳር ኪኣቱ እንተፈትዩ ካብቲ ኬስተውዕሎ ዘለዎ ነገር ኸም ድላይካ ካብ ምንባር ወጺኡ ናብ ሓላፍነት ይኣቱ ምህላዉ እዩ። (1ቆረንቶስ 7፤4) ብፍላይ እኳ እዚ ንክርስትያን ዝያዳ ዚምልከቶ ነገር እዩ። ስድራቤት ብኹሉ ነገር እተወሃሃደት ትካል እያ፣ ብመንፈሳዊ፣ ብማሕበራዊ ከምኡውን ብኣካላዊ ሸነኻት ብኹሉ ናብ ሓድነት ኣቢላ እትዓቢ እያ። ክርስትያን ስድራቤት ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝተመስረተት እያ እሞ፣ ሰብ ኣብ ስድራቤት ምስኣተወ ነቲ መሰረቱ ዝኾነ ኣምላኽ ኢሉ ነታ ስድራቤት ኪሓሊ ንዓኣ ኪሕሉ ሓላፍነት ኣለዎ። (ኤፌሶን 5፤33) እቲ ኣብ ሓዳር ዝተጸምደ ኾነ እቲ ናብ ሓዳር ኪኣቱ ፍቓደኛ ዝኾነ ሰብ ንኣምላኽ ዘለዎ ፍቕሪ በቲ ነታ ስድራቤቱ ዘለዎ ፍቕርን ሓልዮትን እዩ ኺገልጾ ዘለዎ። (1ቆረንቶስ 7፤3) እዚ ኻብ ኮነ እምበኣር ኩሉ ጻዕሪ ናይቲ መንፈሳዊ ሰብ ብውልቁ ኾነ ብስድራቤት ንኣምላኽ ባህ ንምባል ኪኸውን እዩ ዚግባእ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ስድራቤታዊ ዝምድናታት ኣመልኪትና ኽንዛረብ ከለና፣ ብዛዕባ ሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ምቕጻል ወለዶታት ኢና ንዛረብ ዘለና። እዚ፣ እቲ ኣምላኽ ንኹሉ ሰብ ዝመደቦ ብክርስቶስ ዝተረኽበ ፍረ ምድሓን ኣብ ውሽጢ ስድራቤት'ውን ክዉን ሓቂ ምግባር እዩ። እቲ ክርስትያን እምበኣር ንወንጌል መንግስቲ ኻብ ተቐበለ፣ ነቲ በረኸት ክርስቶስ ድማ ካብ ኣስተማቐረ፣ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ናብራ ኣብ ስድራቤቱውን ኪነብሮ እዩ ኪጽዕር ዘለዎ። (ኤፌሶን 5፤2) እዚ እንተኾይኑ፣ እቶም ወለዲ ኣብታ ስድራቤት ኪህልዎም ዘለዎ ግደ ንኺፈልጡ ዜሸግር ኣይኮነን። ከመይሲ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ስድራቤት፣ ብዛዕባ ሰበይቲ፣ ብዛዕባ ሰብኣይን፣ ብዛዕባ ውሉድን ዚብሎ ግሁድ እዩ። (1ጴጥሮስ 3፤1-7) ካብ ኩሉ ኣባል እታ ስድራቤት ዜድሊ ነገር እምበኣር ቅኑዕ ሃቐና ዘለዎ ዝምድና እዩ። እቲ ሓልዮት ነታ ስድራቤት ክሳዕ ዘሎ፣ ኣብ ፍቅሪ ዝተመስረተ ዝምድና ክሳዕ ዝኾነ፣ ስድራቤት ኣብ ሕብረት ክርስትና ቀዳምነት ረኺባ ማለት እዩ። እዚ ነገር እዚ ኸምቲ ጸጋ ኣምላኽ ዝዓደለካ ኽትነብሮ ከለኻ ሰናይ እዩ። (1ቆረንቶስ 7፤17)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፤- 1ጴጥሮስ 3፤1-7

ሕጂ ኣብዚ ኣንርእዮ ዘሎና ነገር ናይ ኣተኩሮ ነገር እዩ። ኣብ ስድራቤት ዘለዉ ኣባላት ኣበየናይ ሸነኽ ናይ ህይወት እዮም ዜድህቡ? ዝያዳ ነታ ስድራቤት ኣብ ዚሃንጽ ፍቕርን ምግዝዛእን ድዮም ዜተኩሩ ወይስ ኣብ ነገራዊ ህይወት። ብመሰረት እዘን ክፍልታት እዚኣን ንስድራቤት ቀዳምነት ሂቡ ዜንብር ከምዚ ዚስዕብ ንረክብ፤-

- ናይ ክርስትያን ሰበይቲ ንሰብኣያ ምእዛዝ ነቶም ካብ ቃል ኣምላኽ ወጻኢ ዚመላለሱ ቅሉዕ መልእኽቲ እዩ
- ኣተኩሮ ናይ ኣመንቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ደጋዊ ትሕዝቶ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጣዊ ጽባቐ እዩ ኪኸውን ዘለዎ
- እዚ ኺበሃል ከሎ ኣብ ውሽጢ ስድራቤተን እንታይ ዓይነት ሰናይ ጽልዋ ኣለወን

እዩ ዝያዳ ዘገድስ ማለት እዩ
- ናይ ሰብኡት ባህርይ ድማ ዕብለላ ዘይኮነስ ፍቕራዊ ሓልዮት እዩ ኪኸውን ዘለዎ፣ እዚ ንሰብኡት ክብሪ እዩ
- ምስ ኣንስቶም ብግቡእ ፍቕርን ሓልዮትን ዚመላለሱ ሰብኡት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ መጎስ ኣለዎም
- ውሉድን ወለድን ንሓድሕዶም ብሓልዮት ኪገዛዝኡ ኸለዉ ዝያዳ ፍቕራዊ ምትእስሳር ይህልዎም
- ዕላማ ናይ ስድራቤት ናብ ፍቕራዊ ሓድነት ምምጻእ እዩ ኪኸውን ዘለዎ

# ሕቶታት

1. ከም ክርስትያን ንስድራቤትካ ዘሎካ ሓልዮት ብኸመይ ትገልጾ?
2. ሳራ ንኣብርሃም ጎይታይ እናበለት ትእዘዞ ነበረት፣ እዚ ኣብ ዘመንና ይዓዩ ድዩ ወይስ ኣይዓዩን?
3. ዝያዳ ንሰበይትኻ ምሕላይ ከም ድኻም ዚቐጽርዎ ሰባት ኣለዉ፣ ብመሰረት ክርስትና እዚ እንታይ ሓቅነት ኣለዎ?
4. ውሉድ ምስ ስድራቤቶም ከም ክርስትያናት ካብ ዜቀራርቦም ነገራት እንታይ ንጠቅስ?

# መጠቓለሊ

ክርስትያናት ዝያዳ ኹሉ ኣብ ስድራቤቶም ኼተኩሩ ይግብኦም። እቲ ንኣምላኽ ዘሎካ ፍቕሪ በቲ ነቶም ቀረባኻ ዘለዉ እተርእዮ ፍቕሪ እዩ ዚዕቀን። በዚ መሰረት ኣንስቲ ዝያዳ ደጋዊ ትሕዝቶኣን ኣብ ስድራቤተን ዘለወን ሓልዮት፣ ሰብኡት ድማ ዝያዳ እቲ ተባዕታዊ ሓበኖም ኣብ ስድራቤቶም ዘለዎም ፍቕሪ እዩ ኪዓዝዝ ዘለዎ። እቲ ዕላማ ነታ ስድራቤት ናብ መንፈሳውን ኣካላውን ሓድነት ንምምጻእ ክሳዕ ዝኾነ፣ እቶም ወለዲ ኮነ እቶም ውሉድ ዘለዎም ኣመለኻኽታታት ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ኪወሃሃድ ኣለዎ። እዚ ኸኣ ነፍሲወከፍ በበቲ ዘለዎ ናይ ሓልዮት ግደ ነናቱ ሓላፍነት ኪወስድ ከሎ እዩ። ስድራቤት ኣትህነጽ ብኹሎም ኣባላታ እያ።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩም፣ ነፍሱውን መባኣን መስዋእትን ገይሩ ንኣምላኽ ንምዑዝ ጨና በኻና ዚሕለፈ፣ ከምኡ ብፍቕሪ ተመላለሱ።"*
*(ኤፌሶን5፣2)*

# ካልኣይ ትምህርቲ - ሓዳርካ ምእላይ

## መእተዊ

ሓዳር፣ እቲ ኣብ ስድራቤት ዚግበር ናብራ እዩ ኢልና ክንጽውዖ ንኽእል። ሰብኣይን ሰበይትን ምስተዋሰቡ ብሓደ ዚኀዓዙዎ ምኺኑ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብመንፈስን ብስጋን ዚወሃሃዱሉ ብምኺኑ ፍሉይ ኣገዳስነት ኣለዎ። ንክርስትያናት እዚ ሓድነት እዚ ቅዱስ ዚገብሮ፣ ናይ ስጋ ጥራይ ዘይኮነ ናይ መንፈስ ሸነኽ ስለዘለዎ እዩ። (ኤፌሶን 5፣31/ 1ቈረንቶስ 6፣16-17) ክርስትያናዊ ሓዳር ከመይ እዩ? ኣብ ዝሓለፈ ክፍልታት ዝረኤናዮ ነቲ ግቡእ ናይ ሓደ ክርስትያን ኣባል ስድራቤት ኢና። ኣብዛ ክፍሊ እዚኣ እንርእዮ ኸኣ እቲ ኣብ ናብራ ዚገጥም ነገራትን ከመይ ጌሩ ሰብ ኪኣልዮ ይረኣ? ከመይ ጌርካኸ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ኪእለ ይግባእ? ዚብል እዩ። ብመሰረቱ ቃል ኣምላኽ ንኀነጽን ንህልኽን ዕድል ኣይህበናን እዩ። ግናኸ ንዝኾነ ባእሲ ኮነ ክርክር ብህዱእ መንፈስ ጌርና ክንኣልዮ እዩ ዚነግረና። (ገላትያ 6፣1) ንውሉድውን እንተኾነ፣ ቃል ኣምላኽ ዚነግረና ዚግባእ መቕጻዕቲ ክንቀጽዮም እምበር ክንመሮም ከምዘይብልና እዩ። (ኤፌሶን 6፣4) እዚ ኻብ ኮነ እምበኣር ኣብ ሓዳር ኽንገብሮ ዘሎና ጥንቃቐን ምስትውዓልን ክንርኢ ኢና።

## ቀንዲ ሓሳብ

ምእላይ ኪበሃል ከሎ ምስ መሪሕነት ከምኡውን ምሕደራ ዚኸይድ ነገር እዩ። (1ጢሞቴዎስ 3፣2-5) እዚ ቃል እዚ ንኤጲስቆጶስ ጥራይ ዚምልከት ኣይኮነን። ግናኸ፣ ብኸመይ እዩ ሓዳር ኪእለ ዘለዎ? ክልተ መገዲ ኣሎ፣ ከም ኣኻይዳ ናይ ዓለም እንተኾይኑ ነናትካ ኣጀንዳ ሒዝካ፣ ሰብኣይ በቲ ዚደልዮ ሰበይቲ ኸኣ በቲ እትደልዮ መገዲ ነታ ስድራቤት ትኣሊ። እዚ ብመሰረቱ ናብ ናይ "ድሌታት" ግርጭት ኣቢሉ እዩ ዚመርሕ። ክርስትያን ስድራቤት ብኻልእ መገዲ እያ እትእለ፣ ኩሉ ንጥቕሚ እታ ስድራቤት ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ኻልእ ብዚሰማምዓሉ፣ ሓደ ሕልና ናይቲ ኻልእ እናሓለወ ዚኣለየሉ መገዲ እያ። (1ጢሞቴዎስ 5፣8) ከምቲ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ባህርይ፣ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ካብ ርእሱ ኣብሊጹ ብምርኣይ እዩ ኺመላለስ ዘለዎ። (ፊልጲ 2፣3) ኣብ ሓዳር ድማ ሰብኣይ ንሰበይቱ ከምኡ ካብ ርእሱ ኣብሊጹ፣ ሰበይቲ ድማ ንሰብኣያ ካብ ርእሳ ኣብሊጻ ብምርኣይ በዚ ልቢ እዚ እያ እታ ስድራቤት ኽትእለ ዘለዋ። ከመይሲ ክርስትያናዊ ናብራ ኣብ ደገ ምስ ዘለዉ ጥራይ ዘይኮነ ወይስ ኣብ ሕብረት ቤተክርስትያን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሓዳር ድማ እዩ።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ጢሞቴዎስ 2፣8-15/ 1ጢሞቴዎስ 5፣1-10

ምላይ ስድራቤት ካብቲ ንወዲ ሰብ ዝተዋህበ ዝዓበየ ሓላፍነት ሓደ እዩ። ብሓቂ ሰብ በቲ ኣብ ስድራቤቱ ዘለዎ ኣተኣላልያ ኺምዘን ዚከኣል እዩ። ስለዚ ንሕና ክርስትያናት ኣጸቢቕና ኢና ንስድራቤታዊ ኣተኣላልያ ኽነስተብህለሉ ዚግበኣና። ኣብዛ ክፍሊ እዚኣ ብመሰረት እዘን ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ስድራቤት ምእላይ ዚብል ሓሳብ ብኸምዚ ክንርእዮ ንኽእል፣-

- ናይ ሰብኣይ መሪሕነት ኣብ ስድራቤት በቲ ነታ ቤት ዘለዎ ሓልዮትን ፍቕርን እዩ ኪምዘን ዘለዎ
- ምእዛዝ ናይ ሰበይቲ ኣብ ምእላይ ስድራቤታ ሓደ ዓብዪ ጽልዋ ኣለዎ፣ ነታ ስድራ

ትጥርንፋ ወይ ትብትና

- ቤትካ ምእላይ ወይስ ምስትንባር ናይ ጥበብ ነገር ጥራይ ዘይኮነ ናይ ፍርሃት እግዚኣብሄር ጉዳይ ድማ እዩ
- ርክብናን ኣብ ስድራቤት ዘሎና ዝርርብን ነቲ ናይ ፍቕርን ምግዝዛእን ሓድነት ኣጸቢቑ እዩ ዚጸልዎ
- ውሉድ ምስ ወለዶም ውሬታ ዝመልእ ርክብን ዝምድናን እንተሃልዩ እታ ቤት ብጽቡቕ ትእለ ከምዘላ ምልክት እዩ
- እቲ ኣብ ስድራቤታዊ ምእላይ ዘሎካ ፍረ ነቲ ኣብ ካልእ ዓውድታት ህይወት ዘሎካ ዓወት ወሳኒ ነገር እዩ

## ሕቶታት

1. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ስድራቤቱ ብግቡእ ዘይኣለየ ሰብ መን ትጠቅስ?
2. ብኣንጻርዚ ንስድራቤቱ ብጽቡቕ ካብ ዝኣለየ ሰብ መን ክንጠቅስ ንኽእል?
3. ንስኻ/ንስኺ ኣብ ስድራቤትኩም ዚህልወኩም ግደ ኸመይ ኪኸውን ኢኹም እትደልዩ?
4. ክሳዕ ሕጂ ኣብ ስድራቤትካ ከመይ ዝበለ ምምልላስ ነበረካ? ምእዙዝዶ ኔርካ ወይስ ብኣንጻሩ?
5. ነቲ ኣብ 1ጢሞቴዎስ 3፣2-5 ዘሎ ብዛዕባ ምስትንባር ስድራቤት ብኸመይ ትጥምቶ?

## መጠቓለሊ

ከመይ ጌርና ኢና ስድራቤትና ኽንኣሊ? ብሓቂ ካብቲ ዝዓበየ ናይ ህይወት ብድሆታት እዩ። ኣብ ዘመንና ስድራቤታት ብዙሕ ተጎዲኣን ንረኽበን። ናይ ድሌታት ግርጭት ስለዘሎ ባእስን ህልኽን ዝበዝሓን ስድራቤታት ሒደት ኣይኮናን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስውን ከም እኒ ዳዊት፣ ስድራቤት ይስሓቕ ወዘተ ከምዚ ጸገም ነይሩወን። ብኣንጻሩ ድማ ስድራቤት እያሱ፣ ስድራቤት ሬካብ፣ ወዘተ ኣብነታዊ ዝኾና ስድራቤታት ነይሩ። እቲ ኣገዳሲ ነገር እንተርኤናዮ ኣብ ስድራቤትካ ዘሎካ መንፈሳዊ ከምኡውን ማሕበራዊ ጽልዋ ነታ ስድራቤት የጥዕያ ወይስ የዕንዋ ምኻኑ ንምልከት። ካብ ቃል ኣምላኽ ብዙሕ ብዛዕባ ውሕሉል ኣተኣላልያ ስድራቤት ክንመሃር ንኽእል ኢና።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ሓደ እኳ ነቶም ናቱ፣ ምናዳ ግና ንስድራቤቱ፣ ዘይሓሊ እንተሎ፣ እምነት ዝኸሓደ ኻብቲ ዘይኣምንውን ዝገደደ እዩ።"*
*(1ጢሞ 5፣8)*

# ሳልሳይ ትምህርቲ - ምዝርራብ ኣብ ሓዳር

## መእተዊ

ዚበዝሕ ኣብ ህይወት ዚግበር ዝምድናታት ብምዝርራብ እዩ ዚካየድ። ምዝርራብ እዩ ንሰባት ወይ ንኺረዳድኡ ወይ ብሓባር ንኺቕጽሉ ወይ ኣብ ሓድሕዶም ውዕል ንኺገብሩ ዜኽእሎም። መጽሓፍ ቅዱስ "ክልተ ሰባት እንተዘይተሰማምዑ ኸመይ ኢሎም ብሓደ ይኸዱ" ብምባል ንኣገዳስነት ምዝርራብን ምርድዳእን ይገልጽ። (ኣሞጽ 3፣3) ኣብ ናይ ሓዳር ህይወት ድማ፣ ልዕሊ ኹሉ ኪህሉ ዘለዎ፣ ግን ከኣ ኣብ ብዙሕ ስድራቤታት ዘይትኮረሉ ነገር ምዝርራብ እዩ። ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ዘይምርድዳእ ምስዚፍጠር ካብ ምዝርራብ ሓሊፉ ኪፈትሖ ዚኽእል ነገር የልቦን። ትም ብምባል ነገር ኣይፍታሕን እዩ። ትም ዚበሃለሉ እዋን ኣሎ፣ እትዘራረበሉ እዋን ድማ ኣሎ። (ምሳሌ 10፣19) እቲ ኺትኮረሉ ዘለዎ ነገር ድማ ናይቲ ምዝርራብ ትሪ ወይ ቶን እዩ። ከመይሲ መጽሓፍ ቅዱስ "ልኡም ምላሽ ግና ንቑጥዓ የህድእ፣ ተሪር ቃል ኵራ የልዕል" ይብለና። (ምሳሌ 14፣1) ቶን ናይ ኣዘራርባና ኽንቆጻጸር ከለና ኢና ኣብ ሓዳርና ምርድዳእ እነስፍን። እዚ ኣብ ካልእ ቦታ ድማ "መንፈሳዊ" ትሕዝቶ ከምዝኾነ ኢና ንምልከት። (ፊልጲ 2፣3) ነቲ እተቖጥዐ፣ ነቲ ዝጎሃየ፣ ነቲ ዝተሓጎሰ፣ ነቲ ዝተለዓዓለ ከመይ ኢልካ ከምእትመልሰሉ ምፍላጥ ልቦና እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ሓደ ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ኽንርድኦ ዘሎና ነገር ኸመይ ጌርካ ንናይ ሰብ ሓሳብ ትርዳእ ዚብል እዩ። ሰብ ናይ ግድን ኣይኮነን ከምቲ ዝሓሰቦ ዚዛረብ። (ምሳሌ 16፣1) ገሊኡ ሓሳቡ ኪገልጽ ዘየጸግሞ ኣሎ፣ ገሊኡ ኸኣ ሓሳቡ ብግቡእ ኪገልጽ ዘይክእል እዩ። ኽምዚ ካብ ኮነ እምበኣር ነቲ ሰብ ዚብሎ ምስናይ መንፈሱ ኽነስተብህሎ ኣሎና። እዚ ናይ ኣተሓሳስባ ነገር እዩ። (ፊልጲ 4፣8) ብግቡእ ንሰምዕ እንተ ዄንና ኢና ብግቡእ ኽንዘራረብ እንኽእል። ሰኣን ምስማዕ ብዙሕ ናይ ሓዳር ባእሲ ይፍጠር እዩ። ኻልእ ኪውገድ ዘለዎ ኣብ ምዝርራብ ድማ፣ ገሚትካ ምምላሽ እዩ። "ከምዚ ሓሲቡ እዩ ዚኸውን" ኢልካ ንናይ ሰብ ዘረባ ምትርጓም ኣዝዩ ግጉይ ነገር እዩ። ንናይ ሰብ ገጽ ርኢኻ ነቲ ዚዛረቦ ዘሎ ኽትቕልብ ሓደ ነገር እዩ። ከምዚ እዩ ሓሲቡ ዚኸውን ምባል ድማ ካልእ እዩ። ስለዚ ኣብ ሓዳር ምዝርራብ ጥራይ ዘይኮነ፣ ቅኑዕ መንፈስ ሒዝካ ምዝርራብ ኪህሉ ኸሎ እዩ ጥዕና ናይ ስድራቤት ዝተሓለወ ዚኸውን።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፦ 1ጴጥሮስ 3፣1-13

ከምቲ ኹሉ ካልእ ናይ ሓባር ናብራ ኣብ ሓዳር ድማ ተዘራሪብካ ኢኻ ናይ ሓድሕድካ ነገራት እትካፈል። ኣብ ኩሉ ነገር ዘይትዘራረብ እንተ ዄንካ ኣብ ሓዳር ሽግር ኪፍጠር ብግዲ እዩ። ስለዚ ኸኣ ቃል ኣምላኽ ቅኑዕ መንፈስ ሒዝና ክንረዳዳእ ይምዕደና። በዚ መሰረት ክርስትያናዊ ሓዳር እንታይ ዓይነት ምርድዳእ ኪህልዎ ኸምዘለዎ ካብዛ ክፍሊ ክንመሃር ኢና፣-

- ሕጂውን ሰበይቲ እቲ ናይ ምእዛዝ ነገር፣ ሰብኣይ ከኣ እቲ ናይ ምፍቃር ነገር ኪርስዑ የብሎምን
- ኣንስቲ ንናይ ሳራ ምእዛዝ ከም ኣብነት ሒዘን ምስ ሰብኡተን ብሰላም ኪነብራ

ይግብኣን

- ሰብኡት ድማ ንናይ ኣንስቶም ስምዒትን ሓሳብን ተረዲኦም ምስኣን ብእምሮ ኺመላለሱ እዩ ዘለዎም
- ንሓድሕዶም ሰናይ ነገር ጥራይ ኪሓስቡ እምበር፣ እኩይ ኣብ ክንዲ እኩይ፣ጸርፊ ድማ ኣብ ክንዲ ጸርፊ ኪመልሱ ኣይግባእን
- ሓዳሮም ዝሰመረሎም ምእንቲ ኪኸውን ልሳኖም ገቲኦም፣ ብዓቕልን ትዕግስትን እናተመላለሱ ኪጸዋወሩ እዩ ዘለዎም
- ንሰላም ኪደልዩዋን ኪስዕብዋን የድልዮም፣ ከምዚ ምስዚገብሩ እከይ ነገር ዚገብሮም የልቦን

# ሕቶታት

1. ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምህሮ ኣብ ሓዳር ምዝርራብ ኪህሉ ኣለዎዶ? ከሳዕ ክንደይ?
2. ኣብ ሓዳርካ ዘይትዘራረብ እንተ ኼንካ እንታይ ኬጋጥም ይኽእል ኢልካ ትሓስብ?
3. ኣብ ሓዳርካ ካብ መጻምድኻ ክትሓብኦ ዘሎካ ነገራት ኣሎዶ?
4. ምዝርራብን ዘይምዝርራብን ኣብ ውሉድካ ኬስዕቦ ዚኽእል ነገር እንታይ ኣሎ?
5. ኣብ ምዝርራብከ ከመይ ዝበለ ኣገባብ ኽንጥቀም ኣሎና ትብል?

# መጠቓለሊ

ምዝርራብ ንሓንቲ ስድራቤት ዚሃንጽ ወይ ዜዕኑ ኪኸውን ይኽእል። ስለዚ ድማ ብፍላይ ኣመንቲ ስድራቤት ንሓድሕዶም ዘለዎም ሓሳብ ኮነ ሽግር ኬካፍሉ እዩ ዘለዎም። እዚ ምግባሮም ጥራይ ኣብ ንሓድሕዶም ዘለዎም እምነት ኬዕብዩ ይኽእሉ። መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ነዚ የተባብዓና እዩ። ከመይሲ ንሓድሕድና እናተሓላለና ብተሪር ቃል ዘይኮነ ብልኡም ምላሽ እናተዘራረብና ሓዳርና ክንመርሕ እዩ ዜተሓሳስበና። ዘይምዝርራብ ግና ናብ ህልኽን ዘይምትእምማንን እዩ ዚወስደካ እሞ ክርስትያናት ካብዚ ነገር እዚ ኽንጥንቀቕ ይግበኣና።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ምርቓ ምእንቲ ኽትወርሱ፣ ነዚ ጸዉዓት ኢኹም እሞ፣ መርቑ ደኣ እምበር፣ እኩይ ኣብ ክንዲ እኩይ ኣይትምለሱ።"*
*(1ጴጥሮስ 3፣9)*

# ራብዓይ ትምህርቲ - ሓቢርካ ምውሳን

## መእተዊ

ህይወት ብውሳኔታት ዝተኸበበት እያ። እቲ ደቂ ሰባት ኣብ ምድሪ ዝገበርዎ መጀመርያ ነገር ምርጫ እዩ። ሄዋን መጀመርያ፣ ደሓር ድማ ኣዳም ንመጻኢ ህይወቶምን ንመጻኢ ህይወት ወለዶኦምን ዚጸሉ ምርጫ ምግባሮም ሓደ ሓቂ እዩ። (ዘፍጥረት 3) ሕጂ ኣብ ዘመንናውን ሰባት ካብ ምርጫን ውሳኔን ነጻ ኣይኮንናን። ኣብ ሓዳር ዚግበር ውሳኔታት ነታ ኸው ዘላ ስድራቤትን ንዚመጽእ ወለዶታትን ኺጸሉ ይኽእል እዩ። ንጉስ ዳዊት ኣብ ህይወቱ ዝገበሮ ውሳኔ ንወለዶኡ ኽይተረፈ ጸልዩ። (2ነገስት 12፣10-12) ስለዚ ኣብ ሓዳር ዚግበር ውሳኔታት ዓብዪ ፍረ ዘለዎ ነገር ምዃኑ ብምግንዛብ እቶም ሰብ ሓዳር ኽልቲኦም ሓቢሮም ብዛዕባ ዚግበር ውሳኔታት ኪማኸሩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ እንተኾይኑ፣ ደሓር እቲ ዜጋጥም ኬጋጥም ከሎ ብሰንክኺ፣ ብሰንክኻ እባ ዚብል ምክሳስ ኣይመጽእን እዩ። በዚ መንጽር እዚ ነቲ ኣብ 1ቆረንቶስ 7፣4 ዘሎ ሓሳብ ምስእንምልከቶ ብዙሕ ኢና እንመሃረሉ። በይንኻ ምውሳን በይንኻ ምርጫ ናይ ሓዳር ምግባር ቅኑዕ ኣይኮነን።

## ቀንዲ ሓሳብ

ኣብ ናይ ሓዳር ነገር፣ ክልቲኦም ወገናት፣ ሰብኣይን ሰበይትን ማዕረ ዝኾነ ሓላፍነት ከምዘለዎም መጽሓፍ ቅዱስ የመልክተና። ከመይሲ ሰብኣት ኣብ ገዛእ ስጋኦ፣ ሰበይቲ ድማ ኣብ ገዛእ ስጋኣ ኣይትመልኽን እያ። ምናልባሽ፣ ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቲ ስለዝኾነ፣ ንሱ እዩ መራሒ ናይታ ስድራቤት እሞ፣ ንሱ እዩ ኺውስን ዘለዎ ንብል ንኸውን። እቲ ቅኑዕ ግን ከምኡ ዘይኮነስ፣ ንሰብኣይ ዝያዳ ብዛዕባ ስድራቤቱ ኪሓሊ ከምኡውን ኪከላኸል እዩ ሓላፍነት ዘሰክሞ። (1ጴጥሮስ 3፣7) "በእምሮ ምንባር" ናቱ ሓላፍነት ካብ ኮነ ዝያዳ ሕልና ሰበይቱ ኪሕሉ እዩ ዚግባእ። ሓላፍነት ኪበሃል ከሎ ምልኪ ዘይኮነስ፣ ሓልዮትን ፍቕርን እዩ። ሰብኣይ ምኻን እዚ እዩ። (1ቆረንቶስ 16፣13-14) ስለዚ ሰብኣይ ምስ ሰበይቱ ይማኸር፣ ሓቢሮም ኣብ ሓደ ስምምዕ ይመጹ እሞ፣ ንሱ ከም ሓላፊ ነቲ ናይ ውሳኔኦም ይትግብሮ። እዚ ዚገብር ብሓቂ ንመጻምዱ ከም መዋርስቱ ዜኽብር፣ ጸጋ ኽምዝበዝሓሉ የርኢ ኣሎ። እቲ ዕላማ ንናይ ሓባር ሰናይ ብምዃኑ ሓቢርካ ምውሳን ሰናይ ነገር እዩ። (ግብሪ ሃዋርያት 18፣2-3/ 26/ 1ሳሙኤል 1፣23)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- *መሳፍንቲ* 13፣2-24/ 2ነገስት 4፣8-37

ኣብዚ እንርእዮ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት ናይ ሓቢርካ ምውሳን ኢና። ኣብ ስድራቤት ስምምዕ እንተሎ ኢና ነዚ ናይ ሕብረት ውሳኔ ተርእዮ እንረክብ። እቲ ብሓባር እንውስኖ ክሳዕ ክንደይ ንህይወትናን ንመጻኢ ናይ ወለዶናን ከምዚጠቅም ድማ ነስተብህል። ብመሰረት እዘን ክፍልታት እዚኣን ናይ ሓባር ውሳኔ እንታይ ከምዚመስል ንመልከት፣-

ብሓባር እትውስን ነቲ ሓደ ፍልጠት ስለዝወሓዶ ወይስ ጥበብ ስለዘይብሉ ኣይኮነን

ሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ስጋ እዮም ማለት ኣካላት ናይ ሓደ ሰብነት እዮም። ስለዚ ኸኣ ሓዲኦም ዚውስኖ ነቲ ሓደ ይጸልዎ እዩ

ብሓባር ተረዳዲኦም ኣብ መደምደምታ ምስዚበጽሑ ድማ ፍረ ናይቲ ዚገጥሞም ነገራት

ብሓባር ኪካፈሉዎ ኣየሸግሮምን እዩ

ሳላ ሓቢርካ ምምራጽ ወይ ምውሳን ጌጋታት ካብ ምፍጻም ክንድሕን ንኽእል። ከመይሲ ነቲ ሓደ ዝይተራእዮ ነገር ነቲ ሓደ ኺረኣዮ ስለዚኽእል

እታ ሹናማዊት ሰበይቲ ጽቡቕ ኮይኑ ዝተራእያ ንሰብኣያ ብቕኑዕ መንፈስ ምስካፈለቶ ተቐበላ፣ እታ ሰበይቲ ማኖኣውን እቲ መልኣኽ ዝበላ ንሰብኣያ ምስካፈለቶ ብጽቡቕ ተቐቢሉዋ፣ ነፍሲ ወከፎም ድማ ዘድሊ ዘበለ ኹሉ ገበሩ።

ሳላ ሓቢሮም ምውሳኖም ኣብ ክልቲኡ ኣብነታት ሰናይ ዝኾነ በረኸት ረኺቦም

## ሕቶታት

ስለምንታይ እዮም ኣብ ገለ ስድራቤታት ሰብኣይን ሰበይትን ነገራቶም ካብ ሓድሕዶም ዚሓብኡ?

ኣብ ባህሊ ናይ ሕብረተሰብና ናይ ሓባር ውሳኔ ኣብ ስድራቤት ከመይ ይመስል?

ብሓባር ምእንቲ ኽትውስን እንታይ የድልየካ?

ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ኣብነት ናይ ሓቢርካ ምውሳን ኽንረክብ ንኽእል?

ኣብ ህይወትካ ምስ መጻምድኻ ሓቢርካ ኽትውስን ፍቓደኛ ዲኻ? ክሳዕ ክንደይ ደረጃ?

## መጠቓለሊ

ከምቲ ምዝርራብ ንስድራቤታዊ ናብራ ሃናጺ ዝኾነ፣ ኣብ ሓዳር ሓቢርካ ምውሳን ድማ ብዘይ ልክዕ ኣድላዪ እዩ። ክልቲኦም ኣባላት ስድራቤት ንሓድሕዶም ዘለዎ ምትእምማን ዝያዳ ንኺዓዝዝ ሓቢሮም ኪውስኑ ፍቓደኛታት ኪኾኑ ይግባእ። ኣብ ሕብረተሰብና ተራ ናይ ሰብኣይ ዝያዳ ዝለዓለ ስለዝጸንሐ ኣብ ውሳኔ ንሰበይቲ ብዙሕ ምክፋል ልሙድ ኣይኮነን። ካብዚ እተላዕለ ድማ ከምቲ ዚድለ ተሳታፍነት ናይ ሰበይቲ ኣብ ምሕደራ ናይ ሓዳር ኣይንርእን። ግናኸ፣ ኣባና ኣብ ክርስትያናት ብፍላይ ብሓባር ናይ ምውሳን ልማድ ኸነድህበሉ ዘሎና ነገር እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ኣጸብቒ ይድግፈና እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ኲሉ ግብርኹም ብፍቕሪ ይገበር።"*
*(1ቈረንቶስ 16፣14)*

# ሓምሻይ ትምህርቲ - ውላድ ምዕባይ

## መእተዊ

"እነሆ፣ ውሉድ ውህበት እግዚኣብሄር እዮም፣ ፍረ ኸርሲ ኸኣ ዓስቢ እዩ።" (መዝሙር 127፣3) ብዛዕባ ስድራቤት ኣብ እነጽንዓሉ ኣዋን ሓደ ካብቲ ክንዝግዮ ዘይብልና ነገር ናይ ውሉድ ነገር እዩ። እግዚኣብሄር ንሓንቲ ስድራቤት ብውሉድ ኪባርኻ ከሎ፣ ምሉእ ሰብ ጌርካ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት እዩ ዚህባ ዘሎ። ብኽልቲኦም ወለዲ ድማ እዚ ነገር እዚ ንኺማላእ ሓቢሮም ኪዓዩ ይግብኦም። (ምሳሌ 22፣6) ውሉድ ምዕባይ ጸጋ እኳ እንተኾነ፣ ልክዕ ከም ስራሕ ድማ እቶም ወለዲ ብግዲ ኼድህቡሉ ዚግባእ ነገር እዩ። ከመይሲ እግዚኣብሄር ውሉድ ካብ ሃበ፣ ንደቅኻ እተዕብየሉ ጸጋ ምሃብ ኣይሰኣኖን እዩ። እቲ ካባና ካብ ሰባት ዜድሊ ግና ብዛዕባ ዚህበና ውሉድ ጥንቁቓትን እሙናት ሰብ ሕድሪ፣ ንውሉድና መዝገብ እነዳሉ ኽንከውን እዩ። (2ቆረንቶስ 12፣14) እዚ ኸኣ ብሓቂ ስድራቤት ኪኣልዩ ዚኽእሉ ሰባት ምዃንና ዚምስክረልና፣ ንውሉድና ብዚግባእ ኣርኣያ እናኾንና ብመንፈሳዊ፣ ኣካላዊ ከምኡውን ማሕበራዊ ሸነኽ ኩሉ ናብ ምልኣት ብጽሕና ከነብጽሖም እንተኽኢልና ኢና። (1ጢሞቴዎስ 3፣5/ 5፣9) እዚ ነቶም ድሮ ውሉድ ዘለዎም ጥራይ ዚምልከት ነገር ዘይኮነስ፣ ነቶም ውሉድ ኪህልውዎም ዚደልዩውን እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ሓላፍነት ናይ ሓዳር ክትስከም ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ግናኽ ሓንሳእ እንተኣተኻዮ ወይስ ኽትኣትዎ እንተወሲንካ፣ ምስኡ ተተሓሒዙ ዚመጽእ መስዋእቲ ወይስ ዋጋ ንምኽፋል ድሉው ክትከውን ኣሎካ። ቀደም በይንኻ ዝነበርካ፣ ናብ ስድራ ኢኻ ትኣቱ። ቀደም ብዛዕባ ውላድ ዘይትሓስብ ዝነበርካ፣ ብዛዕባ ደቅኻ ኣጸቢቕካ ክትሓስብ ክትሓሊ ትጅምር። ብሓጺሩ፣ ስለ መጻምድኻን ውሉድካን ምንባር ትጅምር። እዚ ነገር እዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ "ሓልዮት ሓዳር" ተባሂሉ ተጠቒሱ ኣሎ። (ሉቃስ 21፣34) እቲ ጥበብን ልቦናን ዝመልኦ ሰብ ነዚ ነገር እዚ ሚዛን ሓልዩ እዩ ዚኸይድ። እቲ ዕላማ ንልብኻ ብናይ ሓዳር ነገር ምኽባድ ኣይኮነን፣ ብጥበብ ዝመልኦ መገዲ ሓዳርካ ምእላይ እዩ። ውሉድ ድማ ኣካል ናይ ሓዳር እዮም፣ ንዕኦም ኢልካ ዋጋ ምኽፋል፣ ንዕኦም ብመገዲ ጽድቂ ምዕባይ እዚ ኹሉ ከነስተብህሎ ይግባእ። እቲ "ልብኻ ብሓዳር ምኽባድ" ግና ብዛዕባ ማተርያላዊ ነገራቶም ጥራይ ምሕላይ፣ ንስነኣእምሮኣውን መንፈሳውን ነገራቶም ምዝንጋዕ እዩ። ስለዚ ኢና ኣብዚ ነገር እዚ ኣጸቢቕና ከነስተብህል ቃል ኣምላኽ ዚደልየና። (ኤፌሶን 6፣4/ ማቴዎስ 19፣14)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ሉቃስ 2፣40-52/ ምሳሌ 4

እቶም ውላድ ኪህልዎም ዚደልዩ ኩሎም ክርስትያናት ብዛዕባ ምዕባዮም ድማ ኣጸቢቖም ኪግደሱ ኣለዎም። ከምቲ ሰብ ብዘይዕላማ ናብ ሓዳር ኪኣቱ ልቦና ዘይኮነ፣ ብዘይዕላማ ውላድ ምውላድ ድማ ከምኡ እዩ። ናይ ውሉድ ነገር ካብ ኣምጻእና፣ ብኸመይ ኢና ኩለንተናዊ ነገራቶም ከነማልእ ዘሎና? ብመሰረት እዘን ክፍልታት እዚኣን ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ውሉድ ምዕባይ እንታይ ይብለና ንመልከት፣-

*ወለዲ ንመንፈሳውን ስነኣእምሮኣውን ህይወትን ኣተዓባብያን ናይ ደቆም ኬስተብህሉ ይግባእ*

ህጻናት ብመደብን ሓሳብን ናይ እግዚኣብሄር ዝመጹ ብምዃኖም ከም ነገራት ብቑጽሪ ጥራይ ኣይኮንናን ክንርእዮም ዘሎና

ስለዚ ንሕና ወለዲ ንደቅና ብቑመት፣ ብጸጋ፣ ብጥበብ ይዓብዩ ምህላዎም ክነቕልብ ሓላፍነትና እዩ

ተግሳጽን ምኽርን ንህጻናት ይሃንጾም ደኣ እምበር ኣይጎድኦምን እዩ፣ ስለዚ እዚ ኽነጕድለሎም ኣይግብኣናን

ቃል ኣምላኽ ድማ ንህይወት ውሉድ ክርስትያናት መሰረት ዜትሕዞም ስለዝኾነ ንዕኡ ካብ ህጻንነቶም ጀሚርካ ምምሃሮም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ

ትብዓትን ርእሰተኣማንነትን ዘለዎም ኮይኖም ንኺዓብዩ ንህጻናት ክንድህሎም ዘይኮነ ኣብነት ክንኮኖም እዩ ዚግበኣና

## ሕቶታት

ውሉድ ኪህልወካ ትደሊዶ። ከመይ ጌርካ ከምእተዕብዮምከ ሓሲብካዶ ትፈልጥ?

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ውሉድ ምዕባይ ኣብነት ኢልካ እትጠቕሶም ስድራቤት መን ትጠቅስ?

ውላድ ኣብ ምዕባይ እንታይ እዩ ዝያዳ ኽነተኩረሉ ዚግባእ ትብል?

ውሉድካ ብጸጋን ጥበብን ዝመልኡ ንኪኾኑ ኣበየናይ ሸነኽ ናይ ህይወቶም ከተድህብ ዘሎካ ይመስለካ

## መጠቓለሊ

ንሓዳር ሓላፍነት ዝመልኦ ህይወት ካብ ዚገብሮ ሓደ ውሉድ ምዕባይ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ንውሉድ ኣርኣያ እናኾንካ ብጽድቅን ጥበብን ኽነዕቢ እዩ ዚምዕደና። ቆልዓ ብቐሊሉ ዚንቀፍ ብምዃኑ ኣብ ኣተዓባብያኡ ጥንቁቓት ክንከውን እዩ ንወለዲ ዚነግረና። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብነታት ናይ ጽቡቕ ኣተዓባብያ ዚኾኑና ስድራቤት ኅይታ፣ ሃና ኣደ ሳሙኤል፣ ከምኡውን ስድራቤት ጢሞቴዎስ ንረክብ። ውሉድ ብኹሉ ምሉእ ኮይኑ ንኺዓቢ ኣተኩሮ ናይ ክልቲኦም ስድራቤቱ የድልዮ። ስለዚ ኽኣ እቶም ስድራቤት ኮይኖም ውሉድ ኪህልዎም ዚደልዩ ሓላፍነት ተሰሚዑዎም ከም ፍቓድ ኣምላኽ ብዛዕባ ውሉዶም ኪሓስቡ ይግባእ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንቖልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኦ መገዲ ኣላምዶ ኣሞ ምስ ኣረገ ኻብኣ ኣይኪግልስን እዩ።"*
*(ምሳሌ 22፣6)*

# ሻድሻይ ክፋል
# ፍጻሜኻ ምጽባቕ

# ፍጻሜኻ ምጽባቕ

## መእተዊ

“ናብቲ ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን ዝኾነ ክርስቶስየሱስ ንጠምት።” (እብራውያን 12፣2) ኣብ ክርስትና ጎይታ ቀንዲ ዜድህበሉ ነቲ ናይ ህይወትና ፍጻሜ እዩ። ስለዚ ኸኣ እዩ ጀማርን ደምዳምን ናይ እምነትና ዝኾነ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንርእሱ “ኣልፋን ኦሜጋን” “መጀመርታት መወዳእታን” ምኻኑ ይእውጅ። (ራእይ 1፣8) ጀሚሩ ክሳዕ መወዳእታ ዚበጽሕ ናይ ዕላማ ናይ ራእይ ሰብ እዩ። ኣብነት ኪኾኑና ዚኽእሉ መወዳእትኦም ዘጸበቑ ንጉስ ዳዊት ከምኡውን ሃዋርያ ጳውሎስ ኪህልዉና ኸለዉ፣ መወዳእትኦም ካብ ዘየጸበቑ ኣብነታትድማ ንጉስ ሰለሞን ከምኡውን ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ኣለዉ። ኣብ ህይወትና ካብዚኦም ክንመሃሮ ክሳዕ መወዳእታ ኣብ እምነት ክንጸንዕ ምእንቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕብረት ኣብ መንጎ ከይነቋርጽ እዩ።(እብራውያን 13፣7/ እብራውያን 12፣14-17)

## ቀንዲ ሓሳብ

መን እዩ መወዳእትኡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ “ኣንታ እሙን ባርያ” ተባሂሉ መጎስ ዚረክብ? ብሓቂ እቲ ጎይታኡ ኣብ ዝመጻሉ እዋን ነቒሑ ኪተግህ ዚጸንሕ ሰብ እዩ። (ማቴዎስ 25፣21) ኣብዛ ትምህርቲ እዚኣ ክርስትያን ኣመንቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ምግልጋል ነቒሕና ደው ክንብል ከምዘሎና ኢና ኸንርኢ። እቲ ዜገድስ ብዝሒ እንጅምሮ ነገራት ዘይኮነ፣ ነቲ ካብ ኣምላኽ እተቐበልናዮ ከምኡውን ዘሎና ዕላማ ክሳዕ መወዳእታ እንተኣብጻሕናዮ እዩ። (መክብብ 7፣8) ሓድሽ ነገር ክንዲ እንጅምር እሞ ብምጅማርን ብምቁራጽን እንፍለጥ፣ ነቲ ዝጀመርናዮ ወይስ ኣቋሪጽናዮ ዝጸናሕና ክንፍጽም ክንጽዕት ይግበኣና። (ሉቃስ 14፣28) ከመይሲ ዓስቢ ናይ ኩሉ ጻዕርና ኮነ ጉያና ንህይወትና ክሳዕ መወዳእታ ኣብ ምዕቃብና እዩ ዚምርኮስ። እቶም ጀሚሮም ኣብ መወዳእታ ዘይበጽሑ ከም እኒ ኤሳው፣ በለዓም፣ ሰለሞን፣ ይሁዳ፣ ዴማስ ከምኡውን ካልኦት ንኹሉ ዝገበሩዎ ወይስ እተመላለሱዎ ሰናይ እዮም ኣብ ሓደጋ ኣውዲቖም። ንሕና ግና ኣሰር እዚኦም ዘይኮነስ ኣሰር እቶም ምድሓኖም ዝፈጸሙ ኢና ክንስዕብ ተጸዊዕና።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- እብራውያን 12

ክርስትና ዝያዳ እቲ ምጅማር እቲ ምፍጻሙ እዩ ዜገድስ። ብዙሓት ጀሚሮም ኣብ መንጎ የቋርጽዎ ወይ ክሳዕ መወዳእታ ኣይበጽሑን እዮም። ጎይታ የሱስ ግና ክንጅምር ከለና ክሳዕ መወዳእታ ኣብ እምንቶና ክንጸንሕ እዩ ዚምዕደና። ኣብ እብራውያን መሰረት ብምግባር ሰብ ክርስትያናዊ ህይወት ጀሚሩ ብኸመይ ኪውድእ ከምዘለዎ ንመልከት፣-

- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ምስክር ናይ መፈጸምትኦም ዘጸበቑ ሰባት ኣሎና
- ዝያዳ ኹሉ ኣብነትና ግና እቲ መስቀል እተዓገሰ ጎይታ የሱስ እዩ
- ከም እዙዛት ውሉድ ብፈተና ዘበለ፣ ብተግሳጽ እንሓልፎ ኣብ መወዳእታ ሰናይ ምእንቲ ኪኾነልና እዩ
- ንርእስና ምእዛዝ ምስተማሃርና ንኻልኦት ድማ ከነበርትዕ እዚ እዩ ሓላፍነትና
- ካብቶም ጽቡቕ ዝዛዘሙ ከምኡውን ካብቶም መገዶም ዘበላሸዉ ክንመሃር

ይግበኣና እዩ

- ንሕና ዝበጻሕናዮ ወይስ እተዋህበና ዕድል ኣዝዩ ብሉጽ ክነጥፍኦ ዘይግበኣና እዩ
- ስለዚ ንኣምላኽ ብዘሐጉስ ኹሉ ብቕዱስ ክብሪ ክነገልግሎ እሞ ፍጻሜና ኽነጸብቕ ይግበኣና

## ሕቶታት

1. ብዛዕባ ፍጻሜኻ ሓሲብካዶ ትፈልጥ? እንታይ ኣሎ ካብ ዘስተንተንካዮ?
2. ብመሰረት እብራውያን 12 ሰብ ፍጻሜኡ ኪጽብቕ ከመይ እዩ ኪኸውን ዘለዎ?
3. ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ህይወት ብዛዕባ ፍጻሜ እንታይ ይምህረና?
4. ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ብዛዕባ ዘይጥንቁቕ ህይወት እንታይ መጠንቀቕታ ይህበና?

## መጠቓለሊ

መቾም ብሕማቕ ዛዚሙ ኺበሃል ዚደሊ ሰብ የልቦን። ግናኸ ጸጋ ኣምላኽ ከምዚድግፈካ ርዱእ ኮይኑ፣ ኣብ ህይወትካ ዘሎካ ተገዳስነት ብዕላማ ምምልላስ ንፍጻሜኻ ኬጸብቕ ወሳኒ እዩ። ነዚ እዩ እብራውያን 12 ዚምህረና። ዘይጥንቁቕ ህይወት ግና ከምቲ ናይ ኤሳው ፍረ እዩ ዚፈሪ። ንሕና ግና ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ብሰናይ ዝዛዘመ ከምቲ "ኽይተኸልከለ መንግስቲ ኣምላኽ ብትብዓት እናሰበኸ ዝዛዘመ" እዚ ዓይነት ፍጻሜ እዩ ዜድልየና።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ኽይተኸልከለ ኸኣ መንግስቲ ኣምላኽ ብብዙሕ ትብዓት እናሰበኸ፣*
*ብዛዕባ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ይምህር ነበረ።"*
*(ግብሪ ሃዋርያት 28፣31)*

# ቀዳማይ ትምህርቲ - ዕላማ ክርስትናኻ

## መእተዊ

ብዙይ ዕላማ ክርስትያን ኣይክወንን እዩ። ንክርስቶስ የሱስ ከም መድሓኒ ህይወትካ ክትቅበሎ፣ ጎይታኻ ድማ ክትገብሮ ካብ ዝወሰንካላ መዓልቲ ንነጀው ኣብ ሓደ ዘይውዳእ ፍልጠትን ተሞክሮን ኢኻ ኣቲኻ። (ቈሎሴ 1፣10) ምስ ኣምላኽ ክትመላለስ ኢኻ ወሲንካ። እዚ ብምኳኑ ክርስትናኻ ዕላማ ዘለዎ ኪኸውን እዩ እቲ ቅኑዕ ናይ ህይወትካ መገዲ። እምበኣርሲ ብቕኑዕ ዕላማ ዲኻ ክርስትያን ኴንካ ትመላለስ ዘሎኻ? ንዓኻ ክርስትና ናይ ሞትን ናይ ህይወትን ነገር ድዩ ወይስ ጊዜን ዕድልን ስለዝረኸብካ ኢኻ ኣብ ህይወት ክርስትና ዘሎኻ። (ቈሎሴ 3፣1) ኣብቲ መጀመርያ ዘመናት ናይ ክርስትና "ክርስትና ህይወት እዩ ዜኽፍል" ዝነበረ። ስለዚ ሰብ ትም ኢሉ ክርስትያን ኣይከውንን እዩ ነይሩ። መወዳእትኡ እንታይ ኬኽፍል ከምዚኽእል ብምርዳእ እዩ ክርስትያናዊ ህይወት ዚመርጽ ዝነበረ እቲ ናይ ዘመን ሃዋርያትን ድሕሪኡን ክርስትያን። ኣብ ዘመንና፣ ብፍላይ እኳ ኣብ ሕብረተሰብና፣ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ስደት ጊዜ ክርስትንና ንዓና ዕላማ ህይወትዶ ይኸውን? (ቈሎሴ 3፣3)

## ቀንዲ ሓሳብ

ንኸንቱ ከምዘይድሓንና ኪርደኣና ይግባእ። ዕላማ ዘለዎ ክርስትና ቀጻሊ ምዕባይ ዘለዎ፣ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናወሰኽካ እትኸደሉ ህይወት ኪኸውን ከሎ እዩ። (1ጢሞቴዎስ 4፣15) ኣብዛ ኽፍሊ እዚኣ፣ ኣብቲ እንነብሮ ዘሎና ናይ ክርስትና ህይወት ዕቤት ነርኢ ምህላውና፣ ክሳዕ መወዳእታ ደው ኬብለና ዚኽእል ሓይሊ ንረክብ ምህላውና ንኸነረጋግጽ እዩ። ክርስትና ብርግጽ ኩሉሳዕ እናተሓጎስካ እትነብሮ ናይ በዓል ምብዓል ህይወት ኣይኮነን። ግናኸ ብኹሉ ሸነኻ ጸላኢ ከምዘሎካ ፈሊጥካ፣ ኣብታ ኣብኣ ንመዋእልካ ኽትነብር ዘይተፈጠርካላ ምድሪ ጋሻን መጻእተኛን ምዃንካ ድማ ኣስተውዒልካ፣ ነታ ዝተዳለወትልካ ናይ ዘለኣለም መንግስቲ እናኣቋመትካ ብልቦና እትመላለሶ ህይወት እዩ። (ኤፌሶን 5፣15-17) ስለዚ ዝያዳ ኣብቲ መወዳእታ ዕዉት፣ ናይ ብሓቂ ንኣምላኽ ዘስመረ ሰብ ኴንካ ኽትርከብ ብምስትውዓልን ብፍልጠትን ኽትነብሮ ዝተዋህበካ እዩሞ በዚ ርዱኣት ክንከውን ይግባኣና። በዚ ተመዚንና ዕዉታት ኴንና እንተተረኸብና፣ ኣብ መወዳእታ ካብቶም "ዚስዕሩ" ኽንከውን ኢና። (ራእይ 2፣26-27)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ጢሞቴዎስ 4፣6-16/ 1ጢሞቴዎስ 6፣11-16

ንሕና ኩልና እቶም ክርስትያን ዝኾንና ብዕላማ ስለ ጎይታ ኽንነብር ኢና ወሲንና። ናብራና እቲ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እንመላለሶ ህይወት ድማ ነዚ ነገር እዚ ዚበቅዕ ብዕላማ ኪኸውን እዩ ዚግባእ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ እዚ ነገር እዚ እዩ ምዒዱዎ። ኣብዘን ክፍልታት እምበኣር ከምዚ ዚስዕብ ብዛዕባ ዕላማ ዘለዎ ህይወት ክርስትና ንመሃር፣-

- ክርስትያን ናብ ደረጃ ኣገልጋሊ ምኳን ክሳዕ ዚበጽሕ ኪዓቢ ይግባእ
- ናብራና ብሓቂ ንኣምላኽ ዜኽብር ስርዓት ዘለዎ እንተኾይኑ ብኣምልኾ ንመላለስ ኣሎና
- ዘይነዓቕ ህይወት ኣርኣያ ዘለዎ ህይወት ብሓቂ ብዕላማ ዚመላለስ ክርስትያን

ጥራይ እዩ ዚውንኖ

- እዚ ዓይነት ህይወት ብሓቂ እናውሰከ ዚኸይድ እዩ። ከምኡ ዝበለ ህይወት ከምዘሎና ኪፍለጠና ይግባእ
- ናይ ኣምላኽ ሰባት እንተ ዀንና ኣስኣሰር ጽድቅን ኣምልኾን እምነትን ፍቕርን ነዚ ዘመሰለን ክንስዕብ ብግዲ እዩ
- እዚ ድማ ንክርስቶስን ነቲ እተኣገሶ መስቀልን ብምስዓብ እዩ ዚፍጸም፣ ኩሉ ብክርስቶስ እዩ

## ሕቶታት

1. ዕላማ ዘለዎ ክርስትና ኪበሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ
2. ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ካብ ዝሃቦ ናይ ህይወት ማዕዳታት ኣብ ልብኻ ዓብዪ ቦታ ዝረኸበ እንታይ ኣሎ?
3. ክርስትያን ዕላማ ዘይብሉ ህይወት ይነብር ኣሎ እንብሎ ከመይ ምስዚኸውን እዩ?
4. እናወሰኽካ ትኸይድ ከምዘለኻ ብኸመይ ከተስተብህል ይከኣል?
5. ብሓቂዶ ኣስኣሰር ጽድቂ፣ ኣምልኾ፣ እምነት፣ ፍቕሪ፣ ትዕግስቲ፣ ህድኣት ትስዕብ ኣሎኻ?

## መጠቓለሊ

ኣብ ምድሪ ኽንመላለስ ከለና፣ ከም ክርስትያናት መጠን ብዕላማ ኽንመላለስ እዩ ዚግበኣና። ዕላማ ዘለዎ ህይወት ክርስትና ንመን ትነብር ከምዘለኻ ፈሊጥካ ምንባር፣ ከምኡ ድማ ብመንፈሳዊ ህይወት እናዓብኻ ምኻድ ዜጠቓልል እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባዚ ኣጸቢቑ ንጢሞቴዎስ ይምዕዶ። እዚ ንኹሉ ክርስትያን ዚምልከቶ ነገር እዩ። እቲ መንፈሳዊ ዕቤቱ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ኻልእ ዘይሰጋገር ሰብ ይዓቢ ኣሎ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ብሓቂ ንክርስቶስ ንመስሎ ከም ዘሎና ኣብ ህይወትና ዚረኣ፣ ዕቤት ምስዚህልወና እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*“ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፣ ንስኻ ግና (ካብቲ ካልኣት ካብ እምነት ዝዘምበሉሉ) ህደም እሞ ደድሕሪ ጽድቂ፣ ኣምልኾ፣ እምነት፣ ፍቕሪ፣ ትዕግስቲ፣ ህድኣት ስዓብ።” (1ጢሞቴዎስ 6፣11)*

# ካልኣይ ትምህርቲ - ነፍስኻ ገቲእካ ምምልላስ

## መእተዊ

መንፈሳዊ ዕቤት ኣብ ክርስትና ካብ ዚዕቀኑሉ ነገራት ሓደ "ነፍስኻ ምግታእ" እዩ። ነፍስኻ ምግታእ ማለት፣ "ይኣኽለኒ ክትብል ምኽኣል"፣ "ንስጋኻ ክትቀጽዕ ምኽኣል"፣ "ዲሲፕሊን ምህላው"፣ "ኣብ ህይወትካ ምልኪ ምህላው" ማለት እዩ። (1ጢሞቴዎስ 3፣2-3/ ቲቶስ 1፣8) እቲ በዚ ነገር እዚ ዝበሰለ ሰብ፣ ኣብ ልዑል ደረጃ ናይ ዕላማ ዘለዎ ህይወት ኪበጽሕ ኣየጸግሞን እዩ። መብዝሕትኦም ኣብ ህይወቶም ዕዉት መንፈሳውነት ዝነበሮም ናይ ኣምላኽ ሰባት እዛ ብልጫ ኤራቶም፣- ኣብ ዚበዝሕ ነገራት ነፍሶም ዚገትኡ ሰባት ነበሩ። ከም እኒ ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ጢሞቴዎስ፣ እኒ ማርቲን ሉተር፣ ከምኡውን ካልኦት ኣብ ዕዮ ክርስትና ዓብዪ ኣበርክቶ ዝነበሮም ናይ ኣምላኽ ሰባት ምስቲ ዝበዝሓሎም ጸጋ ኣምላኽ "ነፍሶም ዚገትኡ" ሰባት እዮም ዝነበሩ። ሕጂ ኸኣ ንሕና እቶም መወዳእታና ኺጽብቐልና እንደሊ ዘበልና ናይዚኦም ኣብነት ተኸቲልና ኣብ ርእስና ምልከት ሃልዩና፣ ካብ ኩሉ ናይ ዓለምን ፍትወታን ጽልዋታት ከምኡውን ካብ መጠን ዚሓልፍ ነገራት ሓራ ኴንና፣ ነፍስና ገቲእና እንመላለስ ኽንከውን እዚ እዩ ዜድልየና። (1ቈረንቶስ 9፣25-27) ብሓደ ወገኑስ ክርስትና ርእስኻ ምግታእ እዩ።

## ቀንዲ ሓሳብ

ንብዙሕ ሰብ ካብ ዚኸብዶ ናይ ክርስትና ሸነኽ እቲ "ዲሲፕሊን" ወይ "ነፍስኻ ምግታእ" እንብሎ ዘሎና እዩ። ኣብ ኩሉ ደረጃ ህይወት ኣገዳሲ ዝኾነ ትሕዝቶ ባህርይ ኣማኒ እዩ። (ቲቶስ 2፣12) ኣብዛ ትምህርቲ እንርእዮ ድማ ነዚ ኢና፣ ከመይ ኢልና ኣብ ርእስና ዘሎና ምልኪ ከነሐይል ከምእንኽእል፣ ካብ ዝሓለፉን ዘለዉን ናይ ኣምላኽ ሰባት ክንረኽቦ እንኽእል መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓሳባት ክንወስድ ኢና። ርእሱ ኺገትእ ዚኽእል ሰብ፣ ኣብ ጊዜኡ፣ ኣብ ገንዘቡ፣ ኣብ ኣካላቱ ምሉእ ምልኪ ንኺህልዎ ዓብዪ ተኽእሎ ኣለዎ። (1ጢሞቴዎስ 4፣7-8) እዚ ነገራት ናይ ህይወቱ ኺቆጻጸር ዚኽእል ሰብ ብሓቂ ኣብ ናይ ናብራ ነገር ከምኡ ድማ ኣብ መንፈሳዊ ህይወቱ ዕዉት እዩ ዚኸውን። ብዙሕ ካብ ድኻማትና እንተርኤና፣ ኣብ ሓንቲ ወይስ ካብ ሓንቲ ንላዕሊ ናይዘን ነገራት እዚኣን ምልኪ ስለዘይብልና ኢና። ስለዚ ድማ ኣብ ዝሓሰብናዮ ክንበጽሕ ንሸገር፣ እቲ ዝመደብናዮ ነገር ኣይሰልጠናን ወይውን መንፈሳዊ ዕቤትና ከምቲ ዚድለ ኣይከውንን። ስለዚ ርእስና ምግታእ ብዘይመጠን እዩ ዜድልየና። (1ጢሞቴዎስ 6፣6)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ቈረንቶስ 9

ሃዋርያ ጳውሎስ ሓደ ካብቶም ኣብ ቃል ኣምላኽ እንረኽቦም ዓበይቲ ናይ ብስለት መምህርን ኣብነትን እዩ። እቲ ብስለቱ እንርእየሉ ሓደ መገዲ ድማ እቲ ኣብ ርእሱ ካብ ዝነበሮ ምልኪ እዩ። እዛ ክፍሊ እዚኣ ሓንቲ ዓባይ ትምህርቲ ብዛዕባ ነፍስኻ ገቲእካ ምምልላስ እያ። ጽማቕ ትሕዝቶኣ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፣-

- ጳውሎስ ምሉእ ሃዋርያ ናይ ጎይታ እዩ፣ ስልጣን ሃዋርያነት ድማ ተዋሂቡዎ እዩ
- እቲ ንዓያዪ ነቲ ወንጌል ዜበስር ኩሉ ድማ ንጳውሎስ ይምልከቶ ይግብኦ መሰሉ እዩ ዝነበረ

- ንሱ ግና ብዛዕባ መሰሉ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ኣይበለን፣ ሓንቲ ምርዳእ ነይራቶ ወንጌል ምስባኽ ዕዳኡ ከምዝኾነ እዩ ዚቐጽሮ
- ሓራ ኽትከውን ትኽእል፣ ብርቱዕ ኽትከውን ትኽእል፣ ግናኸ ስለ እቲ ዕዮኻ ኢልካ ስለ ዝዓበየ ዕላማ ኢልካ ርእስኻ ትገትእ
- ስለ ወንጌል ኩሉ ትኽፍል፣ እዚ እዩ ዲሲፕሊን ርእስኻ ምግታእ
- ስለዚ ዓያዪ ወንጌል "መጢኑ ነፍሱ ዚገትእ" ኪኸውን ይግባእ፣ ነፍስኻ ምምላኽ ናይ ርስትያናዊ ብጽሕና ምልክት እዩ።

# ሕቶታት

1. ነፍስኻ ምግታእ ኺበሃል ከሎ ኣብ ኣእምሮኻ እንታይ ይመጻካ?
2. ኣብ ህይወትካ ካብ ዝረኤኻዮ ነፍሱ ኺገትእ ዚኽእል ሰብ መን ትዝክር?
3. ኣብ ናብራኻ "መጠን ክትሓልፍ" ዘገድድ ኩነታት የጋጥም እዩ። ነፍስኻ ክትገትእ ዘሸግረካ ነገራት እንታይ ትጠቅስ?
4. ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓሳብ ምስ ናይ ጎያዪ ህይወት ኬተሓሕዞ ኸሎ እንታይ ይርደኣካ?

# መጠቓለሊ

ኣብ ክርስትያናዊ ህይወት ዝበሰለ ሰብ ኣብ ባህርዩ ነፍስኻ ምግታእ ዚረአ ሰብ እዩ። እዚ ናይ ብጽሕና ነገር፣ ናይ ብሓቂ መንፈሳዊ ትሕዝቶ እዩ። ከምዚ ዓይነት ሰብ እዩ ኸኣ ንመሪሕነት ኮነ ንኻልእ ዓበይቲ መንፈሳዊ ዕዮታት ኣዝዩ ክቡር ኣቕሓ ዚኸውን። ካብ ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ነፍስኻ ምምላኽ ወይስ ምግታእ ብዙሕ ነገር ኢና እንመሃር። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብብዙሕ መልክዕ ተተቒሱ ንረኽቦ። ሓደ ካብዚ ድማ "ኣምልኾ" ዚብል ቃል እዩ። ኣምልኾ ኪበሃል ከሎ ምልምማድ ማለት እዩ፣ ኣብ ህይወትካ ብነገራት ኩሉ ካብ መጠን ከይትሓልፍ እዩ እቲ ዕላማ። ስለዚ ድማ ብኹሉ ነገር ፍቱን ኴንካ ትወጽእ፣ ፍጻሜኻ ኪጽብቕ ድማ ዓብዩ ግደ ኣለዎ።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ኣምልኾ (ዲሲፕሊን፣ ነፍስኻ ምግታእ) ምስ ይኣኽለኒ ምባል ዓብዩ ረብሓ ኣለዎ።"*
*(1ጢሞቴዎስ 6፣6)*

# ሳልሳይ ትምህርቲ - ኣብነት ዝኾኑ ቅዱሳን

## መእተዊ

ኣብ ክርስትና ፍጻሜኻ ጽቡቕ ኪኾነልካ ካብ ዚጠቕመካ ነገራት ሓደ ኣብነት ናይቶም ንኣምላኽ ኣስሚሮም ዝሓለፉ ናይ ኣምላኽ ሰባት ምስዓብ እዩ። ብርግጽ ልዕሊ ክርስቶስ ኣብነት ዚኾነና የልቦን። ነዚ ድማ እዩ ኣብ ቃል ኣምላኽ፣ "ናብቲ ጀማር እምነትናን ደምዳሚኡን ዝኾነ የሱስ ንጠምት" ዚብለና። (እብራውያን 12፣2) ናቱ ኣሰር ምስዓብ ናብ ናይ መስቀል ዓወት ኣቢሉ ይመርሓና፣ መወዳእታና ድማ ይጽብቕ። ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ "ከምቲ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘለኹ፣ ንዓይ ምሰሉ" ይብለና። (1ቈረንቶስ 11፣1) እዚ ማለት፣ ኣብነት ናይቶም ከማና ሰባት ክነሶም ንክርስቶስ ዝመሰሉዎ ከምዘሎና ክነስተብህል ይሕግዘና። እዞም ሰባት እዚኦም ከመይ ኢሎም እዮም፣ ኣስኣሰር ጽድቂ ኪኸዱ ክኢሎም፣ ኣብቲ ናይ እምነት ጉዕዞኦም ድማ ተዓዊቶም፣ ኣብ ቃል ኣምላኽ ንዓና ዚጠቕመና ብዙሕ ትምህርቲ ኣሎ። (እብራውያን 13፣7) ኣብዛ ትምህርቲ እዚኣ ንገለ ካብቶም ኣብነታውያን ዝኾኑ ናይ እምነት ጀጋኑ ክንርኢ ኢና።

## ቀንዲ ሓሳብ

ኣብ እብራውያን 11 ተጠቒሶም ዘለዉ ኣቦታት ኩሎም ብእምነቶም ተመስኪሩሎም ዘሎ እዮም። እዚኦም ብምሉኦም መወዳእትኦም ዘጸበቐ፣ ነታ ኺዳን ተስፋ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዝሓለዉ እዮም። (እብራውያን 11፣13) ኣብ ዘመን ሓድሽ ኪዳን ድማ መጀመርያ እቶም ኣቦታት ናይ መጀመርያ ቤተክርስትያን ዳርጋ ኹሎም ብሰማእትነት ዝሓለፉ፣ ስዒቦም ድማ ኣብቲ ዝቐጸለ ታሪኽ ናይ ቤተክርስትያን ሰናይ ገድሊ ብምግዳል እተዓወቱ ሰባት ንረክብ። እኒ እስጢፋኖስ፣ ሃዋርያ ያእቆብ፣ ሃዋርያ ጴጥሮስን ካልኦትን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ታሪኾም ብሕጽር ዝበለ መገዲ ተሰኒዱ ንረኽቦ። (ግብሪ ሃዋርያት 7) ናይቶም ኣብ ዘመን ቤተክርስትያን ዓብዪ ግደ ዝነበሮም ከም እኒ ፖሊካርፕ፣ ኣትናቴዎስ፣ ኣጎስጢኖስ፣ ከምኡውን ካልኦት ናይ እምነት ኣቦታት ከም እኒ ጆን ካልቪን፣ ዊልያም ኬሪይ፣ ጆን ዌስሊይ፣ ጆርጅ ሙለር ወዘተ ህይወት ድማ ኣብ ታሪኽ ተሰኒዱ ንረኽቦ። ንዓና ነቶም ሎሚ ዘሎና ድማ ዓበይቲ ናይ እምነት ኣብነታት እዮም። ስለዚ፣ ኣስኣሰሮም እናኣቋመትና ንሕና ድማ መወዳእታና ኸነጸብቕ ይግበኣና እዩ እሞ፣ ከመይ ከም እንመላለስ ነስተብህል።

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ነገስት 19፣15-21/ 2ነገስት 3፣11

ንመን ንስዕብ፣ ኣብነት ናይ መን ንኽተል ኣዝዩ ወሳኒ እዩ ኣብ መጻኢ ህይወትና። ፍጻሜና ኸነጸብቕ እንተ ዃንና እንስዕቦ ኣብነት ዚኾነና ሰብ ብግዲ እዩ ዜድልየና። ብፍላይ ድማ ኣብ ክርስትያናዊ ህይወት ናይ መን ኣርኣያ ንኽተል ኣሎና ነቲ ናይ ህይወትና ክብርታት (ቫልዩስ) ዘነጽር ነገር እዩ። ብመሰረት እዛ ክፍሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዚስዕብ እመሃር፣-

- ናይ ኤልሳእ ህይወት ዚጅምር ዘለዎ ኹሉ ብምሕዳግ እዩ ዝነበረ
- ኤልሳእ ዓብዪ ኪኸውን ኢሉ ወይስ ውህበታት ምእንቲ ኪበዝሓሉ ኢሉ ዘይኮነስ ንፍቓድ ኣምላኽ ተኣዚዙ እዩ ስዒቡ

- ብድሕርዚ ናይ ኤልሳእ ህይወት ብገለ መገዲ ኪቋረጽ ወይስ ኣዒንቱ ንድሕሪት ኬብል ኣይንርእዮን
- ናይ ኣገልጋሊ ህይወቱ ካብቲ ዝተሓተ ክሳዕ እቲ ዝለዓለ ብናይ ትሕትና ህይወት እዩ ፈጺሙዎ
- ኤልሳእ ብጽቡቕ ካብ ዝወድኡ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ እምነት ጀጋኑ ሓደ እዩ
- ኤልሳእ ንዓና ብእምነቱን ብትብዓቱን ከምኡውን ብዘይወላወል መሪሕነቱን ጽቡቕ ኣብነት ኪኾነና ይኽእል

## ሕቶታት

1. ህይወትካ ከም ኣብነት ናይ እምነት ኣቦታት ብጽቡቕ ኪዛዘም እንተኾይኑ ሕጂ ብኸመይ ክትመላለስ የድልየካ ትብል?
2. ዚበዝሕ ሰብ ምስዓበየ ብጽቡቕ ክርስትያናዊ ዲሲፕሊን ንርእሱ ከምዚመርሓ ተስፋ ይገብር እዩ። እዚ ብሓቂ ዚኸውንዶ ይመስለካ?
3. ኣብ ታሪኽ ናይ ክርስትና ንስኻ ዘንበብካዮ ወይስ ዝሰማዕካዮ ብጽቡቕ ዝወድአ እሞ ንዓኻ ዝጸለወካ መን ትዝክር?
4. ብመሰረት ሮሜ 2 ኣብርሃም ኣብ እምነት ከመይ ከምዝጸንዐ ንርኢ። በዚ መሰረት እንታይ ክሳዕ ፍጻሜ ዘጽንሓካ ነገር ትመሃር?

## መጠቓለሊ

እቶም ቀዳሞት ኣቦታት ክርስትና፣ ህይወቶም ክትርኢ ከለኻ፣ ምስቲ ዝነበሮም ኩሉ ብድሆታት ኣብ እምነት ጸኒዖም ንኣምላኽ ደው ምባሎም ነስተውዕል። ክርስትና ናይ ዘለካ ትሕዝቶ ዘይኮነስ፣ ናይ ኣመለኻኽታኻን ኣተሓሳስባኻን ኣብ ህይወት ምኳኑ ካብዚኦም ክንመሃር ንኽእል። እዚ ማለት እቲ ንሕና እንህቦ ግብረመልሲ ንናይ ህየት ብድሆታት ንሱ እዩ ኣባና ጽኑዕ ባህርይ ዚወልድ። ስለዚ ኸኣ ኢና ታሪኽ ናይ እምነት ኣቦታት እነጽንዕ። እዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ክርስትያን ኣቦታት ገለ ስለዝበዝሓሎም፣ ዚደልዩዎ ስለዝመልኣሎም ኣይኮኑን ብጽቡቕ ወዲኦም፣ ግናኸ ነቲ ዝነበሩዎ ኩነታት ኩሉ ብዓይኒ እግዚኣብሄር ኪርእዩዎ ስለዝፈቐዱ እዩ። ንሕና ብዙሕ ብዛዕባ ህይወትና ንሓትት ንኸውን ግናኸ መፈጸምትኡስ ብድሆታትና ኹሉ ኣብ ኣመለኻኽታና እዩ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*“ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝነገሩኹም መራሕትኹም ዘክርዎም፣ መወዳእታ ንብረቶም እናተቓመትኩም፣ ኣሰኣሰር እምነቶም ሰዓቡ።”*
*(እብራውያን 13፣7)*

# ራብዓይ ትምህርቲ - ዕጉብ ህይወት

## መእተዊ

ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትና፣ ክርስትና ናይ ዘሎካ ናይቲ ዝበዝሓልካ ነገራት ዘይኮነ፣ ናይቲ ንስኻ ብዛዕባ ህይወትን ነገራትን ዘሎካ ኣመለኻኽታ እዩ። ገሌና፣ ከምዝን ከምትን እንተዝረክብ ነይረ፣ ከምዚ እንተዚኾነለይ ነይሩ፣ ሽዑ ብሓቂ ከምዚ ዝበለ ክርስትያን ምኾንኩ ነይረ ወዘተ ንብል ኢና። (ምሳሌ 27፣1) ኣነ ናብ ከምዚ ቦታ እንተኸይደ ሽዑ በቃ ንኣምላኽ ብኸምዚ ከገልግሎ እየ ንብል። እዚ ትምኒት ጥራይ እዩ። ህይወት በቲ ዘሎካ እዩ፣ በቲ ዝበጻሕካዮ እዩ። (1ጢሞቴዎስ 6፣6) ማዘር ተሬዛ እታ ብዙሕ ሰናይ ነገር ዝገበረት ክርስትያን ኣደ፣ ከምዚ ኢላ፣- "ናተይ ስራሕ ዕውትቲ ምኻን ዘይኮነ እምንቲ ምኻን እዩ።" ብሓቂ ዓብዪ ዘረባ እዩ። ንዓይ ዝተዋህበትኒ ህይወት እዚኣ እያ፣ ንዓኣ ከሳዕ ክንደይ ብእሙንነት ሒዘያ? እዩ እቲ ሕቶ። እቲ ሒደት ዘለዎ ብሒደት እቲ ብዙሕ ዘለዎ ድማ በቲ ብዙሕ ብእኡ ኪምዘን ወይስ ኪፍረድ እዩ። (ማቴዎስ 25፣21) ንስኻኸ በቲ ዘሎካ ብቑዕ ዲኻ? ዕጉብ ህይወትዶ ኣሎካ? ብፍላይ ድሕሪ ውድቀት ምድሪ ንዓና እተዕግብ ብዘይምኻና ዘለዋ ኹሉ ናትና እንተዚኸውንውን ኣይምዓገብናን። ብህይወትና ዕጉባት ዲና፣ በቲ ዘሎና እሙናት ዲና፣ ብጊዜ፣ ብገንዘብ፣ ብትሕዝቶ ኹሉ እሙናት ዲና?

## ቀንዲ ሓሳብ

ፍጻሜኻ እተጸብኾ ሕጂ ብመሰረት ዘሎካ ኣመለኻኽታ እዩ። ከመይሲ ነቲ ክትእዘዞ፣ ክትምረሓሉ ዝፈቐድካ ኢካ እትቕየድ። (ሮሜ 6፣16) ኣብዚ ቃል እዚ ነቲ እትእዘዞ ባርያኡ ምኻንካ ይነግረና። ኣብዚ ኣርእስትና ምስእነምጽኦ ንሕና ባሮት ናይ ዕላማና ኢና። እንታይ እዩ ዕላማና? ነዚ እምበኣር ክንፈልጥ ከነስተውዕል ይግበኣና። ኅይታ ሓደ እዋን ነቲ ሃብታም መንእሰይ "ዘሎካ ኹሉ ሸጥእሞ ንድኻታት ሃብ፣ ብድሕሪኡ ስዓበኒ" ኢሉ መሊሱሉ። (ሉቃስ 18፣22) እዚ ምስበለ ናይቲ መንእሰይ ዕላማ ህይወት ብኡብኡ ተጋሂዱ። ንሱ ዚዓግበሲ እቲ ሃብቲ ሃልዩዎ ኣብ ልዕሊኡ ድማ "ጽድቂ" ብምርካብ እዩ። እዚ እዩ ንዓና ንናይዚ ዘመንዚ ኣመንቲ ዜሸግረና ዘሎ። ንጎይታ ንኹሉ ሓዲግና ቀሪጽና ክንስዕብ የሸግረና። ስለዚ ድማ ዕላማ ህይወትና ብሕቡእ ጎይታ ዘይኮነ ካልእ ነገር ይኸውን እሞ ኣይንዓግብን። በታ ዝሃበና ህይወት በታ ዘላትና ንጎይታ እሙናት ምኻን ይኸብደና። ሕጂ ግና ክንመሃር ይግበኣና እዩ። "ይኣኽለኒ" ኢልና ብጎይታ ክንዓግብ የድልየና። (ፊልጲ 4፣10-13)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- ፊልጲ 4፣10-20

ብዛዕባ ይኣኽለኒ ምባል ወይስ ዕጉብ ህይወት ክንዛረብ ከለና ሕጂውን ንሃዋርያ ጳውሎስ ኢና ብዙሕ ክንጠቕሶ እንኽእል። ንሱ ኣብቲ ንሰብ ፊልጲ ዝለኣኾ መልእኽቱ "ይኣኽለኒ ምባል" ከምዝተማህረ ይነግረና። ብመሰረት እዚኽፍሊ እዚ ትሕዝቶ ናይቲ ሓሳብ ንመልከት፣-

- ይኣኽለኒ ምባል ሓደ ዓብዪ ጸጋ እዩ፣ ሃዋርያ ጳውሎስ ነቶም ገንዘብ ወይስ ትሕዝቶ ዝለኣኹሉ ከምኡ ኢሉ ይነግሮም
- እቲ ሃዋርያ ቅድሚዚ ኹሉ ንርእሱ ኣብ ስእነት ከምኡውን ኣብ ምርካብ ከምዝረኣያ የመልክተና

- ስለዚ ኸኣ ነቶም ምርካብ ዝረኣዩ ከምኡውን ስእነት ዝረኣዩ ወኪሉ ብዛዕባ ይኣኽለኒምባል ይጽሕፍ
- ዕጉብ ህይወት ኣብ ምርካብ ወይስ ምስኣን ዘይኮነ ኣብ መጢንካ ምንባር እዩ
- መንፈሳዊ ሰብ ካብቲ ብስለት ዘለዎ ህይወቱ ሓደ ኣብታ ዘይተዕግብ ዓለም ከሎስ ዓጊቡ ኪመላለስ ከሎ እዩ
- ዝዓገበ ሰብ ካብ ዚገብሮ ነገር ሓደ ካብ ዘለዎ ምምቓል ይፈልጥ

## ሕቶታት

1. ኣብ ምድሪ ዓጊብካ ትፈልጥዶ? መዓስ?
2. ንምንታይ እየ ዘይዓግብ ኢልካኸ ሓሲብካዶ ትፈልጥ፣ ወይስ እዚ ነገር እዚ ምስገበርኩ እዚ ምስረኸብኩ ክዓግብ እየ ትብል?
3. በቲ ኣምላኽ ክትሕልዎ ወይስ ክተመሓድሮ ወይስ ኪህልወካ ዝሃበካ ኩሉ ናይ ህይወት ነገር እሙንዶ ትቖጽሩ ንርእስኻ?
4. ሃዋርያ ጳውሎስ "ይኣኽለኒ ምባል ተማሂረ እየ" ኢሉ። ንስኻ ምስዚ ኣነጻጺርካ ኣብ ምንታይ ደረጃ ኣሎኻ?

## መጠቓለሊ

ኣብ ምድሪ ኸለና ብእንረኽቦ ነገራት ክንዓግብ ዘይሕስብ እዩ። ይኣኽለኒ ምባል ናይ ውሳኔ ነገር እዩ። ባዕልኻ ይኣኽለኒ ኢልካ ኢኻ እትድምድም እምበር ስጋኻ ከምኡውን ሓሳብካ ኣይዓርፍን እዩ። ኣብ ይኣኽለኒ ምባል ድማ ሰላምን ህድኣትን ትረክብ። ከምቲ ማዘር ተሬዛ ዝበለቶ፣ ናትና ናይ ክርስትያናት ግደ በቲ ዝተዋህበና እሙናት ኴንና ክንመላለስ እዩ። ምኽንያቱ ብዙሓት ሰባት ኣብ ምድሪ እናነበሩ ገሊኦም ብስእነት ገሊኦም ብምርካብ ኪሓልፉ ኸለዉ ብዘይ ዕግበትን ብዘይ ሰላምን ይመላለሱ እዮም። ናይ ክርስትያን ዕረፍቲ ግና ሃብቲ ኣይኮነን ድኽነት ድማ ኣይኮነን። እዚ ዓይነት መዐቀኒ ናይ ክርስትያን መዐቀኒ ኣይኮነን። በታ ዘለኻያ በቲ ዝበጻሕካዮ ብእኡ ዓጊበ ኢልካ ምድምዳም ግና ኣዝዩ ዜድልየና ነገር እዩ። ብናይ ጎይታ ሓይሊ ድማ ንዕኡ ኽንክእሎ ንኽእል።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ትሕት ምባል እፈልጥ፣ ሕልፍን ትርፍን እፈልጥ እየ።*
*ጽጋብን ጥሜትን ምስ ትርፉ ምህላውን ስእነትን፣ ኣብ ኩሉን ብኹሉን ልሙድ እየ።*
*በቲ ሓይሊ ዚህበኒ ንኹሉ እኽእሎ እየ።"*
*(ፊልጲ 4፣12-13)*

# ሓምሻይ ትምህርቲ - ኣስፈሕካ ምሕሳብ/ ዓብዪ ስእሊ ምህላው

## መእተዊ

እዛ ትምህርቲ እዚኣ ናይ መወዳእታ ናይዚ ዓመት እዚ ትምህርትና እያ። ብዙሕ ኣርእስታት ርኢና ኢና። ሕጂ ዚተርፈና ነገር እንተሃልዩ፣ ከምቲ ኣብ መጀመርያ ብዛዕባ ንኣምላኽ እንህቦ ቀዳምነት ዝረኤና፣ ንኹሉ ጉዕዞና ናብ ፍጻሜ ኽነምጽኦ እንኽእል፣ እሞ ድማ ብጽቡቕ ክንዛዝም እንኽእል ኣብቲ ዝዓበየ ሓሳብ ኣምላኽ ምስእንኣቱ እዩ። ነዚ ድማ ኢና ነዛ ኣርእስቲ ኣስፈሕካ ምሕሳብ ኢልናያ ዘሎና። ህይወትና ኣብ ምንታይ ዝተጠቕለለት እያ? ኣቢጋይል ንንጉስ ዳዊት ሓደ እዋን ካብ ሓደጋ ኣብ ዘድሓነትሉ እዋን "... ነፍስኻ ኣብ ከረጺት ህያዋን ጥቕልልቲ ትኹን" ኢላ መረቐቶ። (1ሳሙኤል 25፣29) መወዳእትኡ ንሕና ኣብ ናይ እግዚኣብሄር መዝገብ ህይወት ዲና ዘሎና ወይስ ኣይኮንናን? እቲ እንገብሮ እንነብሮ ንህይወትና ዚምልእ ነገር ድዩ ወይስ ዚዕንቅፍ ነገር? ነዚ ኢና ኽነስተብህል ዚግበኣና። ኣብዚ ነገር እዚ ዚሓልከና ነገር ኩሉ ክነወግዶ ወይስ ክንኣልዮ እዩ ዘሎና እምበር ንዝኾነ ሓላፊ ነገር ዕድል ክንህብ ኣይግበኣናን። መዓልትታትና ከነጸብቕ፣ ብጽቡቕ ክንፍጽም እንተደለና፣ ነቲ ዚሓይሽ ዘበለ ንስዓብ። (1ጴጥሮስ 3፣10-12)

## ቀንዲ ሓሳብ

እቲ ዜድልየና ህይወት ክሳዕ ዝኾነ፣ ንኹሉ ካልእ ነገር ኣዒንትና ኼጎልብብ ክንሓድጎ የብልናን። (2ጴጥሮስ 3፣14) ንገሊኡ ምድራዊ ዓወት፣ ንገሊኡ ሃብቲ ዓለም፣ ንገሊኡ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ዘይጨበጦ ነገር እዩ ዚዕምቶ። ኣብ ዘመን ህይወቱ ድማ ከይዓገበ ይነብር። እዚ ግና ዝኸፍአ ዚኸውን ክርስትያን ከምኡ ኪኸውን ከሎ እዩ። ናብ ክርስቶስ እሞ ንርአ፣ ብርግጽ ኣብ መስቀል ሞይቱ እዩ፣ ግናኸ ፍቓድ ኣምላኽ ፈጺሙ። ዮሃንስ መጥምቕ ተሰዪፉ ሞይቱ እዩ፣ ግናኸ ንኣምላኽ ኣኽቢሩ ሓሊፉ። ዊልያም ኬሪይ ዝተባህለ ሚስዮናዊ ኣብ ህንዲ ዘለዎ ኹሉ ስኢኑ፣ ግናኸ ወንጌል መንግስቲ ኣብ ምድሪ ህንዲ ዘርጊሑ። ቻይናዊ ዎችማን ኒ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሞይቱ፣ ግናኸ ንኣምላኹ ክሳዕ መወዳእታ ተኣሚኑ። ብዙሓት ካልኦትውን በዚ ኾነ በቲ ካብዛ ዓለም ሰናይ ኣይረኸቡን። (እብራውያን 11፣37-38) ግናኸ እቲ ቀንዲ ዕላማ ክርስትያን እንታይ ድዩ? ንኣምላኽ ምስማርዶ ኣይኮነን? ስለዚ ንህይወትና ብምንታይ ኢና ንዕቅና። ብናይ ጊዜኡ ምስላጥን ዘይምስላጥን፣ ምዕዋትን ዘይምዕዋትንዶ ወይስ ኣብ እምነት ደው ብምባልና? እዚ እዩ እቲ ኺህልወና ዚግብኦ ዓብዪ ስእሊ፣ ዓብዪ ሓሳብ። (1ዮሃንስ 3፣3)

## ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣- 1ጴጥሮስ 2

ዓብዪ ስእሊ ምህላው ወይስ ኣስፈሕካ ምሕሳብ ንብሎ ዘሎና ኣብ ቅድሜና ዘሎ ጥራይ ብምርኣይ በቲ ናይ ቀረባ ከይንምራሕ ማለት እዩ። ንሕና እቶም ብክርስቶስ ዝኣመንና "ሃገርና ኣብ ሰማያት እያ"፣ ስለዚ ኣብዚ ምድሪ ከም ኩሉ ኻልእ ሰብ ክንነብር ዜዋጽኣና ኣይኮነን። ንኣምላኽ ዘስምር ህይወት ኪህልወና ምእንቲ ኩሉሳዕ እዚ ሓሳብዚ ኪህልወና ይግባእ። እዚ ኽፍሊ ድማ ነዚ እዩ ዚምህረና፣-

- ክርስትያን ካብ ዓመጻ ዝመልኦ ህይወት ርሒቑ ኪመላለስ ብግዲ እዩ
- እዚ ድማ እግዚኣብሄር ሕያዋይ ምዃኑ ዝጠዓመ ጥራይ ዚገብሮ እዩ፣ ናይ ህይወት

ነገር ደአ እምበር ናይ ሕጊ ነገር ኣይኮነን
- ብኀይታ ዝኣመንና፣ ሓድሽ ዓሌት ኢና እሞ መንነትና ኣጸቢቕና ክንፈልጥ ኣሎና
- ናይ መንግስቲ ክህነት፣ ቅዱስ ህዝቢ፣ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ህዝቢ ከም ምዃንና መጠን ከምኡ ኽንመላለስ ኣሎና
- እዚ ድማ ኣብ ምድሪ እኳ እንተተመላለስና ግናኸ ከም ናይ ምድሪ ንርእስና ክንሓስብ ኣይግበኣናን፣ ኣብ ምድሪ ከም ኢጋይሽን መጻእተኛታትን ኢና ዘሎና
- በዚ መሰረት ከም ፍቓድ ኣምላኽ እናነበርና ኣኻይዳና ከነጸብቕ፣ ህይወትና ድማ ነዚ እተንጸባርቕ ክትከውን ኣለዋ

# ሕቶታት

1. ንጋሻ ዝኾነ ሰብ እንታይ ዓይነት ባህርያት ንርእየሉ?
2. ክርስትያንከ ከም ጋሻ ኮይኑ ኪመላለስ እንተኾይኑ እንታይ ዓይነት ህይወት ኪህልዎ ኣለዎ?
3. ኣስፌሕካ ምሕሳብ ኪበሃል ከሎ ብመሰረት 1ጴጥሮስ 2 እንታይ ይርደኣና?
4. "ደግነት እቲ ካብ ጸልማት ናብ ዜገርም ብርሃኑ ዝጸውዓኩም ክትነግሩ" ዚብል ሓሳብ ምስ ናይ ግሽነት ህይወትና ብኸመይ ነተሓሕዞ?

# መጠቓለሊ

ህይወት ክርስትና ከም ናይ መገሻ ህይወት እዩ። ኩሉ እትነብሮ ናብራኻ ከም ልኡኽ እዩ። ንሕና እንገብሮ ነገር እንተሃልዩ፣ እቲ ዝጠዓምናዮ ደግነት ኣምላኽ ንኻልኣት ነበስር። ነቶም ኣብ ጸልማት ዘለዉ ብርሃን ነርእዮም። ስለዚ ኣስፌሕና ብምሕሳብ ብዛዕባ ናይ ጊዜኡ ናብራና ጥራይ ዘይኮነስ፣ ብዛዕባ እቲ ዝዓበየ መልእኽትና ከነስተብህል ይግበኣና። እዚ ማለት ናይ ምድሪ ናብራና ፈጺምና ኣይንገደሰሉ ማለት ዘይኮነስ፣ ቀንዲ ዕላማ ናይ ህይወትና ነስተብህለሉ ማለት እዩ።

# እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንስኻትኩም ግና ደግነት እቲ ኻብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃኑ ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኽትነግሩ፣ ሕሩይ ወለዶ፣ ናይ መንግስቲ ኽህነት፣ ቅዱስ ህዝቢ፣ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ህዝቢ ኢኹም።"*
*(1ጴጥሮስ 2፣9)*